ትርጓሜ

ሮሜ 8:34



ተርጓሚ ቀሺ ካሒወርቂ ቀሺ ተመክጻ

ትርጓሜ ሮሜ 8፡34

ተርጓሚ ኣፈወርቂ ቀሺ ተወልደ

© ብዘይ ፍቃድ ተርጓሚ ሓቲምካ ምዝርጋሕ ኣይፍቀድን እዩ !

ኣድራሻ ተርጓሚ፡- Fr.afewerki@gmail.com

ኣሕታሚ፡- ቤት ፍቕሪ እግዚኣብሄር

ኣድራሻ ኣሕታሚ ፡- dekilkrstos@gmail.com

Facebook ፡- ቤት ፍቕሪ እግዚኣብሄር

Website ፡- http://betfiqri.com

ቃል ተርጓሚ

እዚ ጽሑፍ እዚ "ተፋልሶ" ካብ ዝብል መጽሓፍ ብመምህር ጌታቸው ተረፈ ካብ ገጽ 223-319 ዝተጻሕፈ ዝተተርጐመ ኢዩ።ነዚ ክፋል ተርጕመ ናባኹም ኬቕርቦ ዜገደደኒ ምስ ነበብክዋ፣ኣዝየ ብዙኅ ስለ ተመሃርኩላን ኣብዚ ዘመን እዚ ድማ ንብዙኃት ወራዙት ምኽንያት መፈላዪን መቋየቕን ስለ ዝኾነ ነዚ ነቢብና እቱ ቅኑዕ ትምህርቲ ቤተ ክርስቲያን ፈሊጥና ንርእስና ተማሂርና ካብ ክትዕን ባዕላዊ ትርጓሜን ወጺእና እቱ ቅኑዕ መንገዲን ምህሮን ንምታዝ ኢዩ።ኣብ ዝኾነ ናይ ቃላት ይኹን ትርጉም ዜጉደልኩዎ ንኺእረም ድልዊ ኢየ።

ቀሺ ኣፈወርቂ ቀሺ ተወልደ

@2020 ሰሜን ኣመሪካ

ትሕዝቶ፤

1,ይማልደልና፣ይፈርደልና

2, መስተዋድድ “ምእንቲ” ወይ “ኣብ ክንዲ” [ὑπερ ‘ሁፔር’]

3, ወይትዋቀስን ይፈርድን

4, ይልምን ማለት ምንታይ ብህለት ኢዩ?

5, መጽሓፍ ቅዱሳዊ ኣስተምህሮ ብዛዕባ ምልጃ

6, ኣብ ሮሜ ምዕራፍ 8 ቁጽሪ 34 ዘሎ ኃይለ ቃላት መንነት

7, ናይ εντυγχάνω “ኢንቱግካኖ” ይማልድን “ካታክሪኖን” “ይፈርድን” ፍልልይ

8, መብርሂ ሮሜ 8:31-34

9, ሮሜ 8:31-34 ናይ ድኅነትና ዋሕስ ዜረጋግጽ ኣዋጅ ኢዩ

10, ሮሜ 8:31-34 ድኅን እግዚኣብሔር ውሕስነት ዘለዎ ምኽኑ ዜረጋግጽ ኣዋጅ ኢዩ

11, እግዚኣብሔር ምሳና ብምኽኑ

12, ድኅነትና ዝተፈጸመ ብእግዚኣብሔር ብምኽኑ

13, ድኅነትና ብበጃነት ወልድ ዝተፈጸመ ብምኽኑ ኢዩ

14, ሮሜ 8:31-34 ናይ ወዲ እግዚኣብሔር [ናይ የሱስ ክርስቶስ] ልዑላውነት ዜረጋግጽ መለኮታዊ ኣዋጅ ኢዩ

15, ሊቀ ካህናት ምንታይ ብህለት ኢዩ?

16, ትርጉም ቃል ክርስቶስን የሱስ ንሱ ክርስቶስ ከም ዝኾነን

17, ንጽድር ኣገልግሎት ሊቀ ክህንነት ጐይታናን ሊቃነ ካህናት ብሉይ ኪዳንን

18, መሥዋዕቱ

19, ሊቀ ክህንነቱ

20, ብጽሒት ሰባት ኣብ መንግሥቲ እግዚኣብሔር ንምእታውን ንምንባርን

21, ንኣማላድነት ጐይታና የሱስ ክርስቶስ ሰባት ንምንታይ ይቃወምዎ?

22, ምድኃን ሥራሕ ክርስቶስ ብዘመን ኣይውሰንን

23, ምልጃን ናይ ኢትዮጵያ ኦርቶዶክስ ተዋሕዶ ቤተ ክርስቲያን ኣስተምህሮን

24, ምልጃን ምትዕራቕን ክርስቶስ ብዝተፈላለያ ቤተ እምነታት

25, ቅዱሳንን ምልጃኦምን ብኦርቶዶክስ ተዋሕዶ ቤተ ክርስቲያን ኢትዮጵያ

26, መጠቓለሊ

27, ዎ ፍትዋት ነበብቲ!

በስመ ኣብ ወወልድ ወመንፈስ ቅዱስ አሐዱ ኣምላክ። ኣሜን

“ይልምነልና፣ ይፈርደልና”

Ὡσαύτως δὲ καὶ τὸ πνεῦμα συναντιλαμβάνεται τῇ ἀσθενείᾳ ἡμῶν: τὸ γὰρ τί προσευξώμεθα καθὸ δεῖ οὐκ οἴδαμεν, ἀλλὰ αὐτὸ τὸ πνεῦμα ὑπερεντυγχάνει στεναγμοῖς ἀλαλήτοις: (Roman 8:26)

ትርጉም ግዕዝ “ወቆምነ በእንቲአሁ ወይረድአነ ለነ ድካምነ በመንፈስ ቅዱስ። ወምንትኑ ውእቱ እንከ ጸሎትነ ለእመ ኢናአምር ተስፋነ። ወባሕቱ መንፈስ ለሊሁ ይትዋቀስ ለነ በእንተ ሕማምነ ወምንዴቤነ” [ሮሜ 8፡26]

ናይ 2000 ዓ.ም ትርጉም ኣምሓርኛ ከምዚ ይንበብ።”መንፈስ ቅዱስም ከድካማችን ይረዳናል፣እንግዲያስ ተስፋችንን ካላወቅን ጸሎታችን ምንድን ነው? ነገር ግና እርሱ ራሱ መንፈስ ቅዱስ ስለ መከራችንና ስለ ችግራችን ይፈርድልናል” [ሮሜ 8፡26] ትርጉም፣- “**መንፈስ ቅዱስ ብድኻምና ይሕግዘና ኢዩ፣ እምበኣርሲ ተስፋና እንተ ዘይፈሊጥና ጸሎትና እንታይ ኢዩ? ነገር ግና ንሱ ባዕሉ መንፈስ ቅዱስ ስለ መከራናን ሽግርናን ይፈርደልና ኢዩ**”

ናይ **1947ን 1980ን ዓ.ም** ትርጉም፣-“እንዲሁም ደግሞ መንፈስ ድካማችንን ያግዛል፣እንዴት እንደምንጸልይ እንደሚገባን አናውቅምና ነገር ግን መንፈስ ራሱ በማይነገር መቃተት ይማልድልናል” [ሮሜ 8፡26] **ትርጉም፣-“መንፈስ ድማ ከምኡ ንድኻምና ይድግፎ ኢዩ፣ከመይ ጌርና ኺንጽሊ ከም ዝግብኣና ኣይንፈልጥን ኢና’ሞ ነገር ግና መንፈስ ባዕሉ ብዘይንገር እህህታ ይማልደልና**”

ንባብ ሥነ ጽሑፍን ፍልልይ ኣገባብን፣-ናይ **2000 ዓ.ም** ንባብ ፈጺሙ ምስ ጽርኢ [ግሪኽ] ኮነ ምስ ናይ ግዕዝ ንባብን ትርጉምን ዘይራኸብ ኢዩ።ብናይ ጽርኢ ንባብ **εντυγχάνει** ዝብል ቃል **ὑπερ** ”**ሁፔር**” ምስ ዝብል መስተዋድድን **εντυγχάνει**

"**ኢንቱግካኔይ**" ምስ ዝብል ግሢ ዝተመሥረተ ቃል ኢዩ። **ὑπερεντυγχάνει** "**ሁፔርኢንቱግካኔይ**" ዝብል ቃል መስተዋድዳዊ ግሢ ኢዩ። **ὑπερ "ሁፔር"** ዝብል ቃል መስተዋድድ ኪኸውን ከሎ ትርጕሙ ድማ "ኣብ ክንዲ" "ምእንቲ" [In behalf of] ማለት ኢዩ።

εντυγχάνει "**ኢንቱግካኔይ**" ዝብል ቃል ትርጕሙ "**ምልማን**" "**ምምላድ**" ማለት ኢዩ። ὑπερεντυγχάνει "ሁፔርኢንቱግካኔይ" ዝብል መስተዋድዳዊ ግሢ ብሓድነት ኪንበብ ከሎ "ምእንቲ ካልእ ዝማልድ" [To intercede in behalf of other] ማለት ኢዩ።ኣብ ውሽጢ'ዚ ዓውደ ንባብ "ኣብ ክንዲ ካልእ ዚማልድ" ዝተባህለ መንፈስ ቅዱስ ኢዩ። ὑπερεντυγχάνει "ሁፔርኢንቱግካኔይ" ዝብል መስተዋድዳዊ ግሢ [ሓረግ] "ኣብ ክንዲ ካልእ ዚማልድ" [To intercede in behalf of other] ዝብል ቃል ኣብ ሓዲስ ኪዳን ዝተጠቕሰ ሓደ ግዜ ጥራጎ ኪኸውን ከሎ እዚ ድማ ኣብ ሮሜ 8:26 ኢዩ።መንፈስ ቅዱስ ኣብ ምእመናን ኃዲሩ ንምእመናን ብጸሎቶም ዝረድእ፣ ምእመናን ብመንፈስ ዝጽልዩ እህህታ ምኺኑ ዜመልክት ሓረግ ኢዩ።ኣመንቲ ከመይ ኢልና ከም ንጽሊ ኣይንፈልጥን፣ ናይ መንፈስ ነገርን ፍቓድን ዝፈልጥ ንሱ መንፈስ ቅዱስ ስለ ዝኾነ [1 ቆሮ 2:12] ፍቓዱን ሓሳቡን ብግልጺ ንዘይንፈልጥ ንኣና የፍልጠና ማለት ኢዩ።

<u>መስተዋድድ "ምእንቲ" ወይ "ኣብ ክንዲ" [ὑπερ 'ሁፔር']</u>

ὑπερ "ሁፔር" ዝብል መስተዋድድ ኣብ ሓዲስ ኪዳን ልዕሊ 135 ጊዜ ተነጊሩ ኣሎ። ኣብቲ ዝተነግረሉ ቦታ ድማ ምስ ተሰሓቢ ኪኣቱ ከሎ "ኣብ ልዕሊ" [above] ዝብል ኣጋባብ ብዝበለጸ ብተወዳዳሪነት ኣብ ጥቕሚ ይውዕል። [1 ቆሮ 10:13፡ኤፌ 1:22፡2

ቆሮ 1፡8] ከምኡ’ውን ዘርፈ ተኽቲሉ ኪኣቱ ከሎ ድማ “ምእንቲ” “ኣብ ክንዲ ካልእ” [In behalf of] “ውክልና” ብዘመልክት መንገዲ ኣብ ጥቕሚ ውዒሉ።[52]

ንትምህርትና ኪረድኣና ዝተወሰኑ ታይለ ቃላት ኣልዒልና ብኣብነት ንመለከት፣- ኣብ 1ይ ጢሞቴዎስ 2፡1 “እምበኣርከ ስለ ኹሉ ሰብ ብኹሉ ኣምልኾን ምርዛንን ሃዲእና ብዘይ ህውከት ምእንቲ ክንነብርሲ **ስለ [ὑπερ ሁፔር]** ነገሥታትን ስለ ኩሎም መኪንንትን ልማኖን ጸሎትን ምህልላን ምስጋናን ኪግበር፣ ቅድሚ ኩሉ እምዕድ ኣሎኹ” ተብሂሉ።ኣብዚ ንባብ’ዚ “**ስለ**” ዝብል መስተዋድድ “ὑπερ ሁፔር” “ኣብ ክንዲ” [In behalf of] ማለት ኪኸውን ከሎ “ልመናን ጸሎትን ምህልላን ምስጋናን ስለ ኹሉ ሰብ ስለ ነገሥታትን ስለ መኪንንትን” ኪገብሩ ዝተዋህበ ምኽሪ ኢዩ። ብጉልሒ ዝተጻሕፈ ስለ ሰባት፣ ስለ ነገሥታትን ስለ መኪንንትን “ὑπερ ሁፔር” “ኣብ ክንዲ” ኮይኖም ዝጽልይዎ ንምእመናን [ቤተ ክርስቲያን] እምበር ብቐጥታ ንነገሥታትን መኪንንትን ኣየመልክትን።

ብተወሳኺ ድማ ኣብ 1ይ ጢሞቴዎስ 2፡6 “ነፍሱ ኣብ ክንዲ ኹሉ [**ὑπὲρ πάντων ሁፔር ፓንቶን**] በጃ ሃበ” ብምባል ክርስቶስ ὑπερ “ሁፔር’ “ኣብ ክንዲ” ገይሩ “ኣብ ክንዲ ኹሉ” ንነፍሱ በጃ ከም ዝሃበ ንምምልካት ὑπερ “ሁፔር” ንዝብል ቃል ይጥቀም።ኣብዚ ነስተውዕል፣ ኣብ ክንዲ ኹሉ ኪኸውን ነፍሱ በጃ ዝሃበ ክርስቶስ ኢዩ።

ኣብ ቈላሴ 1፡7 “ከምቲ ኻብ ኤጳፍራስ እቲ ፍቁር መዓይይትና ምእንታኻትኩምውን **ὑπὲρ ὑμῶν “ሁፔር ሁሞን”** እሙን ኣገልጋሊ ክርስቶስ እተመሃርኩምዎ” ብማለት ኤጳፍራ “ምእንታኻትኩም” [ὑπὲρ ὑμῶν] “ሁፔር ሁሞን” እሙን ኣገልጋሊ ምኺኑ ὑπὲρ “ሁፔር ዝብል ቃል ተጠቒሙ።

ኣብ ኤፌሶን 5፡2 “ከምቲ ክርስቶስ ዘፍቀረኩም፡ ነፍሱውን መባእን መሥዋዕትን ገይሩ ንኣምላኽ ንምዑዝ ጨና በጃና ዘኅለፈ፡ ከምኡ ብፍቕሪ ተመላለሱ።” ስሌና ነፍሱ ኣኅሊፉ ከም ዝሃበ ὑπὲρ ἡμῶν **“ሁፔር ሄሞን”** ንርእሱ ኣኅሊፉ ከም ዝሃበ

[52] Dana Th.D A and Julius R. Manual Grammar of the Greek New Testament, pp. 111-112

ብፍቕሪ ተመላለሱ" ብምባል ክርስቶስ ὑπὲρ "ሁፔር" "ኣብ ክንዲ" "ስለ" [in behalf of] ዝብል ቃል ብምጥቃም ስለ ታጢኣተኛታት ነፍሱ ኣጎሊፉ ከም ዝሃበ የረዳእ። ኣስተውዕል ኣብ ክንዲ ታጢኣተኛታት ነፍሱ በጃ ኣጎሊፉ ዝሀበ ክርስቶስ ኢዩ።

ኣብ 2 ቆሮ 5:20 " **ὑπὲρ Χριστοῦ** οὖν πρεσβεύομεν ὡς τοῦ θεοῦ παρακαλοῦντος δι' ἡμῶν: δεόμεθα ὑπὲρ Χριστοῦ, καταλλάγητε τῷ θεῷ. " [2 Co 5:20 BNT] ኣብ ውሽጢ'ዚ ንባብ **ὑπὲρ Χριστοῦ "ሁፔር ክሪስቱ"** "ኣብ ክንዲ ክርስቶስ" [In behalf of Christ] πρεσβεύομεν "**ፕሬስቢዩኦሜን**" "ኣምበሳድራት" (እንደራሴዎች፣ልኡኻት] [Ambassadors] ኢና፣ ብምባል ጳውሎስ ተልእኾኡ ይዛረብ። **παρακαλοῦντος "ፓራካሉንቶስ"** ዝብል ቃል ካብ ክልተ ቃላት ጽርኢ **"ፓራ"ን "ካሌዎ"** ዝተረኽበ ኢዩ።"ፓራ" ማለት "ኣብ ጐድኒ" ማለት ኪኸውን ከሎ "ካሌዎ" ማለት ድማ "ዝጽውዕ" ማለት ኢዩ።ትርጉሙ ድማ 'ኣብ ጐድኒ ኮይኑ ዝጽውዕ' 'ዜጸናንዕ" ማለት ኢዩ። παρακαλοῦντος "ፓራካሉንቶስ" ሞያኡን ኣገባቡን ግሣዊ ቅጽል፣ ገቢራዊ ኣንቀጽ፣ ናይ ሕጂ ጊዜ፣ ዘርፍ፣ ተባዕታይ ጾታ፣ ንጽል /ነጸላ/ ቊጽሪ ኢዩ።ትርጉሙ ድማ "**ዜጸናንዕ**" "መጸናንዒ" ማለት ኢዩ። ንሓሳብ 2 ቆሮ 5:20 ንምርዳእ 2 ቆሮ 5:19 ምርኣይ የድሊ።"ኣምላኽ ንዓለም ምስ ርእሱ ኺዓርቃ ኸሎ፡ ኣብ ክርስቶስ ነበረ እሞ" ይብል። እግዚኣብሔር ንሰብ ምስ ገዛእ ርእሱ ዜተዓረቐሉ ቃል ወንጌል ናይ ጳውሎስ መልእኽቲ ኢዩ። **δι' ἡμῶν "ዲያ ሄሞን"** ዝብል መስተዋድዳዊ ሓረግ "ብኣና" ማለት ኢዩ።ብኣኣቶም ብሓዋርያት [ብእኒ ጳውሎስ] ገይሩ ዚልምን እግዚኣብሔር ኢዩ። "እሞ ክርስቶስ ብኣና ከም ዜጸናንዕን [ከም ዜማልድ] ኣብ ክንዲ ክርስቶስ **ὑπὲρ Χριστοῦ [ሁፔር ክሪስቱ] ልኡኻት "πρεσβεύομεν"**ኢና፣ ምስ ኣምላኽ ተዓረቑ፡ እናበልና ኣብ ክንዲ ክርስቶስ ኴንና ንልምነኩም ኣሎና" ብምባል ኣገልግሎት ሓዋርያ ጳውሎስ ኣብ ክንዲ ክርስቶስ "ὑπὲρ ሁፔር" "ኣብ ክንዲ" ልኡኽ ኮይኑ ምስ ኣምላኽ ኪዕረቑ ኣብ ክንዲ ክርስቶስ [ὑπὲρ Χριστοῦ ሁፔር ክሪስቱ] ይልምን። ጳውሎስ ልኡኽ እግዚኣብሔር ኮይኑ መልእኽቲ ዕርቂ ክርስቶስ [ወንጌል] ንሰባት ይዛረብ። በዚ ድማ ኣብ ጳውሎስ ታዲሩ ዜጸናንዕ እግዚኣብሔር ኪኸውን ከሎ ተዓረቑ ቢሉ ኣብ ክንዲ ክርስቶስ ንሰባት ዝልምን ዘሎ ድማ ጳውሎስ ማለት ኢዩ።ኣገልግሎት ጳውሎስ ብክርስቶስ ዝተፈጸመ ናይ ምትዕራቕ ቃል ወንጌል ንኹሎም ሰባት ምስባኽ ኢዩ።

ኣብ መልእኽቲ ዕብራውያን ምዕ 7፡25 ቅዱስ ጳውሎስ **“ምእንታኦም” ὑπὲρ αὐτῶν “ሁፔር ኣውቶን”** ኪልምን ዚነብር ስለ ዝኾነ” ብምባል ኢየሱስ ክርስቶስ “**ὑπὲρ αὐτῶν ሁፔር ኣውቶን”** “ምእንታኦም” [In behalf of] ኪልምን ዚነብር ከም ዝኾነ የረድእ። ናይ ክርስቶስ ኣብ የማን ኣቦ ምቅማጡን ምህላዉን ኣውራ ነገር ጳውሎስ ኬረድእ ከሎ ምእንቲ ምእመናን ንምልማን ከም ዝኾነ የረጋጋጽ። ኣስተውዕል ምእንቲ ምእመናን ዚልምን ጐይታ ኢየሱስ ክርስቶስ ኢዩ።ንተወሳኺ ንባብ ነዞም ዝስዕቡ ጥቕስታት ብመርትዖ ምርኣይ ይከኣል።[ማር 14፡24፡ሉቃስ 22፡ 19፡ሮሜ 5፡6, 8; 8፡32 14፡15; 1ቆሮ 1፡13 11፡24፡15፡3፣ ገላ 2፡20፡ 3፡13፡ኤፌ 5፡25፡1 ተሰ 5፡10፡ ዮሓ 10፡11፡ 15 ፡13፡37፡ 15፡13፡1 ዮሓ 3፡16 ወዘተ…]

ኬነጠቓልሎ፣-ኣብ ላዕሊ ብዝሃብናዮ መብርሂ መሠረት ኣብ ሮሜ 8፡26 ከመይ ኢልና ክንጽሊ ከም ዝግብኣና ኣይንፈልጥን ኢና’ሞ መንፈስ ቅዱስ ምእንታና ይልምነልና” ὑπερεντυγχάνει “ሁፔርኢንቱግካኔይ” ዝብል መስተዋድዳዊ ግሢ ዜመልክቶ “ኣብ ክንዲ ካልእ ዚልምን” [To intercede in behalf of other] ዝተባህሎ መንፈስ ቅዱስ፣ ከመይ ኢልና ከም ንጽሊ ኣይንፈልጥን ኢና’ሞ ይረድኣና ማለት ኢዩ።

εντυγχάνει “ኢንቱግካኔይ” ዝብል ግሢ εντυγχάνω “ኢንቱግካኖ” ካብ ዝብል ዓቢይ ዓንቀጽ ዝተረኽበ ኪኸውን ከሎ ትርጉሙ ድማ “ንሱ ይልምን” ማለት ኢዩ። ὑπερ “ሁፔር” ን εντυγχάνει ኢንቱግካኔይን “ሁፔርኢንቱግካኔይ” ኪንበብ ከሎ ዝህቦ ትርጉም ድማ “ኣብ ክንዲ ካልእ ዚልምን” ማለት ኢዩ።ኣብ ሓዲስ ኪዳን ዝተጠቕሰ ሓደ ጊዜ ጥራኅ ኪኸውን ከሎ እዚ ድማ ኣብ ሮሜ 8፡26 ኢዩ ኢልና።እዚ ድማ ዜርእዮ መንፈስ ቅዱስ ኣብ ምእመናን ኃዲሩ ድኹማትን መንፈሳዊ ፍልጠት ንዘይብልና ምእመናን ኣብ ቅድሚ እግዚኣብሔር ከመይ ኢልና ከም ንጽሊ ስለ ዘይንፈልጥ ይሕግዘና ከም ዝኾነ ካብዚ ንባብ ንርዳእ።ነስተውዕል ስሌና ስለ ምእመናን [ናት] ኣብ ሰብ ኃዲሩ ንኽንጽሊ ይረድኣና ዝተባህለ መንፈስ ቅዱስ ኢዩ። ብዘይ ረዲኤት መንፈስ ቅዱስ ዝግበር ጸሎት ሥጋዊ፣ ምድራዊ ከም ፍቓድ ሰብ ዝኾነ ጸሎት ኢዩ።ከም ፍቓድ ኣምላኽ ዝኮነ ጸሎት ንምጽላይ ረዲኤት መንፈስ ቅዱስ የድልየና። [1 ሳሙ 2፡1-10፡ሉቃስ 1፡39-55፡67-79፡2፡26-32.ግብ፡ሓዋ 4፡23-31,ወዘተ…ንበብ]።

ወይትዋቀሥ ን ይፈርድን

ὁ δὲ ἐραυνῶν τὰς καρδίας οἶδεν τί τὸ φρόνημα τοῦ πνεύματος, ὅτι κατὰ θεὸν ἐντυγχάνει ὑπὲρ ἁγίων.[Rom 8:27 BYZ]

ትርጉም ግዕዝ ከምዚ ይንበብ፣-“ወውእቱ የሐትኖ ለልብነ ወያአምር ዘይሔሊ መንፈስ ይትዋቀሥ በኀበ እግዚአብሔር በእንተ ቅዱሳን” **ሮሜ 8፡26-27**

ናይ 2000 ዓ.ም “እርሱም ልባችንን ይመረምራል ልብ የሚያስበውንም ያውቃል ስለ ቅዱሳንም በእግዚአብሔር ዘንድ ይፈርዳል።” **ሮሜ 8፡27 “ንሱ ንልብና ይምርምሮ፣ልቢ ዝሓስቦ ይፈልጥ ኢዩ፣ ምእንቲ ቅዱሳን ኣብ እግዚኣብሔር ይፈርድ”**

ናይ 1947ን 1980ን ዓ.ም ትርጉም፣-“ልብንም የሚመረምረው የመንፈስ ቅዱስ አሳብ ምን እንደ ሆነ ያውቃል እንደ እግዚአብሔር ፈቃድ ስለ ቅዱሳን ይማልዳልና” **ሮሜ 8፡27 “እቲ ልቢ ዝምርምር ናይ መንፈስ ቅዱስ ሓሳብ እንታይ ከም ዝኾነ ይፈልጥ ኢዩ፣ከም ፍቓድ እግዚኣብሔር ምእንቲ ቅዱሳን ይማልድ”**

ናይ ሥነ ጽሑፍን ናይ ኣገባብ ፍልልይን፣-ብናይ ጽርዒ ንባብ [ግሪኽ] **ἐντυγχάνει** “ኢንቱግካኔይ” ዝብል ቃል ኣቐዲምና ከም ዘብራህናዮ “ምልማን” “ምሕታት” ማለት ኢዩ። **ἐντυγχάνει** ”ኢንቱግካኔይ” ዝብል ቃል ዓቢይ ኣንቀጽ፣ ናይ ሕጂ ግዚ፣ ሣልሳይ መደብ፣ ነጸላ ቍጽሪ ኪኸውን ከሎ ኣብ ገጽ 89-91 ብዝሃብናዮ መብርሂ መሠረት ቀጻልነት ዘለዎ ናይ ኩሉ ጊዜ ተግባር የርኢ።

ἐντυγχάνει “ኢንቱግካኔይ” ዝብል ግዚ ፍጻመ ዜመልክት ስለ ዝኾነ ናይቲ ፍጻመ ተቐባሊ ዝኸውን ኣካል [object] የድሊ።እዚ ኣካል ብሰዋስዋዊ ኣገባብ ተሰሓቢ [object] ይበሃል።ምኽንያቱ **ἐντυγχάνει** “ኢንቱግካኔይ” ዝብል ቃል “ምልማን” “ምምላድ” እንተ ኾይኑ ዝልመን ዝማለድ ኣካል ናይ ግድን ኣድላዪ ኢዩ።እሞ መንፈስ ቅዱስ ዝማልዶ ስለ ሰባት ኪኸውን ከሎ ኣድራሻኡ ድማ ናብ ኣቦ ማለት ኢዩ። ስለዚ **ὑπὲρ ἁγίων “ሁፔር ኣጊዮን” ἁγίων** ዝብል ቃል ማለት “ቅዱሳን” ማለት ኪኸውን ከሎ ብሓደ ኪትርጐም ከሎ “ምእንቲ/ስለ ቅዱሳን” “ኣብ ጐድኒ ቅዱሳን” ኣብ ጐድኒ ኮይኑ ዝረድእ” ዝብል ይኸውን።ኣብዚ መንፈስ ቅዱስ ባዕሉ ይጽሊ ማለት

ኣይኮነን። ብመሠረት ንባብ ጽርኢ ፣ ምእመን ካብ መንፈስ ቅዱስ ዳግማይ ዝተወልደ ስለ ዝኾነ ብመንፈስ ቅዱስ ብዛዕባ ምጽላይ ዝዛረብ ኣበሃህላ ኢዩ።እዚ ማለት ምእንቲ ድኻም ቅዱሳን ብዘይንገር እህህታ ኣብ ቅዱሳን ኃዲሩ ንምእመን ኪጽሊ ይረድኦ ማለት ኢዩ።እዚ ፍጻመ ብቐጻሊ ፍጻመነት ናይ ግሢ ስልቲ ዝትርጐም እንተ ኾይኑ ኩሉ ጊዜ ወይ ድማ ብዘይ ምቑራጽ ምእንቲ ቅዱሳን ይማልድ።ናይ ሓደ ወቕቲን ናይ ሓደ ግዜ ፍጻመን ጥራኅ ኣይኮነን ማለት ኢዩ። /ብዛዕባ ስልቲ ግሢ ኣብ ገጽ 89-91 ዘሎ ናይ ሕጂ ጊዜ ቀጻሊ ኣንቀጽ ዝብል ተመልከት።/

ብ2000 ዓ.ም ዝተኃትመ ንባብ ኣምሓርኛ እንምለከቶ ሓደን ዓቢይ ጌጋን፣ ናይ ጽርኢ ንባብ **ἐντυγχάνει** “ኢንቱግካኔይ” ዝብል ቃል ካብ ትርጉሙ ወጻኢ “ይፈርድ” ተብሂሉ ምትርጓሙ ኢዩ። ይፈርድ ዝብል ቃል **κρίνει** “**ክሪኔይ**” ዝብል ኢዩ። ኣብ ሮሜ 8:26-27 ናይ ጽርኢ ንባብ ድማ **κρίνει** “**ክሪኔይ**” ዝብል ንባብ ብፍጹም የሎን።

κρίνει “ክሪኔይ” ማለት ናይ ቃሉ ኣገባብ ግሢ፣ ዓቢይ ኣንቀጽ፣ ሣልሳይ መደብ፣ ነጸላ ቍጽሪ ይኸውን።ብቐጻሊ ፍጻመ ናይ ግሢ ስልቲ ዝትርጐም እንተ ኾይኑ ኩሉ ጊዜ ይፈርድ ማለት ኢዩ። ”ይፈርድ” **κρίνει** “ክሪኔይ” ዝብል ግሢ ነቲ ፍጻመ ተቐባሊ ዝኾነ ኣካል ወይ ድማ ተሰሓቢ [object] የድልዮ።ብመሠረት ኅታም ትርጉም 2000 ዓ.ም **“እርሱም ልባችንን ይመረምራል ልብ የሚያስበውም እርሱ ያውቃል ስለ ቅዱሳንም በእግዚአብሔር ዘንድ ይፈርዳል”** **“ንሱ ንልብና ይምርምሮ፣ ልቢ ዝሓስቦ ይፈልጥ ኢዩ፣ ምእንቲ ቅዱሳን ብእግዚኣብሔር ይፈርድ”** ብዝብል ትርጉም መሠረት ፈራዲ መንፈስ ቅዱስ ኢዩ።ምእንቲ ቅዱሳን ዝፈርድ መንፈስ ቅዱስ ኣብ መን ከም ዝፈርድ ትርጉሙ ምስ እንርእዮ፣ ንልብና መርሚሩ ኣብ ልቢ ምእመናን ብዝሕሰብ ነገር ይፈርድ ማለት ኢዩ።ስለዚ **ብ2000 ዓ.ም** ዝተኃትመ መሠረት መንፈስ ቅዱስ ዝፈርዶ ምእመናን ኣብ ዝሓስብዎ ሓሳብ እንተ ኾይኑ ረዲኤቱ ኣብ ምልክት ሕቶ ይኣቱ።እንተ ዘይኮይኑ ድማ ኣብ ልዕሊ ካልኦት ይፈርድ ማለት ኢዩ።ኣብ ልዕሊ ካልኦት ዝፈርድ እንተ ኾይኑ ንምእመን ኣብ ውሽጡ ኃዲሩ ዘይኮነ ዝረድኦ ኣብ ልዕሊ ካልእ ብምፍራድ ይረድኦ ማለት ኢዩ።እዚ ድማ ካብቲ ዓውዱ ወፃኢ ዝኾነ፣ ንምእመን ናይ መንፈስ ቅዱስ ማኅደሩ ዜስእን ትርጉም

ኢዩ። ርግጽ ኢዩ እግዚኣብሔር ኣብ ልብና ብዝሓሰብናዮ ክፉእ ኮነ ጽቡቕ ሓሳብና ምፍራዱ ኣይተርፍን። ነገር ግና ኣብ ሮሜ 8፡26-27 ብዛዕባ ኣብ ልብና ተሠወረ ምሥጢር ፈራዲ ምኺኑ ኣይዛረብን።

ἐντυγχάνει “ኢንቱግካኔይ” “ይማልድ” ዝብል ቃል ንድኹማት ኣብ ጸሎቶም ብዛዕባ ምርዳእ እምበር ኣብ ድኹማት ብዛዕባ ምፍራድ ወይ ድማ ስለ ድኹማት ኣብ ልዕሊ ካልኦት ብዛዕባ ምፍራድ ዝዛረቦ ነገር የሎን። ኣብ ምንባብ ሮሜ 8፡26-27 ጳውሎስ ዝምህሮ ኣብ ድኻምና ኪረድኣናን ኪሕግዘናን መንፈስ ቅዱስ ምስ ምእመናን ከም ዝኾነ፣ ምእንቲ ቅዱሳን ድማ ዝልምን ዝተባህለ ኣብ ውሽጥና ዝኃደረ ካብ ኣካላት ሥላሴ ሓደ መንፈስ ቅዱስ ምኺኑ ኢዩ።

ይፈርድን ይማልድን ዝብሉ ቃላት ክልቲኦም ፣ ናይ ጻዕዳን ጸሊምን፣ ጸልማትን ብርሃንን ዚኣክል ተቓረንቲን ብዙኅ ፍልልይ ዘለዎም ቃላት ከም ዝኾኑን ምርዳእ የድሊ።ስለዚ እቲ ቅኑዕ ናይ ጽርኢ ንባብን ትርጓመን “ከም ፍቓድ ኣምላኽ ምእንቲ ቅዱሳን ይልምን፣” ዝብል ኢዩ።[ሮሜ 8፡27]

“ይልምን” ማለት ምንታይ ብህለት ኢዩ፧?

ይልምን ዝብል ቃል ብጽርኢ “**ኢንቱግካኔይ**” ካብ ዝብል ዝተተርጐመ ቃል ኢዩ። ኣቐዲምና ከም ዝገለጽናዮ ኣብ መጽሓፍ ቅዱስ ጽርኢ “**ኢንቱግካኖ**” ዝብል ቃል ዓቢይ ኣንቀጽ ኢዩ። ትርጕሙ ድማ ብዛዕባ ካልእ ሰብ ጉዳይ ምዝርራብ፣ ምልማን፣ ምጽላይ፣ ምምላድ፣ ምክርኻር ማለት ኢዩ። “ኢንቱግካኖ” ኣብ ሓዲስ ኪዳን ኣብ ሮሜ ምዕ 8 ቊ 27ን 34ን ኣብ ዕብራውያን 7፡25 ተጽሒፉ ይርከብ።ናይዞም ክልተ ኃይለ ቃላት “**ይልምን**” ን “**ይፈርድ**”ን ማእከላዊ ሓሳብ ኣመልኪቱ ሰባት ከም መከራኸሪ ነጥቢ ገይሮም ዜልዕልዎም ናይ ትርጕም ፍልልያት ምስ ጽርኢን ግዕዝን፣ ምስ ናይ 2000 ዓ.ም፣ ምስ 1947ን 1980ን ዓ.ም 81 ናይ ኣምሓርኛ ሕታማት ብንጽጽር ብምርኣይ ዝተፈጥረ ናይ ትርጕም ተፋልሶ እንደገና ንምርኣይ ኪንፍትን።

ብመጀመርታ ኣብ ሮሜ 8:27 ዘሎ ኃይለ ቃል ብጽርኢ፣-"**ὁ δὲ ἐραυνῶν τὰς καρδίας οἶδεν τί τὸ φρόνημα τοῦ πνεύματος, ὅτι κατὰ θεὸν ἐντυγχάνει ὑπὲρ ἁγίων" [Rom 8:27 BNT]** ከምዚ ይንበብ።

በዚ ኣገባብ **ἐντυγχάνει** "ኢንቱግካኔይ" ዝብል ግሢ ብሣልሳይ መደብ፣ ናይ ሕጂ ጊዜ ቀጻሊ ዓቢይ ኣንቀጽነት ኣብ ጥቕሚ ውዒሉ።ኣብ ግዕዝ እዚ ኃይለ ቃል ከምዚ ይንበብ "ወውእቱ የሐትኖ ለልብነ ወያአምር ዘይሔሊ መንፈስ ወይትዋቀሥ በኀበ እግዚአብሔር በእንተ ቅዱሳን"[ሮሜ 827]

ወይትዋቀሥ ዝብል ቃል ኣለቃ ኪዳነ ወልድ ክፍለ **"ምውቃስ፣ ምኽሳስ፣ ምንቃፍ፣ ምዝላፍ፣ ምምካር፣ ተዋቀሰ፣ ተማጸተ፣ ተኸራኸረ"** ማለት ኢዩ ኢሎሞ [ኪዳነ ወልድ፣ መዝገበ ቃላት፣ ገጽ 401]። ስለዚ "ወይትዋቀሥ" ዝብል ናይ ግዕዝ ቃል ትርጉም "ኢንቱግካኔይ" ምስ ዝብል ምስ ጽርኢ ቃል ማዕረ ኢዩ። "**ወይትዋቀሥ**" ማለት ይልምን፣ ይማልድ፣ ይከራኸር፣ ይማጐት ማለት ኢዩ። ይኹን እምበር ካብ ግዕዝ ናብ ኣምሓርኛ ተተርጕሙ ብዝተባህለ ናይ 2000 ዓ.ም ጎትመት ኣብ ጽርኢን ኣብ ግዕዝን ዘይተጻሕፈን ብተርጕምቲ "ይፈርድ" ተብሂሉ ዝተቐየረ ቃል ኢዩ።

ሮሜ ምዕ 8፡ቁ 27 ናብ ኣምሓርኛ ኪትርጐም ከሎ ብኽልተ መልክዕ ተተርጕሙ እዚ ድማ፣-

ቀዳማይ፣-ኣብ 1947ን 1980 ዓ.ም ዝተተርጕሙ 81 መጽሓፍ ቅዱስ "ልብንም የሚመረምረው የመንፈስ ቅዱስ ዐሳብ ምን እንደ ሆነ ያውቃል፣ እንደ እግዚአብሔር ፈቃድ ስለ ቅዱሳን ይማልዳል" **እቲ ልቢ ዝምርምር ናይ መንፈስ ቅዱስ ሓሳብ እንታይ ከም ዝኾነ ይፈልጥ ኢዩ፣ከም ፍቓድ እግዚኣብሔር ምእንቲ ቅዱሳን ይማልድ**" [ሮሜ 8፡27] ብምባል ተተርጕሙ።እዚ ትርጉም ምስ ጽርኢን ግእዝን ማዕረ ዝኾነ ቃላት ስለ ዝተጠቐመ ቅኑዕ ትርጉም ኢዩ።

ካልኣይ፣- ብ2000 ዓ.ም ካብ ግዕዝ ናብ ኣምሓርኛ ዝተተርጐመ መጽሓፍ ቅዱስ ድማ "እርሱም ልባችንን ይመረምራል፣ ልብ የሚያስበውም እርሱ ያውቃል፣ ስለ ቅዱሳንም በእግዚአብሔር ዘንድ **ይፈርዳል**" **ንሱ ንልብና ይምርምሮ ኢዩ፣ ልቢ**

ዝሓስቦ ንሱ ይፈልጦ ኢዩ፣ ስለ ቅዱሳን ድማ ኣብ እግዚኣብሔር ይፈርድ ኢዩ" ተብሂሉ ተተርጒሙ [ሮሜ 8:27] እዚ ትርጉም ምስ ጽርኢ ኮነ ግዕዝ ትርጉም ዝምድና የብሉን። "**ይማልድ**" ዝብል ቃል "**ይፈርድ**" ብዝብል ቃል ተቐይሩ።ናይ ክርስቶስ ኣተዓራቒነት፣ ሊቀ ክህናትነቱን ምልጃኡን ኣመልኪቱ፣ እቲ ቃል ምስ እቲ ዝተነግረሉ ዓውዲ ብዝተገናዘበ መልክዕ ኣብ ዝቕጽሉ ምዕራፋት ብሰፊሕ ንምርኣይ ኪንፍትን ኢና።

መጽሓፍ ቅዱሳዊ ኣስተምህሮ ብዛዕባ ምልጃ

ኣብ ሮሜ ምዕራፍ ሾመንተ ቁጽሪ 34 ዘሎ ኃይለ ቃላት መንነት

"τίς ὁ κατακρινῶν; Χριστὸς [Ἰησοῦς] ὁ ἀποθανών, μᾶλλον δὲ ἐγερθείς, ὃς καί ἐστιν ἐν δεξιᾷ τοῦ θεοῦ, ὃς καὶ ἐντυγχάνει ὑπὲρ ἡμῶν." [Rom 8:34 BNT] ከምዚ ይንበብ።

ኣብዚ ኣገባብ **ἐντυγχάνει** "**ኢንቱግካኔይ**" ዝብል ግሢ ብሣልሳይ መደብ፣ ናይ ሕጂ ጊዜ ቀጻሊ ዓቢይ ኣንቀጽነት ኣብ ጥቕሚ ውዒሉ።

ኣብ ግዕዝ እዚ ኃይለ ቃል ከምዚ ይንበብ፣-"ለእመ ለሊሁ ያጸድቅ፣ መኑ ዘይኴንን ክርስቶስ ኢየሱስ ዘሞተ ወተንሥአ እምውታን ወሀሎ ይነብር በየማነ እግዚኣብሔር ወይትዋቀሥ በእንቲኣነ" [ሮሜ 8:33-34] **"ወይትዋቀሥ"** ዝብል ትርጉም ቃል ግዕዝ ብጽርኢ "**ኢንቱግካኔይ**" ማለት ኢዩ።

ሮሜ ምዕራፍ 8 ቁጽሪ 34 ናብ ኣምሓርኛ ብኽልተ መልክዕ ተተርጒሙ እዚ ድማ፣ -**ቀዳማይ**፣-"**ብ1947ን ብ1980ን ዓ.ም ዝተተርጐመ 81 መጽሓፍ ቅዱስ** "እቲ ዝኹንን'ከ መን ኢዩ? እቲ ዝሞተ፣ ካብ ምውታን ዝተንሥአ ኣብ የማን ኣምላኽ ዘሎ ምእንታና ዚልምን ክርስቶስ ኢየሱስ ኢዩ" ይብል [ሮሜ 8:33-34]

ካልኣይ፣-**ብ2000 ዓ.ም ካብ ግዕዝ ናብ ኣምሓርኛ ዝተተርጐመ መጽሓፍ ቅዱስ** ድማ "እቲ ዝፈርድ መን ኢዩ? እቲ ዝሞተ፣ ካብ ምውታን ተፈልዩ ዝተንሥአ ኣብ የማን እግዚኣብሔር ዝተቐመጠ ምእንታና ዝፈርድ ኢየሱስ ክርስቶስ ኢዩ" ብዝብል ተተርጒሙ [ሮሜ 8:34] ኣብዚ ብግልጺ ከም እንምልከቶ "**ዚማልድ**"

ዝብልን ምስ ንባብ ጽርኢን ግዕዝን ዝሰማማዕ ትርጉም ብዘሕዝን ኩነት "**ዚፈርድ**" ብዝብል ቃል ተቐይሩ ተተርጒሙ።

ከምኡውን ኣብ መልእኽቲ ዕብራውያን ምዕ 7:25 ዘሎ ኃይለ ቃል፣- **"ὅθεν καὶ σῴζειν εἰς τὸ παντελὲς δύναται τοὺς προσερχομένους δι' αὐτοῦ τῷ θεῷ, πάντοτε ζῶν εἰς τὸ ἐντυγχάνειν ὑπὲρ αὐτῶν." [Heb 7:25 BGT]**

ኣብዚ ንባብ **ἐντυγχάνειν** "ኢንቱግካኔይ" ዝብል ግሢ ብሣልሳይ መደብ፣ ናይ ሕጂ ጊዜ ቀጻሊ ዓቢዩ ኣንቀጽነት ኣብ ጥቕሚ ውዒሉ።

እዚ ኃይለ ቃል ብግዕዝ ከምዚ ይንበብ **"ወይክል አድኅኖቶሙ ለዝሉፉ ለእለ ይቀርቡ ኀበ እግዚአብሔር እንተ መንገሌሁ እስመ ለግሙራ ሕያው ውእቱ ወይተነብል ሎሙ"** ይብል [ዕብ 7:25] "**ይተነብል**" ዝብል ቃል ኣለቃ ኪዳነ ወልድ **"ምልጣን፣ ምጽላይ፣ ምምላድ፣ ማላዲ፣ ኣማላዲ ምኺን፣ ዕርቂ ፍቕሪ፣ ይቕረታ ምድላይ፣ መሓረኒ መሓረለይ"** ማለት ኢዩ ዝብል ትርጉም ሂቦሞ [ኪዳነ ወልድ ሙ. ቃላት ገጽ 900] ስለዚ "**ይተነብል**" ዝብል ቃል ግዕዝ ትርጉም ብኣምሓርኛ 'ይማልዳል' [ይማልድ] ብጽርኢ "ኢንቱግካኔይ" ምስ ዝብል ቃል ይሰማማዕ።ስለዚ ወይተነብል ማለት ይማልድ ማለት ኢዩ።

ዕብራውያን ምዕ 7 ቊጽሪ 25 ናብ ኣምሓርኛ ብኽልተ መልክዕ ተተርጒሙ፣- ቀዳማይ፡- **ብ1947ን 1980ን ዝተተርጐሙ 81 መጽሓፍ ቅዱስ** "ስለዚ ድማ ነቶም ብእኡ ኣቢሎም ናብ ኣምላኽ ዚመጹ፡ ኵሉ ጊዜ ምእንታኦም ኪልምን ዚነብር ስለ ዝኾነ፡ ፈጺሙ ኼድኅኖም ይኽእል እዩ" ተብሂሉ ተተርጒሙ [ዕብ 7:25]

ሓዋርያ ንመልእኽቲ ዕብራውያን ዝጸሓፎ ጐይታና ምስ ዓረገ ድኅሪ 30 ዓመታት ኢዩ። በዚ ድማ ድኅሪ ዕርገቱ ዘሎ ሰማያዊ ኣገልግሎት ኪዛረብ ከሎ ኣገልግሎቱ ብዘይ ምቊራጽ ከም ዝቕጽል ንምርኣይ **πάντοτε** "**ፓንቶቴ**" ትርጉም **"ኵሉ ጊዜ፣ [ወትሩ]"** ዝብል ተውሳከ ግሢ ይጥቀም።ኵሉ ጊዜ ዝብል ተውሳከ ግሢ ናይቲ ፍጻመ ናይ ጊዜ ኩነት የመልክት። በዚ ድማ **"ኵሉ ጊዜ"** ዝብል ቃል **"ኵሉ ጊዜ"** ብዘየቋርጽ ኩነት ዝግበር ፍጻመ ኣመልካቲ ኢዩ። ክርስቶስ ንዘለዓለም ነባሪ

ኢዩ።ኣብ የማን ኣቦኡ ዝተቐመጠ ድማ ንዘለዓለም ኢዩ።ኣብ የማን ኣቦኡ ዝተቐመጠሉ ምኽንያት ኪገልጽ **“ኵሉ ጊዜ ምእንታኦም ኪልምን ዚነብር ስለ ዝኾነ”** ብምባል ሥራሕ ሊቀ ክህንነቱ [ናይ ትስብእቱ] ይገልጽ።[53]

[53] መንፈስ ቅዱስ ይማልድ ዝተባህለ ኣብ ምእመናን ኃዲሩ “ከመይ ኢልና ከም ንጽሊ ኣይንፈልጥን ኢና’ሞ **ὑπὲρ ἁγίων** “ሁፔር ኣጊዮን” “ምእንቲ /ስለ/ ቅዱሳን” ‘ኣብ ጐድኒ ቅዱሳን” “ኣብ ጐድኒ ኮይኑ ዝረድእ” ብጸሎት ዝራዳእ ኢዩ።ክርስቶስ ይማልድ **ἐντυγχάνειν** “ኢንቱግካኔይ” ዝተባህለ ኣብ ቅዱሳን ኃዲሩ ብጸሎቶም ብዛዕባ ምርዳእ ዘይኮነ፣ኣብ ሰማያዊ መቅደስ ብዘከናውኖ ናይ ሊቀ ካህንነቱ ኣገልግሎት ኢዩ።

ከምኡ'ውን **ἐντυγχάνειν** "ኢንቱግካኔይ" ዝብል ግሢ 3ይ መደብ፣ ነጸላ ቑጽሪ፣ ናይ ሕጂ ጊዜ ቀጻሊ፣ዓቢይ ኣንቀጽ ስለ ዝኾነ ዘየቋርጽ ፍጻመ ግሢ ብምኺኑ ናይ ግሢ ስልቲ ብቐጻልነት ዝከናወን ምኺኑ የርኢ።[ኣብ ክፍሊ ሓደ ገጽ 89-91 ናይ ግሢ ስልቲ ዝብል ተመልከት]።

ንመን ከም ዜማልድ ኬብርህ ከሎ "**ምእንታኦም**" ብምባል ምእንቲ ምእመናን፣ ንኣኡ ተስፋ ገይሮም ናብኡ ንዝቐርቡ ሰባት ምኺኑ ይዛረብ።

ናብ መን የማልድ ንዝብል ዓቢዪ ጉዳይ ኣብዚ ክፍሊ ኪዛረብ ከሎ **"ነቶም ብእኡ ኣቢሎም ናብ ኣምላኽ ዚመጹ"** ብምባል ምእመናን ብዘይ ነውሪን ነቐፋን ኮይኖም ናብ እግዚኣብሔር ኪቐርቡ ናብ እግዚኣብሔር ይማልድ ማለት ኢዩ ኪብል ይገልጾ።እንታይ ኪገብረሎም ከም ዝኾነ ክዛረብ ከሎ **"ኬድጎኖም**" ብምባል ይምልስ።

ብ2000 ዓ.ም ካብ ግዕዝ ናብ ኣምሓርኛ ዝተተርጐመ መጽሓፍ ቅዱስ ድማ "ዘወትር በእርሱ በኩል ወደ እግዚአብሔር የሚቀርቡትን ሊያድናቸው ይቻለዋል፣ ለዘለዓለም ሕያው ነውና ያስታርቃቸዋል" ኩሉ ግዜ ነቶም ብእኡ ኣቢሎም ናብ እግዚኣብሔር ዝቐርቡ ኬድጎኖም ይኽእል ኢዩ፣ ንዘለዓለም ሕያው ኢዩ'ሞ የተዓርቐም" ተብሂሉ ተተርጒሙ [ዕብ 7፡25]። ናይ 2000 ዓ.ም ጎታም "ምእንታኦም ኪማልድ ኩሉ ጊዜ ዚነብር ስለ ዝኾነ" ዝብል ብጽርኢ ዝተጻሕፈ ቑልፊ [መሠረታዊ] ሥነ መለኮታዊ ዓረፍተ ነገር ብዘሕዝን ኩነት ከይተተርጐመ ተዘሊሉ።

<u>ናይ εντυγχάνω "ኢንቱግካኖ" ይማልድን "ካታክሪኖን" "ይፈርድን" ፍልልይ</u>

ኣቐዲምና ክንሪኦ ከም ዝፈተንና "**ይፈርድ**" ዝብል ቃል "**ክሪኖ**" ምስ ዝብል ናይ ጽርኢ ቃል ማዕረ /ሓደ/ ትርጉም ኢዩ ኢልና። ከምኡውን "**ይማልድ**" ዝብል ቃል ብግሪኽ "**ኢንቱግካኔይ**" ካብ ዝብል ቃል ዝተረኽበ ማዕረ /ሓደ/ ትርጉም ኢዩ ኢልና። ኢንቱግካኔይ "ይማልድ"ን ክሪኖ "ይፈርድ"ን ዝብሉ ቃላት ዝበለጸ መፍትሒ ኪንርዳእ ኪንክእል፣ ብኣምሓርኛ መጽሓፍ ቅዱስ **"እቲ ዜጽድቕ እግዚኣብሔር ኢዩ፣ እቲ ዝኹንንከ መን ኢዩ? እቲ ዝሞተ፣ካብ ምውታን ዝተንሥአ ኣብ የማን እግዚኣብሔር ዘሎ፣ምእንታና ዚልምን ክርስቶስ ኢየሱስ ኢዩ"** ዝብል

ታይለ ቃል ብጽርኢ ጽሕፈቱ እንደገና ብሓጺሩ ንምርኣይን ንምብራህን ኪንፍትን ኢና [ሮሜ 8:33-34]። ብግሪኽ **“θεὸς ὁ δικαιῶν τίς ὁ κατακρινῶν; Χριστὸς [Ἰησοῦς] ὁ ἀποθανών, μᾶλλον δὲ ἐγερθείς, ὃς καί ἐστιν ἐν δεξιᾷ τοῦ θεοῦ, ὃς καὶ ἐντυγχάνει ὑπὲρ ἡμῶν” [Rom 8:33-34 BGT]** ኣብ ዝብል ታይለ ቃል ኣርባዕተ ግሣዊ ቅጽላት [Participles] ሓደ ናይ ሣልሳይ መደብ ገቢራዊ ዓቢዪ ኣንቀጽ ንረክብ።ንሳቶም ድማ፣-

1ይ. “**እቲ ዜጽድቕ**” **ὁ δικαιῶν** [**ዲካዮን**] ናይ ሕጂ ጊዜ ግሣዊ ቅጽል በዓል ቤት ኢዩ **2ይ. “እቲ ዚኹንን”** **ὁ κατακρινῶν** [**ካታክሪናን**] ትንቢታዊ ግሣዊ ቅጽል በዓል ቤት **3ይ. “እቲ ዝሞተ”** **ἀποθανών** [**ኣፖታኖን**] ናይ ርኡቕ ኃለፊ ግሣዊ ቅጽል በዓል ቤት **4ይ. “እቲ ዝተንሥአ”** **ἐγερθείς** [**ኢጌርቴይስ**] ናይ ርኡቅ ኃላፊ ተገብሮ ግሣዊ ቅጽል በዓል ቤት **5ይ.”ዚልምን”** **ἐντυγχάνει** [**ኢንቱግካኔይ**] ናይ ሕጂ ጊዜ ቀጻሊ ገቢራዊ ዓቢዪ ኣንቀጽ ኢዮም።

<u>እቲ ዜጽድቕ፣</u> [**ዲካዮን**] ዝብል ቃል፣ ንስኻ ጻድቕ ኢኻ ወይ ድማ ታጢኣተኛ ኢኻ ኢሉ ዝዳኒ፣ ነቲ ታጢኣተኛ ሰብ ብወዱ ብሞትን ትንሣኤን ክርስቶስ ኣሚኑ ኪጸድቕ ዝገብር ሓቀኛ ዳኛ እግዚኣብሔር ከም ዝኾነ ንምግላጽ ዝወዓለ ቃል ኢዩ። እዚ ማለት ዝኾነ ፍጡር ንሰብ ጻድቕ ኢኻ ኢሉ ኬጽድቕ ዝኽእለሉ ሥልጣን ከም ዘይብሉ፣ ኬጽድቕ ዝኽእል ልዑል እግዚኣብሔር ጥራጎ ከም ዝኾነ ዜርኢ ኢዩ።

<u>እቲ ዚኹንን፣</u> [**ካታክሪኖን**] ዝብል ቃል ናይ ክርስቶስ ኣምላኽነትን ፈራድነትን [ኣቐዲምና ክሪኖ ዝበልናዮ] ዜመልክት ቃል ኢዩ።ንጉሥ ነገሥታትን ጐይታ ጐይቶትን ዝኾነ ጐይታና ኢየሱስ ክርስቶስ ኣብ ናይ ዘለዓለም ዝፋኑ ከም ዝተቐመጠን ኣብ ታጥኣንን ጻድቃንን፣ ኣብ ኣመንትን ዘይኣመንትን ከም ዝፈርድ የመልክት። “**ካታክሪኖን**” ማለት ኰናኒ ማለት ኢዩ።ኰናኒ ዝብል ቃል ኣለቃ ኪዳነ ወልድ ክፍለ “**ዚኹንን፣ ኰናኒ፣ ገዛኢ፣ ፈራዲ፣ ዳኛ፣ ጐይታ**” ኢሎሞ [ኪዳነ ወልድ፣ሙ. ቃላት ገጽ 538]። ስለዚ ብጀካ ጐይታና ኢየሱስ ካልእ ዝኾነ ፍጡር ኪፈርድ ከም ዘይኽእል የርኢ።

<u>ዝሞተ፣</u> [**ኣፖታኖን**] ዝብል ቃል ጐይታና ኢየሱስ ክርስቶስ ኣብ ክንዲ ታጢኣት ደቂ ሰባት [ንኣዳም ንዘርኡን] ሓደ ጊዜ ኣብ ቀራንዮ ከም ዝሞተን ዳግማይ ከም

ዘይመውትን ዜመልክት [ናይ ርኁቕ ጎላፊ ግሣዊ ቅጽል በዓል ቤት] ኢዩ።እዚ ማለት ሞት ጐይታና ኢየሱስ ክርስቶስ [መሥዋዕቲ ምኺን] ኣብ ዝኾነ ዘመን ዘሎ ኩሉ ዘርኢ ኣዳም ሓደ ጊዜ ንዘለዓለም ምድኃን ዝኾነ በጃነት ምኽፋሉ የመልክት።እዚ መሥዋዕቲ ዘለዓለማዊን ሕያውን መሥዋዕቲ ኢዩ።

<u>ዝተንሥአ፣</u> [**ኢጌርቴይስ**] ዝብል ቃል ጐይታና ኢየሱስ ክርስቶስ ንደቂ ሰባት ጸላኢ ዝኾነ ንሞት ሥዒሩ ከም ዝተንሥአ ዜመልክት [ናይ ርኁቕ ጎላፊ ተገብሮ ግሣዊ ቅጽል በዓል ቤት] ኢዩ። ጐይታና ኢየሱስ ክርስቶስ ካብ ሞት ተንሢኡ ንዘለዓለም ዝነብር ምኺኑን፣ ዘለዓለማዊነቱን የመልክት። ትንሣኤኡ፣ ጐይታ ኢየሱስ ዘለዓለማዊ ዘይመውት ሊቀ ካህናት ምኺኑን፣ መሥዋዕቱ ዘለዓለማዊ መሥዋዕቲ፣ ጐይትነቱ ዘለዓለማዊ ምኺኑን፣ ምልጃኡ ዘለዓለማዊ ምልጃ ምኺኑን፣ ዳግም ምጽኣቱ ዘይተርፍን፣ ሓቅነት ትንሣኤ ኩሎም ደቂ ሰባት ዜረጋግጽን ኢዩ። ትንሣኤ ክርስቶስ ንኹሎም ደቂ ሰባት ናይ ዘለዓለም ሕይወት ኬውህብ ዜኽእል ምንጪ ሕይወት ናይ ምኺኑ ዓቢይ ጉዳይ ኢዩ።

ብተቓራኒ ምስ እንምልከቶ፣- ክርስቶስ እንተ ዘይትንሥእ ነቢሩ ዘለዓለማዊ ኣይምኾነን ነበረ።ዘለዓለማዊ እንተ ዘይኮይኑ ድማ ሊቀ ክህንነቱን መሥዋዕቱን ጊዝያዊን ምድራዊን ምኾነ ነይሩ። ክርስቶስ እንተ ዘይትንሥእ ነይሩ ጐይትነቱ ኣብ ምልክት ሕቶ ምኣተወ ነይሩ። ምልጃኡ ድማ ጊዝያዊ ምልጃ ምኾነ ነይሩ።ክርስቶስ እንተ ዘይትንሥእ ነይሩ ናይ ዘለዓለም ሕይወት ኣይምረኽብናን ነይርና። ትንሣኤ ምውታን እንተ ዘይህሉ ነይሩ ሕይወት ጊዝያዊትን ሥጋዊትን ዓለማዊትን ጥራሳ ምኾነት ነይራ። ክርስቶስ እንተ ዘይትንሥእ ነይሩ ኣብ ትንሣኤ ዘጉባኤ ፈራድነት እግዚኣብሔር ኣይምሃለወን ነይሩ። ብጠቕላላ ትንሣኤ ክርስቶስ ናይ ክርስትናና ዋሕስ ሃይማኖትና ኢዩ።

<u>ዚማልድ፣</u> [**ኢንቱግካኔይ**] ዝብል ቃል ናይ ክርስቶስ ናይ ምድኃን ሥርሑን ኣብ ክንዲ ኃጢኣተኛታት ነፍሱ መሥዋዕቲ ገይሩ ኣብ ዕለተ ዓርቢ ኣብ መስቀል ሓደ ጊዜ ብምማት፣ ብበጃነት ደሙ ዝሠርሖ ዘለዓለማዊ ናይ ሊቀ ክህንነቱን ናይ ምትዕራቕ ኣገልግሎቱን ዜመልክት [ናይ ሕጂ ጊዜ ቀጻሊ ዓቢይ ኣንቀጽ] ቃል ኢዩ። **ቅዱስ**

ዮሓንስ ኣፈወርቂ ክሳዕ ሕጂ ኣገልግሎት ሊቀ ክህንነት ክርስቶስ ይቕጽል ምህላዉ ከምዚ ብምባል የብርሆ፣-

"ዋላ እኳ ሕጂ ብኽብሩ እንተ ተራእየ ብዛዕባና ምግዳስ ኣይኃደገን፣ ልክዕ ከምቲ ናይ ቀደም ሎሚውን ፍቕሩ ኣይተለወጠን፣ ብምማቱ ከይዓገበ ሎሚ'ውን ይማልድ።[57]"

ካብ ኣበሃህላ ቅዱስ ዮሓንስ ኣፈወርቂ ብግልጺ ኪንርድኡ እንኽእል ኣብ የማን ኣቦ ዝተቐመጠ ሊቀ ካህናት ኢየሱስ ክርስቶስ ሕጂውን ኣብ ሥራሕ ከም ዘሎ ኢዩ።

ቅዱስ ጎርጎርዮስ ምምላድ ማለት እንታይ ከም ዝኾነ ኬብርህ ከሎ፣- *ኦቶም ሰባት እቲኣቶም ምእንታና ኩሉ ጊዜ ኪማልድ ይነብር ዝብል ብህሎ ብግዑይ መንገዲ ይርድኦዎ። ከመይ ዝበለ ጽቡቕን ምሥጢር ዝተመለኣሉ ሓናይ ነገር መሲልኩም። ምምላድ ማለት ኣብ ሰባት ከም ዝኸውን ሕነ ንዝደሊ ሰብ ምልማን ኣየመልክትን። ከምዚ እንተ ዝኸውን ነይሩ ውርደትን ዜሕፍር ነገር ምኾነን ነይሩ። ነገር ግና መንፈስ ቅዱስ ምእንታና ከም ዚማልድ ምእንቲ ሰባት ማእከላይ ምኳንን ዜመልክት ብህሎ ኢዩ። ሓደ እግዚኣብሔር ኣሎ፣ ኣብ መንጌ እግዚኣብሔርን ሰብን ሓደ ማእከላይ ኣሎ ንሱ ድማ ሰብ ዝኾነ ክርስቶስ ኢየሱስ ኢዩ። ንሱ ሕጂውን እንተ ኾነ ብሰብነቱ [ሰብ ከም ምኳኑ] ንድኅነተይ ይልምን። ብሥግውነቱ [ብክርስቶስ] ኃይሊ ንኣይ ናይ ጸጋ ኣምላኽ ክሳዕ ዝገብረኒ ነቲ ዝወሰዶ ሥጋ ሕጂ'ውን ተዋሒድዎ ኢዩ።[58]*

ከምኡ'ውን ቅዱስ ቄርሎስ ኣብ ራብዓይ ናይ ሥነ መለኮት ዘረባኡ፣

ከምኡውን ሕጂ [ክርስቶስ] ብሥጋ ከም ዝኸውን እንተ ዘይፈለጥናዮ ማለት ብጀካ ኃጢኣት ሰብ እንተ ኾነ ከማና መከራ ሥጋ የብሉን። ብምኳኑ ንኣና ጠበቓ ዝኾነ ኢየሱስ ክርስቶስ ኣሎና።ብርግጽ እዚ ማለት ኣብ ቅድሚ ኣቦ ምእንታና ኣይሰግድን [ኣይወድቕን ኣይትንሥእን] ኣብ ቅድሚኡ ድማ ከም ባርያ ኣይንብርከኽን ኢዩ።

[57] Philip Schaff, Nicene and Post Nicene Fathers: Chrisostum, Homilies on Epistle to Rome, [USA: Hamdrickson Publishers, 1999/, P.455

[58] Philip Schaff, and Henry Wace, Nicene and Post Nicene Fathers Vol. 7.Cyril of Jerusalem, Gregory Nazianzen [USA: Handrickson Publishers, 1999], ገጽ 314-315.

ከምዚ ዝበለ ከም ባርያ ካብ ምምልካትን ንመንፈስ ዘይግባእ ነገር ካብ ምሕሳብ ረሓቕ! ኣቦ ነዚ ይደሊ ወልድ ከኣ ይግዛእ ምባል ዘይመስል ነገር ኢዩ።ከምዚ ዝበለ ነገር ብዛዕባ እግዚኣብሔር ምሕሳብ ቅኑዕ ኣይኮነን።ነገር ግና ከም ሰብ ብዝተቐበሎ መከራ ባዕሉ [ክርስቶስ] ከም ኣካላዊ ቃልነቱን ከም ጠበቓነቱን ኪዕገስ ይልምን [ይማልድ][59] **[ቅዱስ ጎርጎርዮስ ዘእንዚናዙን ቅዱስ ቄርሎስን ኣብ ራብዓይ ናይ ነገረ መለኮት ዘረባ ቅጽ 7፡ገጽ 314-315**]

<u>ካብ ኣስተምህሮ ቅዱስ ጎርጎርዮስን ቄርሎስን እንርድኦ</u>፣- ቀዳማይ፣- ፣ምልጃ ዜድልዮ እግዚኣብሔር ክፉእ ኮይኑ ኣይኮነን። ወይ ድማ ክርስቶስ ብሊቀ ክህንነቱ ዝገብሮ ምልጃ ብምውዳቕን ብምትንሣእን ዝፍጽሞ ኣይኮነን።ብልክዕ ክርስቶስ ኣብ መንጌ ሰብን ኣምላኽን ማእከላይ ብምኺን ንሰብ ናብ ፍጹም ምልኣቱ ንክርስቶስ ኪመስል ንምብቃዕ ኢዩ። **ካልኣይ፣-** ኢየሱስ ክርስቶስ ፍጹም ኣምላኽን ፍጹም ሰብን ምኺኑ ኪፍለጥ ይግባእ። **ሣልሳይ፣-** ኢየሱስ ሰብ ብምኺኑ ሽግር ሰባት ይፈልጥ ኢዩ፣ ምእንቲ ሰባት ድማ ናብ ኣቡኡ ይልምን፣ **ራብዓይ፣**-ምልጃኡ ናብ ኣማልኽቲ ዘበጸጋ ክሳዕ ንበቅዕ ከም ዝቕጽል የርኢ፣ **ሓምሳይ፣**-ክርስቶስ ጠበቓና ኮይኑ ኣብ ኩሉ ሽግርናን መከራናን ከም ዝረድኣና፣ **ሳድሳይ፣**- ምልጃ ክርስቶስ ካብ ኣቦ ከም ዝነኣሰ [ዝተሓተ] ከም ዝኾነ ከም ዘየመልክት የረድእ፣ **ሳብዓይ፣**- ኣብ መወዳእታ ድኅሪ ውልድነት ምርካብና እግዚኣብሔር ናብ ዘዳለዎ ክብሪ ንምብጻሕ ናይ ክርስቶስ ዓቢይ ሥርሑ የመልክት። ምኽንያቱ ክርስትና ካብ ኃጢኣት ብምድኃን ጥራኅ ዜብቅዕ ዘይኮነ ዓቢይ ተጋድሎ ከም ዘሎ፣ እዚ ተጋድሎ ድማ ብኽእለት ሰብን ብቕዓትን ዝፍጸም ከም ዘይኮነ፣ እግዚኣብሔር ናብ ዘዳለዎ ክብሪ ኪንበጽሕ ክርስቶስ ብሊቀ ክህንነቱ ሎሚውን ንምእመናን ከም ዚረድኦም የረድእ።

<u>መብርሂ ሮሜ 8:31-34</u>

ኣብ ሮሜ ምዕራፍ 8፡34 እንረኽቦ ብዙኅ ጊዜ ኣካታዒን ምኽንያት ናይ ምክርኻርን ዘይምርድዳእን ዝኾነ "**ይማልድ**"ን "**ይፈርድ**"ን ዝብሉ ቃላት ብኣገባብ ንምርዳእን

[59] Philip Schaff, and Henry Wace, Nicene and Post Nicene Fathers,314-315

ግቡእ ዝኾነ መፍትሒ ኪንረክብ፣ እቲ መልእኽቲ ዝተጻሕፈሉ መጽሓፍ ሮሜ ድኅረ ባይታን ናይ መጽሓፍ ዓውዲን ዝተጻሕፈሉ ምኽንያት ምርዳእ ኣድላዪ ኢዩ። ንቃላት ካብ ዓረፍተ ነገር ወፃኢ፣ ንዓረፍተ ነገር ካብ ኣንቀጽ፣ ከምኡውን ንኣንቀጽ ካብ ምዕራፉን ካብቲ መጽሓፍ ወፃኢ ነንበይኖም ምርኣይ ብኣረዳድኣ ኮነ ኣብ ናይ ትርጉም ጌጋ ኬውድቕና ስለ ዝኽእል ቀንዲ ሓሳብ መልእኽቲ ሮሜ ብሓጺሩ ተመልኪትና ናብ ምዕራፉን ጎይለ ቃሉን ብምምጻእ ትርጉም ቃላቱ ንምርዳእ ኪንፍትን ኢና።

ናብቲ ቀንዲ መልእኽቲ ሓሳብ ኪንኣቱ ኪንክእል ብቀዳምነት ኣውራ ጎይለ ቃል ዝርከበሉ ኣንቀጽ [ሮሜ 8:31-34] ዘሎ ንባብ ብድርኢን ብግዕዝን ኣብ ዝተፋላለየ ጊዜ ቤተ ክርስቲያን ዜሕተመቶም ናይ ኣምሓርኛ ትርጉም መጽሓፍ ቅዱስ ብምርኣይ ንጀምር።

31 Τί οὖν ἐροῦμεν πρὸς ταῦτα; εἰ ὁ θεὸς ὑπὲρ ἡμῶν, 32 τίς καθ' ἡμῶν; ὅς γε τοῦ ἰδίου υἱοῦ οὐκ ἐφείσατο, ἀλλὰ ὑπὲρ ἡμῶν πάντων παρέδωκεν αὐτόν, πῶς οὐχὶ καὶ σὺν αὐτῷ τὰ πάντα ἡμῖν χαρίσεται; 33 τίς ἐγκαλέσει κατὰ ἐκλεκτῶν θεοῦ; θεὸς ὁ δικαιῶν. 34 τίς ὁ κατακρινῶν; Χριστὸς [Ιησοῦς] ὁ ἀποθανών, μᾶλλον δὲ ἐγερθείς, ὃς καί ἐστιν ἐν δεξιᾷ τοῦ θεοῦ, ὃς καὶ **ἐντυγχάνει** ὑπὲρ ἡμῶν. [**Rom 8:31-34 BNT]**

ትርጉም ግዕዝ ከምዚ ይንበብ፣-ምንተ እንከ ንብል እንበይነዝ ለእመ እግዚአብሔር ምስሌነ መኑ ይክለነ [ሮሜ 8:31] ወልዶ ጥቀ ኢምሕከ እምኔነ አላ መጠዎ በእንተ ኩልነ ወምንትኑ ውእቱ እንከ ዘኢይጼግወነ [ሮሜ 8:32] ወመኑ ውእቱ እንከ ዘይትዋቀሥሙ ለኅሩያነ እግዚአብሔር [ሮሜ 8:33]። ለእመ ለሊሁ ያጸድቅ። ወመኑ ዘይኴንን። ክርስቶስ ኢየሱስ ዘሞተ ወተንሥአ እምውታን ወሀሎ ይነብር በየማነ እግዚአብሔር ወይትዋቀሥ በእንቲአነ [ሮሜ 8:34]

ናይ 2000 ዓ.ም ኅታም ትርጉም ኣምሓርኛ ከምዚ ይንበብ፣-

“እምብኣርሲ ብዛዕባ እዚ ነገርዚ እንታይ ክንብል ኢና፣ ኣምላኽ ምሳና ኸብ ኹነኸ፣ መን እዩ ዚኽእለና፣ ንወዱ እኳ ዘይነኃፎ ምእንቲ ኹላትና ኣጎሊፉ ዝሃቦ እምበር፣

ዘይነሐፎ፡ ከመይ ደኣኸ ምስኡ ኹሉ ዘይህበና፤ እምበኣርሲ ንሱ ባዕሉ እንተ ኣጽዲቑ ነቶም እግዚኣብሔር ዝኃረዮም ሰባት ዚቃወሞም መን ኢዩ? እቲ ዝፈርድ መን ኢዩ? እቲ ዝሞተ ካብ ምውታን ተፈልዩ ዝተንሥአ ኣብ የማን እግዚኣብሔር ዝተቐመጠ ምእንታና ዝፈርድ ኢየሱስ ክርስቶስ ኢዩ።[ሮሜ 8፡31-34]።"

ንነፍሲ ወከፍ ቃልን ዓረፍተ ነገር ምስ ጽርኢ እናነጻጸርካ ትንታነ ንምሃብ ብጣዕሚ ሰፊሕን ብዙኅ መብርሂን ዜድልዮ ስለ ዝኾነ **ብ1947ን 1980ን ዓ.ም ዝተኃትሙ ናይ ኢትዮጵያ ኦርቶዶክስ ተዋሕዶ ቤተ ክርስቲያን 81 መጽሓፍ ቅዱስ** ትርጓሜ ምስ ንባብን ትርጉምን ጽርኢን ግዕዝን ማዕረ ብምኺኑ እቲ ንባቡ ከም ዘለዎ ብምውሳድ ተወሳኺ መብርሂ ብምሃብ ኪንቅጽል ኢና።

ናይ 1947 ዓ.ምን 1980ን ዓ.ም ሰማንያን ሓደን ኅታማት ትርጉም ኣምሓርኛ ከምዚ ይንበብ፣-

"እምብኣርሲ ብዛዕባ እዚ ነገርዚ እንታይ ክንብል ኢና፤ እግዚኣብሔር ምሳና ኾብ ኹነኸ፡ መን እዩ ዚቃወመና፡ንገዛእ ወዱ ዘይነኃፎ ነገር ግና ምእንቲ ኩላትና ኣሳሊፉ ዝሃቦ፣ከመይ ደኣኸ ምስኡ ኹሉ ዘይህበና፤ ነቶም እግዚኣብሔር ዝመረጸም መን ኢዩ ዝኸሶም? እቲ ዜጽድቕ እግዚኣብሔር ኢዩ፣ እቲ ዚኹንንከ መን ኢዩ? እቲ ዝሞተ፣ ኤረ ካብ ምውታን ዝተንሥአ ኣብ የማን እግዚኣብሔር ዘሎ ምእንታና ዚማልድ ክርስቶስ ኢየሱስ ኢዩ" [ሮሜ 8፡31-34]።"

<u>መብርሂ</u>

ንመልእኽቲ ሓዋርያ ቅዱስ ጳውሎስ ናብ ሰብ ሮማ ኣብ ምዕራፍ 8፡31-34 ዘሎ፣ ምሉእ ሓሳቡ ንምርዳእ ቅድም ኢሎም ዘለዉ ናይ መልእኽቱ ክፍልታት ኣውራ ቀንዲ ሓሳባት፣ ምዕራፍ ብምዕራፍ ምርኣይ የድሊ።ቀጺልካ ድማ ናይ ሮሜ 8፡31-34 ምሉእ ሓሳብ ምርዳእን ምፍላጥን ብፍላይ ድማ ሮሜ ምዕራፍ 8 ምሉእ ሓሳብ ምርዳእን ምፍላጥን የድሊ።ካብዚ ብምቕጻል በብሓደ ንመልእኽቱ ብሓጺሩ ንምርኣይ ኪንፍትን።

I. ሮሜ 8፡31-34 ናይ ድኅነትና ዋሕስ ዜረጋግጽ ኣዋጅ ኢዩ፣

ቅዱስ ጳውሎስ ንመልእኽቲ ሮሜ ክጽሕፍ ከሎ ሰባት ሕጊ ብምፍጻምን ሠናይ ግብሪ ብምግባርን ኣብ ቅድሚ እግዚኣብሔር ጻድቃን ስለ ዘይኮኑ ፍርዲ ኣሎዎም፣ ስለዚ ሰባት ብግብሮም ኪጸድቁ ስለ ዘይከኣሉ፣ ጽድቂ እግዚኣብሔር ኣድልዩ ብምባል መልእኽቱ ይጅምር [**ሮሜ 1፡18-3፡20**]

ብምቕጻል ድማ ሰባት ብግብሮም ኪጸድቁ ስለ ዘይከኣሉ፣ ጽድቂ እግዚኣብሔር ብወዱ ብየሱስ ክርስቶስ ተገሊጹ ብምባል ካብ ምዕራፍ [**3፡21- 4፡25**] ዘሎ ክፍሊ የብርህ። ጽድቂ እግዚኣብሔር ምግላጹ።-

ሕጂ ግና እቲ ብሕግን ነቢያትን እተመስከረሉ ጽድቂ ኣምላኽ ብዘይ ሕጊ [ኦሪት] ተገልጸ። ማለት፡ ጽድቂ ኣምላኽ ብምእማን ብየሱስ ክርስቶስ ንዚኣምኑ ኹላቶም ኢዩ፡ በዚ ሌላን ጉሌላን የልቦን እሞ፡ ኩሎም ኃጢኦም ክብሪ ኣምላኽውን ስኢኖም።በቲ ብየሱስ ክርስቶስ ዚርከብ በጃ ምሕላፍ ብኽምኡ ብጸጋኡ ይጸድቁ። [**ሮሜ 3፡21-24**]

ብምባል ኃጢኣተኛታት የሱስ ክርስቶስ ኣብ መስቀል ብዝኸፈሎ በጃነት ብምእማኖም ጻድቃን ከም ዝተባህሉ የረድእ። እምነት ናይ ሓዲስ ኪዳን ጥራጎ ዘይኮነ ናይ ብሉይ ኪዳን ምእመናን ዝጸደቕሉ መንገዲ ጽድቂ ምኺኑ ንኣብርሃም ብምልዓል፣ ብዘይ ግብሪ ብእምነት ምጽዳቑን፣ ኃጢኣተኛ ዳዊት ኣልዒሉ ኃጢኣቱ ብኽመይ ከም ዝተኃድገሉ ብዘይ ሠናይ ግብሪ ብእምነት እግዚኣብሔር ጻድቕን ብፁዕን ኢሉ ከም ዝቕጸረሉን ከምዚ ብምባል የብርህ፣-

እምበኣርሲ ኣብርሃም ኣቦና፡ ብሥጋ እንታይ ረኺቡ፡ ክንብል ኢና፤ ኣብርሃም ብግብሪ ጸዲቑ እንተ ዝኸውንሲ፡ ገለ ዚምክሓሉ ምረኸበ ነይሩ፡ ኣብ ቅድሚ ኣምላኽ ግና ኣይኰነን።እቲ ጽሑፍከ እንታይ ይብል፤ ኣብርሃም ብኣምላኽ ኣመነ እሞ እዚ ንጽድቂ ኾይኑ ተቑጽረሉ።ነቲ ዚገብር ግና ዓስቡ ኸም ዕዳ ኾይኑ ኢዩ እምበር፡ ከም ጸጋ ኣይኰነን ዚቑጸረሉ። ነቲ በቲ ንኃጥእ ዜጽድቕ ዚአምን እምበር፡ ዘይገብር ግና፡ እታ እምነቱ ንጽድቂ ትቑጸረሉ ኢያ።ዳዊት ከኣ ነቲ፡ ኣምላኽ ብዘይግብርስ ጽድቂ

ዚቜጽረሉ ሰብ ብውዕ ኢዩ፡ ከም ዝበሎ፡እቶም ዓመጻኦም እተጎድገሎም ኃጢኣቶምውን እተኸድነሎም፡ ብውዓን ኢዮም።" [**ሮሜ 4፡1-7**]

ኣብርሃም ብናይ እምነት ኣዒንቱ ንክርስቶስ ርእዩ ኣመነ፣ ዳዊት ድማ ኣብ ቅድሚ እግዚኣብሔር ቀሪቡ ብንስሓ ኃጢኣቱ ከም ተጎድገሉ ብምዝካር ጽድቂ እግዚኣብሔር ከም ተቜጽረሎምን ብውዓን ከም ተባህሉን ብሰፊሑ የብርህ።

ኣብ **ሮሜ ምዕራፍ 5** ድማ **"እምብኣርሲ ብእምነት ካብ ጸደቕና"** ብምባል ብየሱስ ክርስቶስ ዝኣመኑን ዝጸደቑን ሰባት ካብ እግዚኣብሔር ዝተቐበልዎ መንፈሳዊ በረኸት እንታይ ከም ዝኾነ ከምዚ ብምባል የብርህ፣-

እምብኣርሲ ብእምነት ካብ ጸደቕና፡ ምስ ኣምላኽ ብጐይታና የሱስ ክርስቶስ ሰላም ይሃልወና።ብእኡ ኽኣ ናብዚ ዘሎናዮ ጸጋ ብእምነት ምእታው ዝረኸብና፡ ብተስፋ ኽብሪ ኣምላኽውን ንምካሕ ኣሎና። [ሮሜ 5፡1-2]

ብምባል ምእመናን ብጐይታና የሱስ ክርስቶስ ገይሮም ናብ ጸጋ እግዚኣብሔር ብእምነት ከምንኣቱን፣ ሰላምን ክብርን ከም ዝረኸብና ብጋህዲ ይዛረብ።ካብ እግዚኣብሔር ሰላምን ጽድቅን ዝተረኽበሉ መንገዲ ኬረድእ፣-**"ብበደል ሓደ ሰብ [ብኣዳም] ብዙኃት ሞይቶም"** ብምባል ካብ ኣዳም ዝተወልዱ ኩሎም ምውታን ከም ዝኾኑ ይዛረብ።ከምኡ ብጽድቂ ሓደ ሰብ [**የሱስ**] ዝኣምኑ ኩሎም ጻድቃን ከም ዝተባህሉን ናይ ዘለዓለም ሕይወት ከም ዝተቐበሉን ' ብበደል ሓደ [**ኣዳም**] ፍርዲ ንኹነነ ናብ ኩሉ ሰብ ከም ዝመጸአ ከምኡ'ውን ብምኽንያት ጽድቂ ሓደ [**ብክርስቶስ**] ውህብቶኡ ንሕይወት ንምጽዳቕ ናብ ኩሉ ሰብ መጽአ" "ብዘይምእዛዝ ሓደ [ብኣዳም] ብዙኃት ኃጢኣተኛታት ከም ዝኾኑ፣ ከምኡ ድማ ብምእዛዝ ሓደ [ብክርስቶስ] ብዙኃት ጻድቃን ይኾኑ።" ብምባል ይዘግብ [**ሮሜ 5፡ 15-21 ንበብ**]። እዞም ኃይለተ ቃላት፣ ዓረፍተ ነገራትን ኣናቅጽን ኬነንብብ ከለና እንርድኦ ዓቢዪ ነገር፡- ኩሎም ሰባት ብምኽንያት ካብ ኣዳም ምውላዶም ናይ ኃጢኣት፣ ናይ ሞትን ፍርዲን ሰብ ዕዳ ከም ዝኾኑ፣ ብክርስቶስ ዝኣመኑ ምእመናን ድማ ጻድቃን፣ ሕያዋንን ሰብ ጸጋን ምኂኖምን ኢዩ።

ቅዱስ ጳውሎስ ኣብ ክልቲኦም ማለት ኣብ ኣዳምን ክርስቶስን ብምንጽጻር ዜርእየና ርእሲ ሞትን ሕይወትን ዝኾኑ ክልተ በዓል ቤት ከም ዘሎዉ ኢዩ። ሰባት ሙታንን ሕያዋንን ዝኾኑ፣ ብዝሠርሕዎ ሥራሕ ዘይኮነ ካብ ኣዳም ወይ ካብ ክርስቶስ ብምውላዶም ምኽንያት ከም ዝኾነ ኢዩ።ካብ ኣዳም ዝተወልደ ግዙእ ሞት ካብ ክርስቶስ ዝተወልደ ድማ ሕያው ከም ዝኾነ ይዛረብ።

ኣብ ሮሜ ምዕ 6 ድማ፣-"ጽድቂ እግዚኣብሔር ዝተቐበልናዮ ብክርስቶስ ኣሚንና ምስ እንጥመቕ ምስ ክርስቶስ ብምማትን ብምትንሣእን ኢዩ።ስለዚ ጥምቀት ካብ ኣዳማዊ ሕይወት ናብ ክርስቶሳዊነት እንሳገረሉ መንፈሳዊ ኣሠራርሓ ኢዩ። ክርስትና ክርስቶሳዊ፣ ምስ ክርስቶስ ሓደ ምኳን፣ ምስ ክርስቶስ ምሕባር ኢዩ።ምስ ክርስቶስ ንምሕባር ምስ እንጥመቕ ሽዑ ኢና ክርስቲያን እንኾውን፣ ክርስትያን ኮይንና ማለት ኢዩ።ነዚ ሓቂ ከምዚ ብምባል የረድእ፣-

"እምብኣርሲ እንታይ ክንብል ኢና፣ ጸጋ ምእንቲ ኪዓዝዝሲ፣ ኣብ ኃጢኣትዶ ንጽናዕ፣ ያእ ኣይፋልናን። ንሕና ካብ ኃጢኣት ዝሞትና፣ ከመይ ኢልና ሕጂ ኣብኡ ክንነብር፣ ወይስ ብክርስቶስ የሱስ እተጠመቕና ዘበልና ኹላትና ብሞቱ ኽም እተጠመቕናዶ ኣይትፈልጡን ኢኹም፣ እምብኣርሲ ኽምቲ ክርስቶስ ብኽብሪ ኣቦኡ ካብ ምዉታት ዝተንሥኤ፣ ከምኡ ኽኣ ንሕና ብሓዳስ ሕይወት ምእንቲ ክንመላለስ፣ ናብ ሞት ብጥምቀት ምስኡ ተቐበርና።" [**ሮሜ** 6፡1-4]

ብመሠረት እዚ ንባብ ቅዱስ ጳውሎስ ምእመናን ብጥምቀት ምስ ክርስቶስ ከም ዝሞትናን ከም ዝተንሣእናን፣ ካብ ሕጂ ንኃጢኣት ከይንግዛእ ናይ ኃጢኣት ሥጋ ኪሠዓር፣ ኣረጊት ሰብነትና ምስ ክርስቶስ ከም ተሰቕለን ካብ ኃጢኣት ሓራ ከም ዝኾናን ፍለጡ ይብል።ስለዚ ብክርስቶስ ኣሚኑ ውልድነት ዝረኸበን ዝደኃነን [ዝጸደቐን] ሰብ ኣብ ኃጢኣት ኪነብር ዘይግባእ ምኳኑ ንምሕባር፣ ምስ ክርስቶስ ከም ዝሞትኩም ኣይትፈልጡን ዲኹም! ብምባል ኃጢኣት ኪንሠርሕ ከም ዘይብልና የጠንቅቐ።

ኣብ ምዕራፍ 7ተ ክርስቲያናት ንኃጢኣት ጥራጎ ዘይኮነ ንኃጢኣት ካብ ዜለዓዕልን ካብ ዜፍልጥ ሕጊ [ኦሪት] ተፈሊና ከም ዝሞትና መብርሂ ይህብ [**ሮሜ 7፡8-13**]

ኣቐዲምና ትርጕም ተፋልሶ **ሮሜ 7:4** ኣብ ዝረኣናሉ መብርሂ ከም ዝተገልጸ ካብ መርገም ሕጊ ሓራ ኪንወጽእ ንሕጊ ከም ዝተቐተልና [ከም ዝሞትና] የመልክት።

ኣብ መወዳእታ ናይ ምዕራፍና [ናይ ዝርርብና] ቀንዲ ክፍሊ ዝኾነ ኣብ **ምዕራፍ 8** እምበኣርሲ ብክርስቶስ ኣሚኖም ምስ ክርስቶስ ኣሚኖም ዝሞቱን ዝተንሥኡን ምእመናን ሕጂ "**ኩነኔ**" የብሎምን ብምባል ካብ ፍርዲ ምድኃንና ብምርግጋጽ ነቲ ምዕራፍ ይጅምሮ።ኣብ ሮሜ **ምዕራፍ 8 ቊጽሪ 31-34** ቀንዲ ሓሳብ እንታይ ኢዩ? ምስ እንብል እንረኽቦም ኣውራ ቀንዲ ሓሳባት እዞም ዝስዕቡ ኢዮም፣-

II. ሮሜ 8:31-34 ድኂን እግዚኣብሔር ውሕስነት ዘሎዎ ምኺኑ ዜረጋግጽ ኣዋጅ ኢዩ።

መጀመርታ ሽግር ሰባት ኣብ ቅድሚ እግዚኣብሔር ከመይ ኢለ ኪቕርብ ኢየ? ከመይለስ ካብ ሞት ኪድኅን ኢየ? ዝብል ኢዩ።እግዚኣብሔር ብሞትን ትንሣኤን ወዱ ናብ ኣቦኡ ከም ዘቕረቦምን ካብ ሞት ከም ዜድኃኖምን ምስ ፈለጡን ኣሚኖም ምስ ደኃኑ ድማ ነቲ ዝረኽብክዎ ድኅነት ይስእኖ'ዶ ይኸውን? ዝብል ዓሚቕ ስግኣት ኣሎዎም።**ሮሜ 8:31-34** ክርስትናይስ ብእምነት ካብ እግዚኣብሔር ብምውላድ ጀመርክዎ፣ ዝተረፈ ዘመነይ ኣብ ቤት እግዚኣብሔር ከመይ ገይረ ኪነብር ኢየ? ብዝሠራሕክዎምን ብዝሠርሖምን ኃጣውእ ካብ ፍርድን [ካብ ኩነኔ] ካብ ተሓታትነትን ከመይ ኢለ ኪድኅን ኢየ? ንዝብሉ ነዚኣቶምን መሰልቶምን መሠረታውያን ናይ መንፈሳዊ ሕይወት ሕቶታት ሰባት መልሲ ዝተዋህበሉ ክፍሊ ኢዩ።

ቅዱስ ጳውሎስ **ብሮሜ 8:31-34** መልእኽቱ ዎ ምእመናን [ናት]! ብምእማን ሞትን ትንሣኤን ክርስቶስ ዝረኽብክምዎ ድኅነት ዜተኣማንን ኢዩ'ሞ ጥርጥር ኣይእቶኹም ዝብል ኢዩ።ኣቐዲምና ጳውሎስ ዜብረሆ እግዚኣብሔር ንምድኃን ሰባት ብክርስቶስ ዝሠርሖ ናይ ምድኃን ሥራሕ ርኢና ኢና።ከመይ ገይረ ናብ እግዚኣብሔር ኪቕርብ ኢየ ከመይ ገይረኽ ሰላም ኪረክብ ኢየ? ንዝብል ናይ መጀመርታ መልሲ ኪምልስ ከሎ፣-

"እምብኣርሲ ብእምነት ካብ ጸደቕና፡ ምስ ኣምላኽ ብጐይታና የሱስ ክርስቶስ ሰላም ይሃልወና።ብእኡ ኽኣ ናብዚ ዘሎናዮ ጸጋ ብእምነት ምእታው ዝረኸብና፡ ብተስፋ ኽብሪ ኣምላኽውን ንምካሕ ኣሎና።" [**ሮሜ 5:1-2**]

ብምባል ሓደ ታጢኣተኛ ሰብ ንክርስቶስ ምስ ዚኣምን ካብ እግዚኣብሔር ሰላም ከም ዝረኸበ፣ ኣብ ቅድሚ እግዚኣብሔር ታጢኣት ዘይብሉ ጻድቕ ተብሂሉ ከም ተቈጽረ ብምምልካት ብእግዚኣብሔር ንምካሕ"[60] ብምባል መልሲ ይህብ።ኣስተውዕል ብሥራሕና ንምካሕ ወይ ድማ ብሰባት ንምካሕ ኣይበለን ብዘድታነና ብዘጽደቕና ጐይታ ብእግዚኣብሔር ንምካሕ ኢዩ ዝበለ።ከምኡውን ካብ ቑጥዓ እግዚኣብሔር ከመይ ገይረ ኬምልጥ ኢየ ንዝብል ሕቶ ሰባት ኪምልስ ከሎ፣-

"እምብኣርሲ ሕጂ ነቶም ብክርስቶስ የሱስ ዘለዉ ኹነኔ የብሎምን።እቲ ኣብ ክርስቶስ የሱስ ዘሎ ሕጊ መንፈስ ሕይወት ካብቲ ሕጊ ኃጢኣት ሞትን ሓራ ኣውጺኡኒ እዩ እሞ" [ሮሜ 8:1-2]

ብምባል ብኢየሱስ ክርስቶስ ዚኣምን ሰብ ካብ ቑጥዓን ፍርድን [ካብ ኩነኔ] እግዚኣብሔር ከም ዝደኃነን ብእግዚኣብሔር ከም ዘይፍረዶን የረጋግጽ። ኣብ ሮሜ 8:31-34፡ ናይ እግዚኣብሔር ምድኃን ውሕስነትን ዘሎዎ ምድኃን ዝኾነሉ ቀንዲ ዋና ምኽንያታት እዞም ዝስዕቡ ኢዮም።

---

[60] ብእግዚኣብሔር ንምካሕ ዝበሎ መድኃኒ ባዕሉ እግዚኣብሔር ብምኺኑ ኢዩ።ሰብ ብገዛእ ርእሱ ኪድኅን ዚኽእል እንተ ዝኾውን ነይሩ ብርእሱ ምተመከሐ ነይሩ።ነገር ግና እግዚኣብሔር ንኃጢኣተኛታት ብሞትን ትንሣኤን ወዱ ስለ ዜድኅነ ዝደኃኑ ሰባት [ምእመናን] ብእግዚኣብሔር ይምክሑ።ኣብ ሮሜ 4:1-3 ዘሎ ንባብ "ኣብርሃም ብግብሩ ጸዲቑ እንተ ዝኾውን ነይሩ ዝምክሑ ምነበሮ" ነገር ግና ኣብ ቅድሚ ኣምላኽ ግና ከምኡ ኣይኮነን።ከምኡውን " ግናኸ ብጐይታና ኢየሱስ ክርስቶስ፡ ብእኡ ሕጂ ዕርቂ ዝረኸብና፡ ብኣምላኽውን ንምካሕ ኣሎና እምበር፡ እዚ ጥራይ ኣይኰነን።" [ሮሜ 5:11] ብምባል ትምክሕትና እግዚኣብሔር ከም ዝኾነ የረድእ።ብተወሳኺ እዚኣቶም ንበብ [1 ቆሮ 1:29 1:30-31 3:21 2 ቆሮ 10:17-18]

1, እግዚኣብሔር ምሳና ብምኺኑ ኢዩ

ውልድነት ምስ ተቐበልኩ’ኺ ካብ ዝተቐበልክዎ ድኅነት ይጐድል’ዶ ይኸውን? ንዝብል ሕቶ ቅዱስ ጳውሎስ መልሲ ኪህብ ከሎ፣-“**እምላኽ ምሳና ካብ ኮነ’ኺ መንዩ ዚቃወመና?**”[61]እቲ ንወዱ እኳ ምእንቲ ኹሉትና ኣሳሊፉ ዝሃቦ እምበር፡ ዘይነሐፎ፡ ከመይ ደኣኽ ምስኡ [ምስ ክርስቶስ] ኹሉ ዘይህበና፧” [ሮሜ 8፡31-32]።ብምባል ብክርስቶስ ዝረኽብናዮ ድኅነት ዝኾነ ኪፈልየና ከም ዘይክእል ምስ ክርስቶስ ሓቢርና ወረስቲ ከም ዝኾናን ነዚ ድማ መረጋገጺ እግዚኣብሔር ምሳና ምኽኑን፣ እግዚኣብሔር ንፍቕር ወዱ ከይነኃፎ ክሳዕ ሞት ኣሳሊፉ ዝሃበሉ ምድኃን [ድኅነት] ምኽኑን ብመርትዖ የቕርብ።

[61] ኣነ ክሳዕ መወዳእታ ዓለምኩሉ መዓልቲ ምሳኹም ኢየ።ማቴ 28፡19 ‘ሮሜ 8፡9-11

2, ድኅነትና ዝተፈጸመ ብእግዚኣብሔር ብምኼኑ ኢዩ

ድኅነትና ብግብርና ዝተመሥረተ ዘይኮነ ብእግዚኣብሔር [ብክርስቶስ ናይ ምድኃን ሥራሕ] ዝተመሥረተ ኢዩ።ስለዚ እግዚኣብሔር እንተ ዘይተቋዊሙ ንምንታይ ኣድኃንካዮም ኢሉ ንእግዚኣብሔር ኮነ ንኣና ዝሓተና ከም ዘየለ ንምዝካር **"ኣምላኽ ምሳና ካብ ኮነ'ኸ መንዩ ዝቃወመና?"** ብምባል ኣተኣማማኒ ምድኃን እግዚኣብሔር ይገልጽ።ነዚ ሓቂ ሃና ብመንፈስ ቅዱስ ተሚሊኣ ክትጽሊ ከላ ከምዚ በለት "እግዚኣብሔር ይቐትል፡ የሕዊ ኸኣ፡ ናብ ሲኦል የውርድ፡ የውጽእ ድማ። እግዚኣብሔር የድኪ፡ የሀብትም ከኣ፡ ትሕት የብል፡ ክብ ድማ የብል።" [1 ሳሙ 2፡ 6-7]። ከምኡውን ነቢይ ኢሳይያስ "ንመንፈስ እግዚኣብሔር ዝመርመረ፡ ወይስ መኻሪኡ ኾይኑ ዝመሀሮኽ መን ኢዩ? ምስ መን ተማኸረ? ኣእምሮ ዝሀቦ፡ እቲ ቅኑዕ መንገዲ ኸኣ ዝመሀሮ፡ ፍልጠት ዘፍለጦ፡ መንገዲ ምስትውዓል ድማ ዘርኣዮኽ መን ኢዩ?" [ኢሳ 40፡13-14] ብምባል እግዚኣብሔር ልዑላዊ ጐይታ ከም ዝኾነ ተዛሪቦም።ንሕና ብግብርና ንርእስና ኣድኂንና እንተ ንኽውን ነይርና ንድኅነትና ኬነድንዕ ትጽቢት ምተገበረልና ነይሩ።ይኹን እምበር ንርእስና ኬነድኅን ስለ ዘይከኣልና እግዚኣብሔር ብወዱ ገይሩ ካብ ሞትን ኩነነን ኣድኂነና።ሕጂ ዝረኽብናዮ ድኅነት፣ ድኅነት እግዚኣብሔር ስለ ዝኾነ ውሕስነት ድኅነትና ዘሎ ኣብ ኢድ እግዚኣብሔር እምበር ኣብ ኢድና ስለ ዘይኮነ ድኅነትና ኣተኣማማኒ ኢዩ።

ቅዱስ ጳውሎስ በዚ ዓቢይ መለኮታዊ ምድኃን እግዚኣብሔር ካብ ኣድኂነና እግዚኣብሔር ምሳና ካብ ኮነ መን ኢዩ ዝኸሰና? ብምባል እንደገና ሕቶ ይሓትት። ሕጊ [ኦሪት] ዲዩ ዝኸሰና? መላእኽቲ ዲዮም ንምንታይ እዚ ኾነ? ኢሎም ዝሓቱ፣ ወይስ ሰይጣን ጸላኢና? ኣየናይ ፍጡር ኢዩ ኪሓተና ወይ ድማ ኪኸሰና ዚኽእል? ዝኾነ ኪኸሰና ኣይክእልን። ጳውሎስ ምኽንያቱ ኬብርህ ከሎ፣- እግዚኣብሔር እኮ ንዓና ዜድኃነና ብደም በጊዕ ወይ ድማ ብደም ዝራብዓት ወይ ድማ ብበጃነት ፍጡር ኣይኮነን፣ ነቲ ሓደ ናይ ባሕርይ ወዱ ከይነኃፈ፣ ሰብ ኮይኑ ኣብ መስቀል ሞት ኃጢኣተኛ ኪመውት ብምፍቃድ ዝፈጸሞ ሥራሕ ኢዩ። እግዚኣብሔር ንኣና ንምድኃን ዝኸፈለልና ዋጋ ካብ ዝኾነ ነገር ልዕሊ ኹሉ ኢዩ ይብል።

3, ድኅነትና ብበጃነት ወልድ ዝተፈጸመ ብምኺኑ ኢዩ

ሓደ ናይ ባሕርይ ወዱ ንየሱስ ክርስቶስ ምእንታና ኪብል ኣኅሊፉ ንናይ መስቀል ሞት ምሃቡ፣ ዕቤት ምድኃናን እግዚኣብሔር ንወዱ ብዝፍቀረሉ ፍቕሪ ንኣና ምፍቃሩ የረድእ። ብሞት ወዱ ንሞትና ቀቲሉ ምስኡ ሕይወት ካብ ሃበና፣ እምበኣርሲ ምስ ወዱ ሕይወት ጥራኅ ዘይኮነ ናይ እግዚኣብሔር ዝኾነ ኩሉ ምስ ክርስቶስ ንወርስ ብምባል ቅዱስ ጳውሎስ እሙንቶ ድኅነትና ይገልጽ። ከምዚ ብምባል፣-

እቲ ንወዱ እኳ ምእንቲ ኹላትና ኣኅሊፉ ዝሃበ እምበር፡ ዘይነታፎ፡ ከመይ ደኣኽ ምስኡ ኹሉ ዘይህበና፡ **[ሮሜ 8፡32]**

ምስ ክርስቶስ ሓቢርና ነቲ ናይ እግዚኣብሔር ዝኾነ ንኣና ድማ ዝተዳለወ መንግሥተ ሰማያት ከም ንወርስ ብምርግጋጽ ይጽሕፈልና።

III. ሮሜ ምዕራፍ 8፡31-34 ናይ ወዲ እግዚኣብሔር [ናይ የሱስ ክርስቶስ] ልዑላውነት ዜረጋግጽ መለኮታዊ ኣዋጅ ኢዩ

1, ጐይታ የሱስ ሕቶ ሰባት ዝመለሰ ኣምላኻዊ መልሲ ኢዩ [ሮሜ 8፡31-34]

ከመይ ገይረ ኣብ ቤት እግዚኣብሔር ኪነብር ኢየ? ንዝብል ሕቶ ምእመናን ሓዋርያ ጳውሎስ መልሲ ኪህብ ከሎ፣- ኣብ ቊጽሪ 31 እግዚኣብሔር ምሳና ካብ ኮነ መንዩ ዚቃወመና፣ ዝበሎ እንደገና ኣብ ቊጽሪ 33 ብድጋመ **“ነቶም ኣምላኽ ዝኃረዮም መንዩ ዝኽሶም?”** ብምባል ሥራሕ እግዚኣብሔር የደንቕ።

ኃጢኣት ንዝሠርሐ ሰብ ፍርዲ ሞት ከም ዝጽበዮ ፍሉጥ ኢዩ። ይኹን እምበር ኢየሱስ ኣብ ክንዳና ሞይቱ ኢዩ።ብምኺኑ ሓዋርያ ጳውሎስ ኣብ **ምዕራፍ 8፡1** ሕጂ ነቶም ብክርስቶስ ኢየሱስ ዘለዉ ኹነኔ [ፍርዲ] የብሎምን ዝበሎ ሓሳብ ብምጥንኻር፣ ካብ ፍርዲ እግዚኣብሔር ከኣ ከመይለ ኪድኅን ኢየ መንዩ ዜድኅነኒ

ንዝብል ሕቶ ወዲ ሰብ፣- ነቶም እግዚኣብሔር ብክርስቶስ ዝጸውዖምን ዝኃረዮምን መን'ዩ ዝኸሶም? ብምባል ካብ ክስን ፍርድን ሓራ ከም ዝወጻእና ይዛረብ።በዚ ድማ ሥራሕን መንነትን ጐይታ ኢየሱስ ከምዚ ብምባል ይገልጽ።

2, ጐይታ የሱስ ኣብ ሕያዋንን ሙታንን ዝፈርድ ዳኛ [ፈራዲ] ኢዩ።

ኣብ **ሮሜ 8:1** "እምብኣርሲ ሕጂ ነቶም ብክርስቶስ የሱስ ዘለዉ ኹነኔ [ፍርዲ] የብሎምን" ከምኡውን "ነቶም ኣምላኽ ዝኃረዮም መንዩ ዝኸሶም" [**ሮሜ 8:33**] ዝብል ኃይለ ቃል ኣመልኪቱ ብርግጹነት ዝኾነ ኪኸሰኩም ኣይክእልን ዝበሎ ምኽንያት ኬረድእ፡- እቲ ዜጽድቕ እግዚኣብሔር ኢዩ፡ እቲ ዚኹንንከ መን ኢዩ? ኢሉ ይሓትት። እቲ ዝኹንን ዝብል እቲ ዝፈርድ መን ኢዩ ማለቱ ኢዩ። መልሲ ኪህብ ከሎ ካብኡ ብምቕጻል ኣብ ቊጽሪ 34 **"እቲ ዝሞተ ኤረ እቲ ካብ ሙታን ዝተንሥአ ኣብ የማን እግዚኣብሔር ዘሎ ምእንታና ዚልምን ክርስቶስ የሱስ ኢዩ።"** ብምባል እምንቶ ድኅነትና ዝተኣሠረሉ መልሕቕና ጐይታ የሱስ ከም ዝኾነ ይገልጽ።

ኣብዚ ቅዱስ ጳውሎስ ብፍቓዱ ሰብ ንምድኃን ምእንቲ ሰባት ኪብል ዝሞተን ዝተንሠአን ጐይታ የሱስ ፈራዲ [ዳኛ] ኢዩ፣ ፈራዲ ስለ ዝኾነ ድማ ኣባና ኣይፈርድን ይብል። መፍትሕ ማዕጾ ሲኦል ኣብ ኢዱ ዘሎዎ ጐይታ የሱስ [ራእይ 1:18] ብኃጢኣትና ከይፍረደና ንሱ ከም ኃጢኣተኛ ተቈጺሩ ተፈሪድዎ ሞይትልና ኢዩሞ ሕጂ ብፈራድነቱ ኣይፈረደናን።መላእኽቲ ኣብ ሰባት ፍርዲ የፈጽሙ ይኾኑ እምበር ኪፈርዱ ኣይክእሉን።ሰባት ይልምኑ፣ ይምሕጸኑ ይኾኑ እምበር ኣብ ኃጢኣት ሰባት ኪፈርዱ ኣይክእሉን፣ ሰባት ንባዕሎም ምሕረት ክርስቶስ ይልምኑ፣ ይቕበሉ እምበር ምሕረት ኪህቡ ኣይክእሉን። ሰይጣን ንሰባት ኣብ ቅድሚ እግዚኣብሔር ይኸስስ እምበር ኣብ ሰባት ክፈርድ ኣይክእልን። ፈራዲ ጐይታና የሱስ ክርስቶስ ኢዩ። ጐይታ የሱስ ድማ ከይፍረደና ምእንታና ምእንቲ ኃጢኣተኛታት ሓደ ጊዜ ሞይቱ። እምበኣርሲ ነቶም እግዚኣብሔር ዝኃረዮምን ዜድኃኖምን መንዩ ዝኸሶም? መንዩ

ዝፈርዶም? መልሱ ዝኾነ የሎን! ዝብል ኢዩ።ኣብ መወዳእታ ኣብዚ ዓለም ምስ እንነብር መከራን ሽግርን ካብ ፍቕሪ ክርስቶስ ኪፈልየና ከም ዘይክእል የረድእ።

ኣብ ላዕሊ ብዝረኣናዮ ንባብ እንልከቶም መሠረታውያን ጉዳያት ኣሎዉ።እቲ ዜጽድቕ መን ከም ዝኾነ ብግልጺ ተዛሪቡ።ማለት ንታጢኣተኛታት ሰባት ኣብ ቅድሚኡ ብዘይ ነውርን ነቐፋን ኮይኖም ኪመላለሱ ዝገብር እግዚኣብሔር ጥራጎ ከም ዝኾነ፣ **“እቲ ዜጽድቕ እግዚኣብሔር ኢዩ”** ብምባል የረጋግጽ።

3, ጐይታ የሱስ ናይ እግዚኣብሔር ጽድቂ ንሰባት ዝገለጸሉ ኢዩ

መልእኽቲ ሮማ ዝዛረቦ ብዛዕባ ምግላጽ ጽድቂ እግዚኣብሔርን እዚ ዝተገልጸ ጽድቂ እግዚኣብሔር ሰባት ብዘይ ዝኾነ ሠናይ ግብሮም ንስሓ ኣትዮም ዝቕበልዎ፣ ሥርየት ታጢኣትን ውልድነት እግዚኣብሔርን ዚረኽብሉ ጽድቆም የሱስ ምኺኑ ዝእውጅ መልእኽቲ ኢዩ።ስለዚ ቅዱስ ጳውሎስ እቲ ዜጽድቕ መን ኢዩ? ኢሉ ዝሓተቶ ሕቶ ባዕሉ ብምምላስ እግዚኣብሔር ከም ዝኾነ የረጋግጸልና።

እቲ ዜጽድቕ እግዚኣብሔር ከም ዝኾነ ባዕሉ እግዚኣብሔር ጽድቅና ኢዩ።ጽድቂ ሰብ ከንቱ ከም ዝኾነ ኢሳይያስ፣ “ኩላትና ኸም ሓደ ርኹስ ኰንና፡ ብዘሎ ጽድቅና ኸኣ ከም ጽዩቕ ክዳን ኢዩ፡ ኩላትና ኸም ቈጽሊ ቐምሰልና፡ ኣበሳና ድማ ከም ንፋስ ይብቀኦና ኣሎ።” [ሮሜ 64፡6] ብምባል ከንቱነት ጽድቂ ሰባት ይዛረብ።ጽድቂ እግዚኣብሔር ድማ ኤርምያስ “ዚሥመየሉ ስም ከኣ፡ እግዚኣብሔር ጻድቅና ኢዩ፡ ኪኸውን ኢዩ።” ተብሂሉ [ኤር 23፡6፡ 33፡16]።ኣብ ሓዲስ ኪዳን ብዛዕባ ጽድቂ እግዚኣብሔር ምግላጽን ምሃብን ቅዱስ ጳውሎስ፣-

“ሕጂ ግና እቲ ብሕግን ነቢያትን እተመሥከረሉ ጽድቂ ኣምላኽ ብዘይሕጊ [ኦሪት] ተገልጸ።ማለት፡ ጽድቂ ኣምላኽ ብምእማን ብየሱስ ክርስቶስ ንዚኣምኑ ኹላቶም ኢዩ፡ በዚ ሌላን ጉሌላን የልቦን እሞ” [ሮሜ 3፡21-22]

ብምባል እቲ ዜጽድቕ እግዚኣብሔር፣ ዝተገልጸ ድማ ብወዱ ብየሱስ ክርስቶስ ከም ዝኾነን እንቕበሎ ድማ ብእምነት ከም ዝኾነ የረጋግጽ።ኣንታ ብጽድቕኻ እትምክሕ ሰብ! ጽድቅኻ ኣብ ቅድሚ እግዚኣብሔር ከም ጨርቂ መርገም ኢዩ፣ ንክርስቶስ ዝኣምኑ ግና እግዚኣብሔር ጽድቆም ኢዩ።

4, ጐይታ የሱስ ክርስቶስ ዘለዓለማዊን ሕያውን ኣምላኽ ኢዩ፣

ኣብ ሮሜ ቊጽሪ 33-34 እንደገና እቲ ዝኹንንከ መን ኢዩ? ኢሉ ብምሕታት ጳውሎስ ባዕሉ ኪምልስ ከሎ ከምዚ ይብል፣-**“እቲ ዝሞተ ኤረ ካብ ምውታን ዝተንሥአ ኣብ የማን እግዚኣብሔር ምእንታና ዚልምን ዘሎ ክርስቶስ የሱስ ኢዩ”** ብምባል ብዛዕባ ሕያውነትን ፈራድነትን ክርስቶስ የሱስ ይዛረብ።ኣብ ውሽጢ እዚ ንባብ ቅዱስ ጳውሎስ ብዛዕባ መንነት እቲ ኰናኒ [ፈራዲ] ኪዛረብ ከሎ ኰናኒ [ፈራዲ] “እቲ ዝሞተ፣ ኤረ ካብ ምውታን ዝተንሥአ ኣብ የማን እግዚኣብሔር ዘሎ ምእንታና ዚልምን ክርስቶስ የሱስ ኢዩ” ብምባል መብርሂ ይህብ።በዚ ከኣ ጐይታ የሱስ ሓደ ጊዜ ኣብ ክንዲ ኃጢኣተኛታት ከም ዝሞተ፣ ንሞት ሥዒሩ ከም ዝተንሥአን ዳግማይ ከም ዘይመውትን፣ ካብ ሙታን ተፈልዩ ዝተንሥአ ጐይታ የሱስ ኣብ የማን ኣቡኡ ብኽብሪ ከም ዝተቐመጠን ምእንቲ ምእመናን ዚማልድ ሊቀ ካህናት ከም ዝኾነን የብርህ።

በዚ ፈራዲ ዝተባህለ ጐይታ የሱስ **ቀዳማይ**፣-ሞይቱ ዝተንሥአ ኢዩ፣ **ካልኣይ**፣- ኣብ የማን እግዚኣብሔር ተቐሚጡ ዘሎ ኢዩ፣ **ሣልሳይ**፣- ምእንቲ ምእመናን ዚማልድ ንሱ ኢዩ ይብለና።በዚ ዓውዲ ንባብ መሠረት ጐይታ የሱስ ኰናኒ [ፈራዲ] ኣብ ሕያዋንን ሙታንን ፈራዲ ከም ዝኾነ የርኢ [ዮሓ 5:27]

5, ጐይታ የሱስ ክርስቶስ ኣብ የማን ኣቦ ዘሎ ዘለዓለማዊ ሊቀ ካህናት ኢዩ፣

ኣብ ሮሜ 8:34 ዘልዓልናዮን መብዛኅትና ኪንቕበሎን ንምእማን እንሸገረሉን ቃል **“ኣብ የማን ኣምላኽ ኰይኑውን ምእንታና ዚልምን ዘሎ ክርስቶስ የሱስ**

ኢዩ።” ኣብ ዝብል ኃይለ ቃል ዝርከብ **“ዚልምን”** ዝብል ቃል ኢዩ።ቅዱስ ጳውሎስ ብረዲኤት መንፈስ ቅዱስ **“ዚልምን”** ኢሉ ጽሒፍዎ። ሓደ ሓደ ሰባት ከምዚ ዝብል ስለ ዘይመስሎም ብዛዕባ እዚ ቃል [ዚልምን] ዝብል ብድጋመ ሓጺር መግለጺ ምሃብ የድሊ።

ብዛዕባ ኣገልግሎት ሊቀ ክህንነት ጐይታና የሱስ ክርስቶስ ኣመልኪቱ ቅዱስ ጳውሎስ ኣብ ዕብራውያን 2:14ን 4:16 ብግልጺ ኣስፊርዎ ኢዩ።

“ስለዚ ነቲ ኃጢኣት ሕዝቢ ምእንቲ ኼተሓርቕ፡ ብናይ ኣምላኽ ዘበለ ደንጋጽን እሙንን ሊቀ ኻህናት ምእንቲ ኪኸውን ብኹሉ ነቶም ኣኀዋቱ ኺመስሎም ተገብኦ። ንሱ ባዕሉ ኺፍተን ከሎ ተሰቅዩ ኢዩ እሞ፡ ነቶም ዚፍተኑ ኺረድኦም ይከኣሎ ኢዩ።” [ዕብ 2:17-18]

ብምባል ሓዋርያ ቅዱስ ጳውሎስ ኣምላኽ ሰብ ዝኾነሉ ምኽንያት ኣብ ውሽጢ እዚ ኃይለ ቃል ብግልጺ ይዛረብ። “ኃጢኣት ሕዝቢ ምእንቲ ኼተሓርቕ፡ ብናይ ኣምላኽ ዘበለ ኹሉ” ይብል።ምእመናን ናይ እግዚኣብሔር ስለ ዝኾኑ ኣብኣቶም **“ዝድንግጽን እሙንን ሊቀ ካህናት”** ኪኸውን **“ነኀዋቱ ኪመስሎም ተገብኦ”** ብምባል ሰብ ከም ዝኾነን ብሥጋን ደምን ካባና ብምክፋሉ **“ኃውና”** ኮይኑ። ነስተውዕል ሰብ ዝኾነሉን ኃውና ዝተባህለሉን ቀንዲ ምኽንያት ሊቀ ካህናት ኪኾነና ኢዩ።

ሊቀ ካህናት ሰብ ኪኸውን ይግብኦ።ሓዋርያ “ካብ ማእከል ሰብ እተወልደ ሊቀ ኻህናት ዘበለስ፡ መባእን ሕሩድን ስለ ኃጢኣት ምእንቲ ኺሠውዕ፡ ብናይ ኣምላኽ ነገር ስለ ሰብ ኢዩ ዚሠየም፡” [ዕብ 5:1] ሊቀ ካህናት ሰብ ኪኸውን ዜድለየሉ ሓደ ምኽንያት ባዕሉ መከራን ፈተናን ስለ ዝፈልጥ ንዝፍተኑን ብመከራ ንዝኃልፉን ምእመናን ስለ ዝድንግጸሎምን ስለ ዝርህርሃሎምን ናብኡ ንዝቐርቡ ድማ ኪረድኦምን ኬድኅኖምን ኢዩ።

ቅዱስ ጳውሎስ ብክርስቶስ ኣሚኖም ውልድነት ዝረኸቡ ወገናት እግዚኣብሔር ምሕረት ንምርካብ ናብ ፍጡራን ዘይኮነ ፍጹም ኣምላኽን ፍጹም ሰብን ኮይኑ

ምእንቲ ኃጢኣትና ሞይቱ ዝተንሥአን ብግርማ ኣብ የማን ኣቦ ዝተቐመጠ ሊቀ ካህናት ናብ ጐይታ የሱስ ክርስቶስ ብትብዓት ኪንቀርብ ይመኽረና።

“ደኒም ብዘይ ኃጢኣትሲ፡ ብኹሉ ኸምዚ ኸማና እተፈተነ ኢዩ እምበር፡ ብድኻምና ኺድንግጸልና ዘይኽእል ሊቀ ካህናት የብልናን እሞ፡ ብሰማያት ዝኀለፈ ዓብዪ ሊቀ ካህናት፡ የሱስ ወዲ ኣምላኽ ካብ ዚህልወናስ፡ ምእማንና ነጽንዕ።ስለዚ ምሕረት ምእንቲ ኽንቕበል፡ ብጊዜ ጸበባውን ንረዲኤትና ዚኸውን ጸጋ ኽንረክብ፡ ብትብዓት ናብ ዝፋን ጸጋ ንቕረብ።” [ዕብ 4፡14-16]።

ብምባል ጐይታ የሱስ ዓቢይ ሊቀ ካህናት ኮይኑ ኣብ የማን ኣቦ ምእንታና ከም ዝተቐመጠ የርኢ።ንሱ ካብ ፍጡራን ሰባት፣ ካብ ካህናት ብሉይ ኪዳን ንላዕሊ ርህሩህ፣ መፍቀሬ ሰብ ነፍሱ በጃ ገይሩ ዝሃበና ኣምላኽና ኢዩ።ሊቀ ካህናት ጐይታና የሱስ ክርስቶስ ኣብ ሰማያት ከም ዝነብር፣ ወዲ እግዚኣብሔር ብምባል ኣምላኽነቱ፣ ሊቀ ካህናት ብምባል ሰብነቱ ይገልጽ።ብዛዕባ ግብሩ ኪዛረብ ድማ ኣብ ድኻምና ዝድንግጸልና ሊቀ ካህናት ኮይኑ ምሕረትን ረዲኤትን ንምርካብ ናብኡ ንዝቐርቡ ኩሎም ምእመናን ምሕረት ኪህብን ፈጺሙ ኬድኅኖምን ኪረድኦምን ኣብ የማን ኣቦ ምቕማጡ ንርዳእ።ነዚ ሓቂ ቅዱስ ዮሓንስ ኣፈወርቂ **“ፈጺሙ ኬድኅኖም ይኽእል”** ንዝብል መልእኽቲ ዕብራውያን [ዕብ 7፡25] ኬብርህ ከሎ ከምዚ ይብል፣

-

“What is “to the uttermost”? he hints at some mystery. Not here only [he says] but there also He saves them that “come unto God by Him.” How does He save? “In that He ever liveth” [he says] “to make intercession” for them.” Thou seest the humiliation? Thou seest the manhood? For he says not that he obtained this, by making intercession once for all, but continually, and whensoever it may be needful to intercede for them.ትርጉም፣- “**ፈጺሙ**” ኪብል ከሎ እንታይ ማለቱ ኢዩ? ሓደ ምሥጢር የርኢ።ኣብዚ ጥራኅ ዘይኮነ ኣብኡ’ውን [ኣብ ሰማይ] “ነቶም ብእኡ ኣቢሎም ናብ እግዚኣብሔር ዝመጽኡ” ከመይ ከም ዜድኅኖም’ዶ

ርኢኻ? "ኣብኡ ንዘለዓለም ይነብር" "ምእንታኦም ኪማልደሎም" ሰብ ምኺኑ'ዶ ርኢኻ? ፈጺሙ ኬድኅኖም።ትሕትናኡ'ዶ [ምውራዱ] ርኢኻ? እዚ ሓደ ጊዜን ንመወዳእታን ኣማሊዱ ረኺቡ ኣይበለን፣ ነገር ግና ኩሉ ጊዜ ብዘይ ምቑራጽ ኣድላዪ ኣብ ዝኾነሉ ኩሉ ጊዜ ምእንታኦም ይማልድ። **[ዮሓንስ ኣፈወርቂ ትርጓሜ ገጽ 429]**[82]

ሊቀ ካህናት ማለት ምንታይ ብህለት ኢዩ?

ገለ ገለና ሊቀ ካህናት ዝብል ቃል ኪንሰምዕ ከሎና ኣብ ወረዳ ቤተ ክህነት፣ ንካህናት ዜመታድርን ዝመርሕን ሓለቓ ካህናት፣ ብሰባት ዝወሃብ ናይ ቤተ ክህነት ሚመትን ሥልጣንን ይመስለና።ስለዚ ጐይታ የሱስ ሊቀ ካህናት ኢዩ ኪንብል ከሎና ክብሩ ዜትሓትና ይመስለና።ስለዚ ድማ ሊቀ ካህናት ዝብል ስም [ሚመት] ንሰባት እምበር ንክርስቶስ ምኺኑ ንምዝራብ ንታፍር።

ይኹን እምበር፣ ኣብ ሓዲስ ኪዳን ኣብ መንጌ ሰብን ኣምላኽን ማእከላይ ዝኾነ ሊቀ ካህናት ብጀካ የሱስ ክርስቶስ ካልእ ዝኾነ ከም ዘየሎ ኪንፈልጥ ይግብኣና። ንኣገልግሎት ሊቀ ክህንነትን ሥልጣንን ክርስቶስ ንምርዳእ ኣገልግሎት ብሉይ ኪዳን ከመይ ከም ዝመስል ምርኣይ የድሊ።

ብቕልጽም እግዚኣብሔር ካብ መሪር መግዛእቲ ፈርዖን ሓራ ዝወጽኣት፣ ብእግዚኣብሔር፣ ሕዝቢ ዝተባህለት እስራኤል፣ ካብ ኣምላኻ ምስ እግዚኣብሔር ዝነበራ ርክብ ኪቕጽል ሕጊ ተዋሂብዋ። ብመሠረት ሕጊ ካብ ማእከል ሕዝቢ ብእግዚኣብሔር ብዝተመርጹ ሰባት ማእከላውነት ኣብ ማእከል እግዚኣብሔርን እስራኤልን ማእከላይ ኮይኖም ዜገልግሉ ሠለስተ ዓይነት ኣገልገልቲን ኣገልግሎትን ነበሩ።እዞም ኣገልግሎታት 1ይ.**ንጉሥነት**፣ 2ይ.**ነቢይነት**፣ 3ይ.**ኣገልግሎት ሊቀ ክህንነት** [ናይ ገዛኢነት፣ ናይ ትንቢትን ሊቀ ክህንነት] ኢዮም።

[82] Philip Schaff, and henry Wace, Nicene, and Post Nicene Fathers Vol. 14.Homilies on the Gospel of St. John and the Epistle to the Hebrews [USA: Hendrickson Publishers, 1999] p.429

ቀዳማይ፣- *ኣገልግሎት ንግሥነት* [ገዛኢነት] ንሕዝቢ እግዚኣብሔር [እስራኤል] ዜመጸድርን ዝመርሕን ሰብ ንጉሥ ይበሃል።ንጉሥ ንእግዚኣብሔር ወኪሉ ኣብ ሕዝቢ እግዚኣብሔር ይፈርድ፣ ይጻሲ፣ የመጸድር። ንጉሥ ዝሥየም ብፍቓድ እግዚኣብሔር ኢዩ። ኣገልግሎት ንግሥነት [ገዛኢነት] ኣብ ሕዝቢ እግዚኣብሔር ዝነገሠ ሰብ ናይ ሕዝቢ መራኺን ኣመሓዳሪን ኮይኑ ዝህቦ ኣገልግሎት ኢዩ።ኣብ ሕዝቢ እግዚኣብሔር ንጉሥ ኮይኑ ዝሥየም ሰብ እምበር መላእኽቲ ኣይኮነን።

ካልኣይ፣- *ኣገልግሎት ትንቢት*- ነቢይ ንእግዚኣብሔር ወኪሉ ትእዛዝን ፍቓድን እግዚኣብሔር ንሕዝቢ ዝዛረብ መልእኽተኛ ማለት ኢዩ።ነቢይ ንሕዝቢ ዝዛረቦ ቃል እግዚኣብሔር ትንቢት ይበሃል።ነቢይ ካብ እግዚኣብሔር ዝሰምዖ ቃል እግዚኣብሔር ንሕዝቢ ዝዛረብ ኣፍ እግዚኣብሔር ማለት ኢዩ።ነቢያት ብሉይ ኪዳን ካብ እግዚኣብሔር ዝሰምዕዎን ዝፈልጥዎን ትንቢቶም ውሱን ኢዩ።ነቢያት ትንቢት ንሕዝቢ ዝዛረቡ ሰባት ኢዮም።ኣገልግሎት ትንቢት ንሰባት እምበር ንመላእኽቲ ኣይተዋህበንም።እቶም ነቢያት ብዛዕባ ፍቓድ እግዚኣብሔርን ወቕታዊ ጉዳይን መጻኢ ዘመንን ነገር እንታይ ከም ዝኸውን ይዛረቡ።

ሳልሳይ፣- *ኣገልግሎት ሊቀ ካህናት*- ኣገልግሎት ሊቀ ካህናት ማለት ብምኽንያት ኃጢኣት ምስ እግዚኣብሔር ዝተጻለአ ሕዝቢ ኣገልግሎት ምትዕራቕ ማለት ኢዩ።እዚ ኣገልግሎት ሕዝቢ እግዚኣብሔር ዝተዋህቦም ሕጊ ምስ ዜፍርሱን ኃጢኣት ምስ ዝሠርሑ ፍርዲ ስለ ዝጽበዮም፣ ብመሠረት ዝተሓገገ ድንጋገ ሕጊ ካብ ፍርድን መቕጻዕትን እግዚኣብሔር ንምድኃን ኃጢኣተኛታት ኣብ ክንዲ ኃጢኣቶም ዝመውት መሥዋዕቲ እንሰሳ ኒዞም ዝቐርብሉ ሥርየት ኃጢኣት ዝረኽብሉ ኣገልግሎት ኢዩ።እዚ ኣብ ክንዲ ኃጢኣተኛታት ንምሥዋዕ ዝቐርብ መሥዋዕቲ ኒዙ ኣብ ቅድሚ እግዚኣብሔር ዜቕርቦ ነቲ ኃጢኣተኛ ሰብ ካብ ኃጢኣቱ ኣንጺሑ ምስ እግዚኣብሔር ዜተዓርቐ ሰብ [ኣገልጋሊ] ሊቀ ካህናት ይበሃል።

ኣብ ብሉይ ኪዳን ነዚ ኣገልግሎት ምልጃን ምትዕራቕን ዝፍጽሞ ሊቀ ካህን ዝሥየም ብእግዚኣብሔር ኢዩ።ሊቀ ካህን ዝኸውን ሰብ ነገዱ ሌዋዊን ካብ ወገን ኣሮን ዝኾነ ጥራጎ ኢዩ።ሌዋውያን ዝኾኑ ብዙኃት ኣገልገልቲ ቤተ መቕደስን ካህናትን እንተ ነበሩ'ኳ ምእንቲ ኃጢኣት ሕዝቢ መሥዋዕቲ ኒዙ ዝቐርብ ሊቀ ካህናት ሓደ ጥራጎ

ኢዩ።ንሱ ምስ ሞተ ካልእ ሰብ ይትካእ።እቲ ሊቀ ካህናት ንባዕሉ ታጢኣት ስለ ዝሠርሕ ኣቐዲሙ ምእንቲ ታጢኣቱ፣ ካብኡ ከኣ ምእንቲ ታጢኣት ሕዝቢ መሥዋዕቲ ኂሡ ኣብ ቅድሚ እግዚኣብሔር ይቐርብ።ስለዚ ኣገልግሎት ሊቀ ክህንነት ማለት ኣገልግሎት ምትዕራቕ ወይ ድማ ኣገልግሎት ምምላድ ማለት ኢዩ።

ምስ እነጠቓልሎ እዞም ሠለስተ ሚመታት ኣገልግሎት ዝወሃብ ካብ እግዚኣብሔር ንሕዝቢ እግዚኣብሔር ኪኸውን ከሎ፣ እቶም ተሠየምቲ ድማ ሰባት ኢዮም። መላእኽቲ ወይ ድማ ካልኦት ፍጡራን ኣይኮኑን [ዕብ 2:16-17] ነዞም ሠለስተ ኣገልግሎታት ንንግሥነት፣ ንነቢይነትን ንሊቀ ክህንነትን ብቕኡዓት ንምኺን ሰባት ይቕብኡ። "ምቕባእ" ማለት ምሸም ማለት ኢዩ።ብኻልእ ኣበሃህላ ብድርኢ "**ክርስቶስ**" ማለት "**ዝተቐብአ፣ ቅቡእ**" ማለት ኪኸውን ከሎ ብዕብራይጢ ከኣ ትርጕሙ "**መሢሕ**" ማለት ኢዩ።

ትርጉም ቃል ክርስቶስን የሱስ ንሱ ክርስቶስ ምኺኑን

ኣብ ብሉይ ኪዳን ዝነበሩ እዞም ሠለስተ ኣገልግሎታት፣ ካብ ምንኣስ ብቕዓት እቶም ዜገለግልዎ ኣገልገልቲ ዝተላዕለ እቲ ኣገልግሎት ፍጹም ኣይነበረን።እዚ ድማ ነገሥታት ሕዝቢ ብዝግባእ ኪመርኑ ብዘይ ምኽኣሎም፣ ነቢያት ድማ ዝሰምዕዎን ዝፈልጥዎን ብኽፊል ብምኺኑ፣ ሊቀ ካህናትን መሥዋዕቱን ንሰብ ኣብ ቅድሚ እግዚኣብሔር ፍጹምን ንጹሕን ገይሮም ኬቕርቡ ስለ ዘይከኣሉ፣ ነዞም ኣገልግሎታትን ተገልገልቲን ፍጹማን ኪገብር ዝኽእል ሰብ ምርካብ ኣብ ኣይሁድ ቀንዲ ነገር ነበረ። ነዘን ሠለስተ ኣገልግሎታት ዝፍጽም ሰብ ብዕብራይጥ "**መሢሕ**" ብድርኢ "**ክርስቶስ**" ይበሃል።ኣይሁድ መሢሕ ወይ ድማ "**ክርስቶስ**" ካብኣቶም ከም ዝውለድ ብሃረርታ ዝጽበይዎ ቀንዲ ተስፋኦም ነበረ። "**የሱስ**" ማለት "መድኃኒ" "መድኃኒት" ማለት ኪኸውን ከሎ ንሕዝቡ ካብ ታጢኣቶም ስለ ዜድኅኖም ብገብርኤል መልኣኽ **"ስሙ የሱስ ክትብሎ ኢኻ"** ተብሂሉ ዝወጽኣሉ ናይ ተዋሕዶ ስሙ ኢዩ [ማቴ 1:21]

ኣይሁድ ንዮሓንስ መጥምቕ ንስኻ እቲ ነቢይ ዲኻ፣ ክርስቶስ ዲኻ፣ ወይስ ንስኻ መን ኢኻ፣ ቢሎም ይሓትዎ ነበሩ።ዮሓንስ ድማ ኣነ እቲ ነቢይ፣ ክርስቶስ ኣይኮንኩን።ኣብ

ምድረ በዳ ዚእውጅ ድምፂ ኢየ ቢሉ መሊሱ [ዮሓ 1:24] ካብዚ ኣበሃህላ እንርድኦ ኣይሁድ ንመሢሑም ይጽበዩ ከም ዝነበሩ ኢዩ።

ሓዋርያት ድማ ኣብ ወንጌሎም ኣብ ኩሉ ዝበጽሕዎ ምኩራብ ኣይሁድን ኣገልግሎቶምን **“የሱስ ንሱ ክርስቶስ”** ኢዩ ብምባል ኣይሁድ ንየሱስ ኪኣምንዎ ኣጥቢቐም የረድእዎም ነይሮም [ዮሓ 20:31፡ግብ፡ሓዋ 5:42 ግብ፣ሓዋ 17:3፡ 18፡ 5 ፡19፡28] ምኽንያቱ ድማ ብሃንቀውታ እትጽበይዎ ንጉሥኩም፣ ነቢይኩም፣ ሊቀ ካህናትኩም “መሢሕ” ወይ ድማ “ክርስቶስ” ወልደ ድንግል ማርያም የሱስ ኢዩ ብምባል ብዛዕባ የሱስ ይነግርዎም ነይሮም።ኣይሁድ ንየሱስ ኣመንዎ ተቐቢሎሞ ማለት፣ የሱስ ሠለስተ ኣገልግሎት ብሉይ ኪዳን ንምፍጻም ዝመጻእካ ንጉሥና፣ ነቢይና፣ ሊቀ ካህናትና ኢኻ፣ “ክርስቶስና” ወይ ድማ “መሢሕና” ንስኻ ኢኻ ቢሎም ተቐቢሎሞ ማለት ኢዩ። ኣይሁድ ንየሱስ ኣይተቐበልዎን ማለት ከኣ መሢሕና ኣይኮንካን ወይ ድማ “ነቢይና” “መሢሕና”ን “ሊቀ ካህናትናን ኣይኮንካን ኢሎም ክሒዶሞ ማለት ኢዩ።

ጐይታና የሱስ ክርስቶስ ነዞም ሠለስተ ኣገልግሎታት ንምፍጻም ሰብ ኮይኑ ናብዚ ምድሪ መጺኡ።ይኹን እምበር ኣይሁድ ንየሱስ ካብ እግዚኣብሔር ዝተላእከ ነቢይ፣ ኃጢኣት ሕዝቢ ዜሥተስሪ ሊቀ ካህናትን ኣብ ዝፋን ዳዊት ዝቕመጥ ንጉሥ ገይሮም ኣይተቐበልዎን። እዚ ማለት ክርስቶስነቱ ኣይተቐበሉን ማለት ኢዩ።ንየሱስ ስለ ዘይተቐበልዎ ካልእ “መሢሕ” ካልእ “ክርስቶስ” ንጽበ ኢሎም “ንክርስቶሶም” “መሢሑም” ክሒዶም ቀቲሎሞ ማለት ኢዩ።

ኣብዚ ነስተውዕል “መሢሕ” ወይ ድማ “ክርስቶስ” ምስ እንብል ሠለስቲኦም ኣገልግሎታት፣ ኣገልግሎት ትስብእት ምኺኖም ኪንዝንግዕ የብልናን።ኣምላኽ ሰብ ዝኾነ ነዘን ኣገልግሎታት ንምፍጻም ኢዩ።ሎሚ ክርስቲያናት ናይ የሱስ “ክርስቶስነት” ማለት ሊቀ ክህንነቱን፣ ንጉሥነቱን፣ ነቢይነቱን እንተ ዘይተቐቢልና ካብቶም ዝቐተልዎ ኣይሁድ ዝፈልየና ዝኾነ ዓይነት የሎን።ብምኺኑ ኣብዚ ዘመን ዘሎና መማህራን ንኹን ምእመናን፣ ኣገልግሎት ሊቀ ክህንነት [ምትዕራቕ] የሱስ ክርስቶስ ምኽሓድን ካልእ ኣማላዲ፣ ኣተዓራቒን ማእከላይን ምሻም ወይ ድማ ብጀካ ክርስቶስ ካልእ ኣተዓራቒ ኣሎ ምባል ማለት፣ ኣይሁድ ንየሱስ “ክርስቶስነት”

ከም ዝኽሓድዎ ምኽሓድ፣ ኣይሁድ ካብ ተስፋኦም ከም ዝጐደሉ ንሕናውን ከም ንጐድል ፍሉጥ ኢዩ።ስለዚ የሱስ ንሱ ክርስቶስ ኢዩ እንተ ኢልና ንሱ ንጉሥና፣ ነቢይና፣ ሊቀ ካህናትና ኢዩ ማለትና ኢና።ንጉሥነቱ ተቐቢልና ሊቀ ክህንነቱ ወይ ድማ ነቢይነቱ ምጕዳል ክርስቶስነቱ ምኽሓድ ኢዩ።ብኻልእ ኣበሃህላ ሥራሕ ትስብእቲ ክርስቶስ ብምኽሓድ ሰዓብቲ መናፍቕ ኣውጣኪ {Euthicus] ምኺን ኢዩ።

ንጽጽር ኣገልግሎት ሊቀ ክህንነት ጐይታናን ሊቃነ ካህናት ብሉይ ኪዳንን

ኣቐዲምና ከም ዝገለጽናዮ ክርስቶስ ማለት ዝተቐብአ ማለት ኢዩ ኢልና።የሱስ ንሱ ክርስቶስ ኮይኑ ዝተቐብኣሉ ምኽንያት ቀዳማይ፣ ሊቀ ካህናት ኮይኑ ታጢኣት ሕዝቡ ኬሥተስሪ ኢዩ። ዜሥተስርዮ ድማ ባዕሉ መሥዋዕቲ፣ ባዕሉ መሥዋዕቲ ሠዋዒ ሊቀ ካህናት ኮይኑ፣ ባዕሉ ተቐባሊ መሥዋዕቲ ኣምላኽ ኮይኑ ኢዩ። መሥተስርዪ ታጢኣት ድማ ከም ሊቀ ካህናት ብሉይ ኪዳን ጸጽባሕ መሥዋዕቲ ብምቕራብ ንሥጋ ጥራጳ ዜንጽሕ ኣይኮነን። ገዛእ ሰብነቱ [ሥጋኡን ደሙን] ሓደ ጊዜ ብምቕራብ ኣብ ቅድሚ እግዚኣብሔር ሕልና ሰብ ብምንጻሕ ንዘለዓለም ቅዱስ ዚገብር መሥዋዕቲ ኢዩ።እቲ ሊቀ ክህንነቱ ድማ ከም ሊቀ ካህናት ብሉይ ዝሞውትን ብኻልእ ዝትካእን ኣይኮነን። ጐይታና የሱስ ክርስቶስ ዘይመውት፣ ንሞት ስዒሩ ዝተንሥአ፣ ዘለዓለማዊ ስለ ዝኾነ እቲ ሊቀ ክህንነቱ ዘለዓለማዊ ኢዩ።ሊቀ ካህናት ብሉይ ኪዳን ዜቕርቦ መሥዋዕቲ ጽበጽባሕ ኢዩ።መሥዋዕቲ ጐይታና ዘለዓለማዊን ዘይድገምን ፈጺሙ ንሰባት ዜንጽሕ መሥዋዕቲ ኢዩ።

መሥዋዕቱ

1ይ. መሥዋዕቲ ብሉይ ኪዳን ሥጋን ደምን እንሥሳታት ኢዩ።መሥዋዕቲ ጐይታና ግና መለኮት ዝተዋሓዶ ናይ ባዕሉ ሰብነት ኢዩ።

2ይ. መሥዋዕቲ ብሉይ ኪዳን ንሓደ ጊዜ መሥተስረዪ ታጢኣት ዝቕርብ ኢዩ። ጽበጽባሕ ኬቕርብ ይሕተት።መሥዋዕቲ ጐይታና ግና ሓደ ጊዜ ሥጋኡ [ሰብነቱ] ብምቕራብ ናብኡ ንዝመጽኡ ብምልኦም ንዘለዓለም ንጹሓን ይገብሮም።

3ይ. መሥዋዕቲ እንሥሳ ብሉይ ኪዳን ንሥጋ ኬንድሕ ዝኽእል ኪኸውን ከሎ ሥጋዊ ሥርዓት ኢዩ። መሥዋዕቲ ጐይታና የሱስ ክርስቶስ ግና ንሥጋን ንሕልናን ኣብ ቅድሚ እግዚኣብሔር ንጹሕ ገይሩ ዜቕርብ መንፈሳዊ መሥዋዕቲ ኢዩ።

4ይ. ሊቀ ካህናት ብሉይ ኪዳን መሥዋዕቲ እንሥሳ ኂሡ ዝኣተወ ምሳሌ እታ ሰማያዊት ዝኾነት ብኢድ ሰብ ናብ ዝተሃንጸት ምድራዊት ቤተ መቕደስ ኢዩ። ጐይታና የሱስ ክርስቶስ ግና ንገዛእ ርእሱ ሓደ ጊዜ ምስ ሠውዐ ዝኣተወ ብኢድ እግዚኣብሔር ናብ ዝተሃንጸት ካብዚ ዓለም ዘይኮነት ናብ ሰማያዊትን ሓቀኛን መቕደስ ኢዩ።

ሊቀ ክህንነቱ

1ይ. ሊቀ ካህናት ብሉይ ኪዳን ኣቐዲሙ ምእንቲ ኃጢኣት ገዛእ ርእሱ መሥዋዕቲ የቕርብ።ሊቀ ካህናት ጐይታና የሱስ ክርስቶስ ግና ኃጢኣት ስለ ዘይብሉ ምእንቲ ገዛእ ርእሱ ዜቕርቦ መሥዋዕቲ የሎን።

2ይ. ሊቀ ካህናት ብሉይ ኪዳን መዋቲ ስለ ዝኾነ ንሱ ኪመውት ከሎ ካልእ ሰብ ይሥየም።ጐይታና የሱስ ክርስቶስ ግና ንሞት ስሚሩ ዝተንሠአን ዘይመውት ዘለዓለማዊ ስለ ዝኾነ ሊቀ ክህንነቱ ዘለዓለማዊ ኢዩ።ብኻልእ ብማንም ኣይትካእን፣ ኪትካእ ኣይክእልን።

3ይ. ሊቀ ካህናት ብሉይ ኪዳን ሰብ ጥራጎ ብምኺኑ ብብዙኅ ድኻም ዝተመልአ ኢዩ።ጐይታና የሱስ ክርስቶስ ግና ብዘይ ድኻም ዝኮነ ብተዋሕዶ ዝኸበረ ፍጹም ኣምላኽን ፍጹም ሰብን ብምኺኑ ካብ ሊቀ ካህናት ብሉይ ኪዳን ብጣዕሚ ዝሓሸን ዝበለጸን ኢዩ።

4ይ. ሊቀ ካህናት ብሉይ ኪዳን ንሕዝቢ ካብ ኃጢኣቶም ኪሕልዎም ኣይክእልን። ጐይታ የሱስ ግና ንሕዝቢ ካብ ኃጢኣቶም የድኅኖም ሰዓርቲ ኪኾኑ ዓወት ይህቦም።

5ይ. ሊቀ ካህናት ብሉይ ኪዳን ገለ ገሊኦም ብፍላይ ድማ ከም ቀያፋን ሓናንያን ዝበሉ፣- ንሰብ ይኸሱ [ከሰስቲ ኢዮም] የቕትሉ፣ [ቀተልቲ ነፍሲ ኢዮም] የሳድዱ፣ ይሕስዉ፣ ብገንዘብ ይድልሉ፣ [ጉበኛታት ኢዮም] ሰብ ጥቕሚ ኢዮም። ሊቀ ክህንነት

ጐይታና የሱስ ክርስቶስ ግና ከምዚ ኣይኮነን። ምእንቲ ሕዝቡ ዝርህርህ፣ ዝምሕር፣ እሙን፣ ምእንቲ ኃጢኣተኛታት ንገዛእ ርእሱ ኣጎሊፉ ዝህብ፣ ኣፍቃሪ ሰብ፣ ኣብ ሰማይን ምድርን ምሉእ ሥልጣን ዘሎዎ ሊቀ ካህናት፣ ናብኡ ንዝቐርቡ ፈጺሙ ዜድኅን ኢዩ። ስለዚ ኣብ ድኻምና ናብ ዝሕግዘናን ኣብ ዜድልየና ጊዜ ጸጋ ናብ ዝህበና ኣብ የማን ኣቦ ናብ ዝተቐመጠ ናብ እሙን ሊቀ ካህናት ናብ የሱስ ክርስቶስ ኪንቀርብ ይግብኣና [ዕብ 2:16 4:16]።

ምስ እነጠቓልሎ ጐይታና የሱስ ክርስቶስ ንምንታይ ሰብ ኮነ? ኢልና ምስ እንሓትት እንረኽቦ ናይ መጀመርታ መልሲ፣- **1ይ.** ንሕዝቢ ምስ እግዚኣብሔር ዜተዓርቕ ኣብ ቅድሚ እግዚኣብሔር ፍጹማን ገይሩ ዜቕርብ ብቑዕ ሊቀ ካህናት ስለ ዘይተረኽበ ሊቀ ካህናት ኪኾነና [ዕብ 2:17-18] **2ይ.** ንሕዝቢ ኣብ ቅድሚ እግዚኣብሔር ፍጹም ብዘይ ነውርን ነቐፋን ዚገብር መሥዋዕቲ ስለ ዘይተረኽበ [መሥዋዕቲ እንሥሳ ንሰብ ፍጹም ኪገብሮ ስለ ዘይከኣለ] ኃጢኣተኛ ሰብ ኣብ ቅድሚ እግዚኣብሔር ብዘይ ነውርን ነቐፋን ኮይኑ ኪቐውም ዝገብር መሥዋዕቲ ኪኾነና ሰብ ኮነ ማለት ኢዩ።

ሊቀ ክህንነት ጐይታና የሱስ ክርስቶስ ኣብ ምድርን ሰማይን ዝተኻናወነ ኣገልግሎት ኢዩ።ኣብ መስቀል ቅድሚ ምማቱ ኣቐዲሙ ብዛዕባ እቶም ዝሰዓብዎ ደቀ መዛሙርቱን ስለ ኩሎም ምእመናንን ጸሎትን ምምላድን ኣቕሪቡ [ዮሓ 17 ይነበብ]።ከምኡውን ኣብ መስቀል ንገዛእ ርእሱ ምእንቲ ኃጢኣተኛታት በጃ ኪገብር ስለ ኃጢኣተኛታት ማሊዱ [ሉቃስ 23:34]።ድኅሪ ትንሣኤን ዕርገቱን ኣብ የማን ኣቦ ተቐሚጡ ስለ ምእመናን ይማልድ [ሮሜ 8:34፡ ዕብ 7:25]።ነዚ ኣመልኪታ ቤተ ክርስቲያን፣-

“ይቤሎሙ **ኢየሱስ** ለኣርዳኢሁ ኣዐርግ ሰማየ ኀበ ኣቡየ ወእስእሎ በእንቲኣክሙ። ትርጕም፣- የሱስ ንደቀ መዛሙርቱ ናብ ኣቦይ ኪዓርግ ኢየ ምእታኻትኩም ድማ ኪልምኖ ኢየ በሎም። **[ዱጓ ቅዱስ ያሬድ ገጽ 291]** ከምኡውን፣-ይቤሎሙ **ኢየሱስ** ለኣርዳኢሁ ኣዐርግ ሰማየ ኀበ ኣቡየ ኀበ እስእል ምሕረተ በእንተ እሊኣየ።ትርጕም፣- የሱስ ንደቀ መዛሙርቱ ምእንቲ እቶም ናተይ ዝኾኑ ምሕረት ኪልምን ናብ ኣቦይ ናብ ሰማይ ኪዓርግ ኢየ በሎም። **[ዚቅ ሚካኤል ሰነ]**።

እናበለት ኣብ ዱጓኣ፣ ኣብ ዚቃ ድጎሪ ዕርገቱ ምእንቲ ሕዝቡ ናብ ኣቦኡ ከም ዝማልድ ቤተ ክርስቲያን ተዝይሞ።ካብዚ ኩሉ እንርድኦ ጐይታና የሱስ ክርስቶስ ንሕዝቡ ምስ ገዛእ ርእሱን ኣቦኡን ንምትዕራቕ ንገዛእ ርእሱ መሥዋዕቲ ገይሩ ዜቕረበ መሥዋዕቱ ድማ ኣብ ቅድሚ ኣቦ ምእንታና ዝማልድ ሊቀ ካህናት ምኳኑ ኢዩ።

ጐይታና የሱስ ክርስቶስ ንምንታይ ሰብ ኮነ? ኢልና ምስ እንሓትት እንረኽቦ **ካልኣይ መልሲ**፣-ንጉሥ ኪኾነና ኢዩ።ጐይታና የሱስ ክርስቶስ ከም ነገሥታት ምድሪ ስፍራን ጊዜን ዝውስኖን ሥልጣኑ ድማ ዝተገደበን ኣይኮነን።ንሱ ዘለዓለማዊ ዝኾነ፣ ኣብ ልዕሊ ኩሉ ሥልጣን ዘሎዎ፣ ንጉሥ ሰማይን ምድርን ኢዩ **“መንግሥቱ ዘለዓለም ወምኩናኑኒ ለትውልደ ትውልድ”** ከም ዝብል **[ቅዱስ ያሬድ]፣ [ራእይ 1፡5-8 19-16 20፡22]**። ብጀካኡ ካልእ ንጉሥና ኢልና ኣብ ነፍስና እነንግሦን ኬድጎነና እንምሕጸኖን ንጉሥ የብልናን፣ ኪህልወና ኣይግባእን። ንኽልተ ጐይቶት ኪትግዛእ ኣይከኣልን።

ጐይታና የሱስ ክርስቶስ ንምንታይ ሰብ ኮነ? ኢልና ምስ እንሓትት እንረኽቦ **ሣልሳይ መልሲ**፣-ነቢይ ኪኾነና ኢዩ።ነቢይ ካብ እግዚኣብሔር ዝሰምዖ ንሰብ ዝዛረብ መልእኽተኛ ማለት ኢዩ።ጐይታና የሱስ ክርስቶስ ካብ ኣቦኡ ዝሰምዖ ጥራኅ ዘይኮነ፣ ባዕሉ ቃል እግዚኣብሔር ብምኳኑ ኣቐዲሙ ኣብ ብሉይ ኪዳን ኣብ ሰባት እናኅደረ ዝዛረብ ዝነበረ እግዚኣብሔር፣ ሕጂ ኣብ ሓዲስ ኪዳን ኣካላዊ ቃል ሥጋ ተዋሒዱ ብቓሉ ስለ ተዛረበና ካብ ኩሎም ነቢያት ልዕሊ ኹሉ ዝኾነ፣ ፍጻመ ነቢያት ኢዩ [ዕብ 1፡1-3፡ዘዳ 18፡18፡ ግብ፣ሓዋ 2፡22-26] **“ዘበነቢያት ነቢይ”[ብነቢያት ነቢይ]** ከም ዝብል **[መጽሓፈ ሰዓታት]** **“ኢየሱስ ክርስቶስ ነቢይ ወሐዋርያ”** ከም ዝብል [**መልክዓ ኢየሱስ**]። ጐይታ የሱስ ክርስቶስ ከምቶም ቀዳሞት ነቢያት ብከፊል ኣይዛረብን፣ ማእምረ ኹሉ ቃል እግዚኣብሔር ስለ ዝኾነ ፍጻሜ ኩሉ ትንቢት ኢዩ። ምስቲ ንሱ ካብ ዝተዛረቦ ቃል ዘይሰማማዕ ዘረባ ኾነ ትምህርቲ ብምልኡ ሓሶት ኢዩ።

ብጽሒት ሰብ ኣብ መንግሥቲ እግዚኣብሔር ንምእታውን ንምንባርን

ኣቐዲምና ኣብ መብርሂ ሮሜ 8፡31-34 ብሰፊሑ ክንርእዮ ከም ዝፈተንና ምድኃና እሙን ናይ ምኳኑ ጉዳይ እግዚኣብሔር ምሳና ብምኳኑ፣ እግዚኣብሔር ብበጃነት ወዱ ዜድኅነና ብምኳኑ፣ ክርስቶስ ኣብ የማን ኣቦ ምእንታና ሊቀ ካህናት ብምኳኑ፣ ፈራዲ ባዕሉ እግዚኣብሔር ብምኳኑ ድኅነትና እሙን ከም ዝኾነ ርኢና። ከምዚ ካብ ኮነ ብጽሒት ሰብ እንታይ ኢዩ? ምባልና ኣይተርፍን።

ሓዋርያ ቅዱስ ጳውሎስ ብዛዕባ ምድኃን እግዚኣብሔር ክሳዕ ሮሜ ምዕ 11 ምስ መሃረ ብጽሒት ሰብ ድማ ብሰፊሑ የብርህ።በዚ ድማ ካብ ሮሜ ምዕራፍ ሓደ ክሳዕ ዓሠርተው ሓደ እግዚኣብሔር ንኃጢኣተኛ ሰብ ዝገበሮ ናይ ምድኃን ሥራሕ ምስ ገለጸ ካብ ምዕራፍ ዓሠርተው ክልተ ጀሚሩ ክሳዕ መወዳእታ [ምዕራፍ 16] ምእመናን እንታይ ኪገብሩ ከም ዘለዎም ብጽሒትን ኃላፍነትን ሰባት የብርህ።

ስለዚ እግዚኣብሔር ኩሉ ሰብ ንምድኃን ዝገበሮ ከም ዝረኣና ካብ ምዕራፍ ዓሠርተው ክልተ ጀሚሩ ምሕረት ዝተቐበለ ሰብ ድማ እንታይ ኪገብር ከም ዘለዎ ብውሑዱ ኪንርኢ።

እዚ ድማ፣- **ቀዳማይ**፣- ምሕረት እግዚኣብሔር ዝተቐበለ ሰብ፣ ንርእሱ ዝተቐደሰን ሕያው መሥዋዕቲ ገይሩ ንእግዚኣብሔር ኬቕርብ ይግብኦ። ቅዱስ ጳውሎስ ነዚ ኬብርህ ከሎ " እምብኣርሲ ኣኀዋተየ፡ ንሥጋኹም ሕያውን ቅዱስን ንኣምላኽ ባህ ዜብልን መሥዋዕቲ ጌርኩም ከተቕርብዎ፡ ብምሕረት ኣምላኽ እምዕደኩም ኣሎኹ፡ እዚ ማለት እቲ ናይ ኣእምሮ መንፈሳዊ ኣገልግሎትኩም ኢዩ።" [ሮሜ 12፡1] ብምባል ምሕረት ዝተቐበለ ሰብ ንእግዚኣብሔር ገንዘቡ፣ ቤቱ፣ ኣገልግሎቱ ቅድሚ ምሃቡ ንገዛእ ርእሱ ንእግዚኣብሔር ኪህብ ከም ዘለዎ ይመክር።ንርእሱ ዝተቐደሰን ሕያው መሥዋዕትን ገይሩ ንእግዚኣብሔር ዜቕረበ ምእመን ናይ ባዕሉ ዝኾነ ንብረት የብሉን፣ ኣሎኒ ዝብሎ ኩሉ ናይ እግዚኣብሔር ኢዩ። እግዚኣብሔር ንርእሱ ንሰባት ምድኃን ክሳዕ ሞት ከም ዝሃበ፣ ከምኡ ምእመን ድማ ንብረቱን ዘለዎ ኩሉ ነገር ቅድሚ ምሃቡ ንርእሱ ንእግዚኣብሔር ኪህብ ይግባእ።

ካልኣይ፡-ምሕረት እግዚኣብሔር ዝተቐበለ ሰብ፣ ምስ ኩሉ ሰብ ብፍቕሪ ኪነብር ከም ዘለዎ፣" ፍቕሪ ብዘይግብዝና ትኹን። ንኽፍኣት ፈንፍንዎ ኣብ ሠናይ ልገቡ። ንሓድሕድኩም ብምክብባር እናተቓዳደምኩም፡ ብፍቕሪ ኣኀዋት ንሓድሕድኩም ብለውሃት ተፋቐሩ።" [ሮሜ 12፡9-21] ብምባል ምእመን ብፍቕሪ፣ ብይቕረታ፣ ካብ ክፉእ ብምርኀኽን ሠናይ ተግባር ብምፍጻም ኪነብር ከም ዘለዎ ብሰፊሑ የብርህ። በዚ ድማ ፍቕሪ መደምደምታ ኩሉ ሕጊ ከም ዝኾነትን ፍቕሪ ዘለዎ ሰብ ንኹሉ ሕጊ ከም ዝፍጽም ብዛዕባ ዕቤት ፍቕሪ ይዛረብ።

ሣልሳይ፡-ምሕረት እግዚኣብሔር ዝተቐበለ ሰብ፣ ምስ መንግሥቲ [ሮሜ 13፡1-7] ብከመይ ኪነብር ከም ዘለዎ ብሰፊሑ የብርህ። ምሕረት ዝተቐበለ ምእመን ንጥቅሚ ሃገርን ወገንን ዝኸውን ኩሉ ዚገብር ሓቀኛ ዜጋ ኢዩ። ብዜግነቱ፣ ኣብ ቦታ ሥራሕ ኣብ መንግሥቲ ኮነ ኣብ ዝኾነ ቦታ ተቐጺሩ እንተ ሠርሐ፣ ብግሉ እንተ ነገደ፣ ኣብ ዝኾነ ሥራሕ እንተ ተዋፈረ፣ ንእግዚኣብሔር ብምፍራሕን ብሓቂ ንሃገርን ሕዝብን የገልግል።

ራብዓይ፡-ኣብ ውሽጢ ቤተ ክርስቲያን ምስ ምእመናን [ሮሜ 14፡15] ከመይ ኢልና ኪንነብር ከም ዘለና፣ ብሰፊሑ የብርህ። ቤተ ክርስቲያን ቤተ እግዚኣብሔር ኢያ። ደቂ እግዚኣብሔር ነንሕድሕዶም ፍቕሪ እግዚኣብሔር ዝገልጹላ፣ ፍቕሪ ኅውነት ዝረኣየላ፣ ኣደባባይ ፍቕሪ ኢያ [ዮሓ 13፡34-35፡ 1ዮሓ 3፡14-15]። ምሕረት ዝተቐበለ ምእመን ምስ መራሕቲ ቤተ ክርስቲያንን ምእመናንን ብሰላም ኪነብር ይግብኦ።

ሓምሻይ፡-ምሕረት እግዚኣብሔር ዝተቐበለ ሰብ፣ ምስ ኢ-ኣማንያን ከመይ ኢሉ ኪነብር ከም ዘለዎ ዝተዋህቦ ትእዛዝ ኬኽብር ይግብኦ [ሮሜ 12፡14-21]። ብፍቕሪ፣ ብሰላም፣ ክፉእ ንዝገብሩ ጽቡቕ ብምግባር፣ ንጸላኢኡ ብምፍቃር፣ ወዘተ ...ኪነብር ይግብኦ።

ስለዚ ምሕረት እግዚኣብሔር ዝተቐበልና ምእመናን ከም ፍቓድ እግዚኣብሔር ንምንባር ናይ ባዕልና ብጽሒት ምስ እንገብር ኣብ ሥጋዊ ናብራና፣ ኣብዚ ዓለም ዜጋጥሙና ፈተናታት ሰይጣን ብዜዳለዎ መፈንጠራ ከይንወድቕ እግዚኣብሔር

ምሳና ስለ ዘሎ ኣብ ኩሉ ድኻምና ይረድኣና። ብዝተረፈ ዘመናት ሕይወት ክርስትናና ኣብ ቤት እግዚኣብሔር ምስ እንነብር ኩሉ ጽቡቕ ንምግባር ጻዕሪ ምግባር ናትና ብጽሒት ኢዩ። ይኹን እምበር ክንዲ ዚኣክል ጻዕሪ እንተገበርና ኩሉ ጽቡቕ ኪንገብር እንኽእለሉ ጸጋ ዝህበና እግዚኣብሔር ኢዩ።ነዚ ኣመልኪቱ ቅዱስ ጳውሎስ፣-

“ጸጋ ኣምላኽ ተገሊጹ ኢዩ እሞ፡ ንኹሉ ሰብውን ምድኃን ኣምጺኡ፡እቲ ብሩኽ ተስፋን ናይቲ ዕዙዝ ኣምላኽናን መድኃኒና የሱስ ክርስቶስን ምግላጽ ክብሪ እናተጸቤና፡ ግፍዕን ዓለማዊ ትምኒትን ክሒድና፡ ኣብዛ ዓለም እዚኣ ብጥንቃቐን ብጽድቅን በምልኾን ክንነብር ይምህረና ኣሎ።የሱስ ክርስቶስ ካብ ዓመጻ ዘበለ ምእንቲ ሓራ ኼውጽኣና፡ ንርእሱውን ንሠናይ ግብሪ ዚቕንእን ገንዘቡ ዚኾኖን ሕዝቢ ምእንቲ ኼንጽሕ ኢሉ፡ ነፍሱ በጃና ኣጎለፈ።” [ቲቶ 2፡11-14]።

ብምባል ጸጋ እግዚኣብሔር እንድኅነሉ [ግብ፡ሓዋ 15፡11፡ሮሜ 3፡24፡ገላ 2፡21፡ኤፌ 2፡5] ጥራኅ ዘይኮነ ኣብ ቤት እግዚኣብሔር እንነብሮ ብሕያውነት እግዚኣብሔር ምኽኑ የረድኣና።

ቅዱስ ጳውሎስ ሕይወቱን ኣገልግሎቱን ኣብ ጸጋ እግዚኣብሔር ዝተመሥረተ ከም ዝኾነ ኬረድእ ከሎ፣-

“እቲ ዘሎኽዎ ግና ብጸጋ ኣምላኽ ኢየ ዘሎኹ። ካብ ኩላቶም ዚበዝኅ ደኣ ጸዓርኩ እምበር፡ እቲ ንኣይ እተዋህበ ጸጋኡ ኸንቱ ኣይኰነን። እቲ ምሳይ ዘሎ ጸጋ ኣምላኽ ደኣ ኢዩ እምበር፡ ኣነ ኣይኰንኩን።” [1 ቆሮ 15፡10]

ብምባል ብሕያውነቱ ዜድኅኖ፣ ንኣገልግሎቱ ዝሾሞ፣ ብእኡ ገይሩ ኣሕዛብ ኪድኅኑ ድንቅን ተኣምራትን እናገበረ ንኣገልግሎት ብቕዕ ዝገበሮ፣ ጸጋ እግዚኣብሔር ከም ዝኾነ ብሰፊሑ ምሂሩ ኢዩ።

ንተወሰኺ ተረድኦ እዞም ኃይለ ቃላት እዚኣቶም ንበብ፣ [1 ጢሞ 1፡12-16፡2 ቆሮ 12፡1-10፡ 1 ቆሮ 15፡17-19፡1 ጴጥ 5፡12]።

ንኣማላድነት ጐይታና የሱስ ክርስቶስ ሰባት ንምንታይ ይቃወምዎ?

ጐይታና የሱስ ክርስቶስ ናብ ሰማይ ዓሪጉ ኣብ የማን ኣቦኡ ንጉሥ ነገሥታትን ናይ እግዚኣብሔር ብዝኾነ ኩሉ ሊቀ ካህናት ኮይኑ ብኽብሪ ተቐሚጡ ኣሎ [ዕብ 2፡17-18፡ 4፡14-16፡ 7፡20-28] ምፍራድ፣ ጐይትነትን ክብርን ናይ ባሕርዩ ኢዮም።ይኹን እምበር ካብ ውሑዳት ዓመታት ንንየነጀው መተርጉማን [ተርጐምቲ] ንመጽሓፍ ቅዱስ ክትርጉምዎ ከለዉ **“ይማልድ”** ንዝብል ቃል፣ **“ይፈርድ”** ኢሎም ከም ዝተርጐምዎ ርኢና።ኣብ ነፍሲ ወከፍ ዓውደ ምሕረት ዝሰብኩ መማህራን ከምኡ ክምህሩ ይስምዑ።ይማልድ ዝብል ቃል ብልሳኑ ክዛረብ ዝተሰምዐ ኹሉ መናፍቅ ተብሂሉ ካብ ኣገልግሎት ይግለል፣ ሽግር ሃይማኖት ኣሎዎ ተብሂሉ ይውገዝ። ብምእመናን ድማ ብጥርጣረ ይርአ። ሰባት ንምንታይ ይማልድ ዝብል ቃል ዘይፈትውዎ? ንምንታይ ኢዮም ዝቃወምዎ? ካልኦት’ከ ንምንታይ ኢዮም ይማልድ ኢሎም ደፊሮም ዝከራኹሩ? ሓዲኦም ትሑታት ሓዲኦም ከኣ ትዕቢተኛታት ስለ ዝኾኑ’ዶ ይኾኑ? ወይስ ሓዲኦም ንክርስቶስ ፈጣሪ፣ እቶም ካልኦት ድማ ፍጡር ኢዩ ኢሎም? ክልቲኦም ኣይመስለንን።ምእመናን ሓዲኦም “ይማልድ” እቲ ኻልእ ድማ “ይፈርድ” ዝብሉን ዝከራኹሩን ብዝተረድኦምን ብዝበጽሕዎን መጠን ከም ዝኾነ እሓስብ።ይኹን እምበር ዝኾነ ምእመን ትርጉም ቃላት ከይፈለጠን ከይተረድኣን ንሱ ናብ ዝደልዮ ኣንፈት ንምምጻእ ቃል መጽሓፍ ቅዱስ ክሳዕ ምቕያር ኽኸይድ የብሉን።ቅዱስ ጳውሎስ ንምንታይ ይማልድ ኢሉ ክጽሕፍ ከኣለ? ብርግጽ እዚ ኣበሃህላ ጐይትነት ክርስቶስ ኣትሒቱ ፍጡር ኢዩ፣ ናብ ምባል የብጽሕ’ዶ ይኸውን? ኣየብጽሕን! በዚ ጉዳይ መጽሓፍ ቅዱስ እንታይ ከም ዝብል ብውሑዱ ክንርኢ ንፈትን።

ኣቐዲምና ኣብ መብርሂ ሮሜ 8፡31-34 ከም ዝተመልከትናዮ፣ ቅዱስ ጳውሎስ ኣብ ሮሜ 8፡31 “እምብኣርሲ ብዛዕባ እዚ ነገርዚ እንታይ ክንብል ኢና፡” ብምባል ብምግራምን ብምድናቕን ጽሕፈቱ ክጅምር ከሎ ብዛዕባ ኣየናይ ነገር ኢዩ ዝተደነቐ? ኢልና ምሕታትና ዘይተርፍ ጉዳይ ኢዩ። መልሱ ድማ፣- ኣብዚ ምዕራፍ ኣቐዲምና ከም ዝተመልከትናዮ፣ ብዛዕባ ብክርስቶስ ዝኣመኑንን መንፈስ ቅዱስ ዝኃደሮምን

ደቂ እግዚኣብሔር [ምእመናን] እግዚኣብሔር ብወዱ ብክርስቶስ ዝገበሮ ዓቢዪ ናይ ምድኃን ሥራሕ ገሪምዎን ደኒቒዎን ምዛራቡ ኢዩ።

ንምንታይ ኢዩ እግዚኣብሔር ብክርስቶስ ዝገበሮ ዓቢዪ ናይ ምድኃን ሥራሕ ዜደነቕ? እንተ በልና መልሱ፣- ብክርስቶስ ዝኣመኑ ምእመናን "ኩነኔ የብሎምን" [ሮሜ 8፡1] "መንፈስ ክርስቶስ ኣብ ውሽጦም ስለ ዝኃደረ ሕያዋን ኢዮም" ካብ ሞት ናብ ሕይወት ተሣጊሮም ኢዮም [ሮሜ 8፡9-11] "ብመንፈስ እግዚኣብሔር ዝምርሑ ኮይኖም" [ሮሜ 8፡16-17] ግበር ኣይትግበር ብዝብል ሕጊ ዝምርሑ ዘይኮኑ መንፈስ ቅዱስ መዓልታዊ ይመርሖም [ሮሜ 8፡12-14] "ካብ መርገም ሕጊ ካብ ፍርሓት ሞት ናጻ ወጺኦም ኢዮም" [ሮሜ 8፡15-17] "ኣብዚ ዓለም ኪነብሩ ከለዉ ብመከራን ሥቓይን ንዝኅልፉ ምእመናን መንፈስ ቅዱስ ይድግፎም[83]" መንፈስ ቅዱስ ኣብ ውሽጦም ስለ ዝኅደረ ኣብዛ ዓለም ብመከራን ፈተናን ኪኅልፉ ከሎዉ መጽናንዒ መንፈስ ቅዱስ ምሳኦም ኣሎ [8፡18-27] ምእመናን ኣብዚ ዓለም ኪነብሩ ከለዉ ብዝበጽሖም ፈተናን ሽግርን ኪረድኦም ኣብ የማን ኣቦ ዝተቐመጠ ዓቢዪ ሊቀ ካህናት ወዲ እግዚኣብሔር ክርስቶስ የሱስ ኣሎ [ዕብ 2፡14-16፡ 4፡14-16፡ 7፡25] ኢሉ ኢዩ።

እግዚኣብሔር ብወዱ ብክርስቶስ ንኃጢኣተኛታት ኬድኅን ከሎ ዕላማኡ **"ንምስሊ ወዱ ኪመስሉ"** ኢዩ።መልክዕ ምስሊ ወዱ ኪመስሉ "እግዚኣብሔር ብክርስቶስ ምጽዋዑን፣ ምጽዳቑን ምኽባሩን" [8፡28-30] ፡ድኻምነት ሰብ፣ ፍቕሪ ልዑል እግዚኣብሔር፣ ንሰብ ንምድኃን ዝፈጸሞ ናይ መስቀሉ ጥበብ ርእዩ ብጣዕሚ ደኒቑዎን ገሪምዎን ""እምብኣርሲ ብዛዕባ እዚ ነገርዚ እንታይ ክንብል ኢና፡" ይብል። ንሕና'ኸ እንታይ ንብል ንኸውን? ስለ ዝገበረልና ስለ ምሕረቱን ሕያውነቱን ንዘለዓለም ነመስግኖ" ገለ ገሌና እግዚኣብሔር ብክርስቶስ ዝገበረልና ስለ እዚ ዓቢዪ ናይ ምድኃን ሥርሑ ካብ ምምስጋንን ብትሕትና ኣብ ቤቱ ኣብ ክንዲ ምንባር፣ ብዘይ ምፍላጥ ይኹን ብግብዝነት ዝተገብረልና ሸለል ኢልና ናይ እግዚኣብሔር ዘይኮነ ናትና ሓሳብን ፍቓድን ንምምላእ ብቃላት ኩናት ንዋጋእ። ገሌና ንኻልእ ንውንጅል፣ ንወነጃጀል። "ይልምን" ዝብል ቃል ኪወጽእ ኣሎዎ ብ"ይፈርድ" ኪትካእ

[83] ኣምሓርኛ፣ "ይቃትትላቸዋል" ይብል ኣነ ድማ ይድግፎም ኢለ ተርጕመያ ።

ኣሎዎ እናበልና ብዛዕባ እግዚኣብሔር ተሓለቕቲ መሲልና ሥራሕ እግዚኣብሔር ነቃልል።

እግዚኣብሔር ብወዱ ብክርስቶስ ዝገበረልና ዓቢይ ምድኃን፣ ፍቕሩን ሕያውነቱን እግዚኣብሔር ኪገልጸልና ይግባእ። መብዛኅትና ኣማላድነት ክርስቶስ ክንሓስብ ከሎና ኣምላኽነቱ ዝነኣሰ ዜዋረድናዮ፣ ካብ ክብሩ ድማ ዜንኣስናዮ ይመስለና። ምልጃ ክርስቶስ ጥራኅ ኣይኮነን፣ ሕማሙ፣ ሥቓዩ፣ ብሰባት ጸርፊ ምቕባሉን ምንዓቁን ምስ እንሰምዕ ኣምላኽና ዝነኣሰና፣ ሃይማኖትና ዝተነቕፈና ይመስለና። ንሕናስ ኣየዋረድናዮን ክብሩ ድማ ኣየትሓትናዮን።ኣምላኽ ሰብ ምኺኑ፣ ምማቱን ምትንሣኡን ዜርእየና እግዚኣብሔር ማዕረ ክንደይ ዝኣክል ንሰብ ከም ዘፍቅርን ንሰብ ዘሎዎ ዓቢይ ኣኽብሮትን ኢዩ።

እዚ ኹሉ መንፈሳዊ በረኸት ንሰባት ዝተዋህበ ብፍቓድ እግዚኣብሔር ብኣካላዊ ቃል ሰብ ምኺን፣ ሞትን ትንሣኤን ኢዩ። እዚ ድማ ጥበብ እግዚኣብሔር ኢዩ። ይኹን እምበር ሰባት እዚ መለኮታዊ ጥበብ ብምቅዋም ኣምላክ ብሥጋ ኣይመውትን፣ ኢየሱስ ንርእሱ ካብ ሞት ስለ ዘየድኀነ ንኻልእ ኬድኅን ኣይክእልን ኢሎም ይጥበቡ። ቃል መስቀል ዕሽነት ይኾኖም። ይኹን እምበር መስቀሉ ጥበብ እግዚኣብሔር ኢዩ። [1 ቆሮ 1፡18-22]።

ሓዋርያ ቅዱስ ጳውሎስ [ሳውል] ኣብ ኢየሩሳሌም ንዝነበረት ቤተ ክርስቲያን ክርስቶስ [ሰዓብቲ ክርስቶስ] የሳድድን የጋፍዕን ዝነበረ ንሃይማኖት ኣይሁድ ቀኒኡ ነበረ [ግብ፣ሓዋ 7፡60- 8፡3] እግዚኣብሔር [ያህዌ] ሰብ ኣይከውንን፣ ኣይስቀልን፣ ኣይመውትን፣ ኢሉ ነበረ።ስለዚ ጉዳይ ብንስሓ "ቅድም ተጻራፊን ኣሳዳዲን ገፋዒን እንተ ኾንኩ እዚ ግና ተገብረለይ፡ ነገር ግና ከይፈለጥኩ ብዘይ ምእማን ስለ ዝገበርክዎ ምሕረት ረኸብኩ" [1 ጢሞ 1፡13፡] ብምባል ኪዛረብ ንርኢ።

ሓደ እግዚኣብሔር ኣሎ ኢሎም ዝኣምኑ ሃይማኖታት ኣይሁድን ኣስላምን፣ ክርስቶስ ወዲ እግዚኣብሔር ኢዩ ኢሎም ንምቕባል ዘይከኣልሉ ዓቢይ ምኽንያት ኣምላኽ ሰብ ኣይከውንን፣ ኣምላክ ብሥጋ ተገሊጹ ኣይመውትን ኢሎም ስለ ዝኣምኑ ኢዩ። ክርስትና ድማ ካብ ካልኦት ሃይማኖታት ዝፈልዮ፣ ፈጣሪ ሰማይን ምድርን ብሥጋ

ተገሊጹ ስለ ኃጢኣተኛታት መከራ ተቐቢሉ ኣብ ክንዳና ሞይቱ፣ ካብ ሞት ተፈልዩ ብምትንሣኡ ናብ ሰማይ ዓሪጉ ኣብ የማን ኣቦኡ ብኽብሪ ሊቀ ካህናት ኮይኑ ይማልድ፣ ንጉሥ ኮይኑ ተቐሚጡ፣ ሕጂ ብሊቀ ክህንነቱ ናብኡ ንዝመጽኡ ፈጺሙ ኬድኅኖም ይኽእል [ዕብ 2:14-16፡ 4:16] “ኣብ መወዳእታ ዘመን ድማ ተመሊሱ ኪመጽእ ኢዩ ኣብ ሕያዋንን ሙታንን ብንጉሥነቱ ኪፈርድ ኢዩ” ብምባሉ ኢዩ።

ናይ ኢትዮጵያ ኦርቶዶክስ ቤተ ክርስቲያን ኣብዚ ኣብ ላዕሊ ዘቐመጥናዮ መሠረታዊ ሓቅታት ሃይማኖት ብዝግባእ ትኣምን ኢያ።ሊቃውንቲ ድማ ብእኹል ኩነት የብርህዎ ኢዮም።ብዛዕባ ሊቀ ክህንነቱ ይዛረብሉ። ነገር ግና ዓቢዪ ሽግር ዘሎ ክርስቶስ ድኅሪ ትንሣኤኡን ዕርገቱን ኣብ የማን ኣቦኡ ምስ ተቐመጠ ሕጂ ብሊቀ ክህንነቱ እንታይ ይገብር ኣሎ? ዝብል ሕቶ ኣብ ጉዳይ ምምላስ ዓቢዪ ሽግር ኣሎ። ኣብዚ ነስተውዕል! ሊቀ ክህንነት ክርስቶስ ናይ ዘይምእማን ሽግር ኣብ ሊቃውንቲ ቤተ ክርስቲያን የሎን። እቲ ሽግር ዘሎ፣ ሕጂ ሊቀ ካህናት የሱስ ክርስቶስ ብሊቀ ክህንነቱ እንታይ ይገብር ኣሎ ኢዩ? ንዝብል ሕቶ ዝወሃበ መልሲ ኢዩ።ሕጂ ይልምን እንተ ተብሂሉ ምልማን ናይ ፍጡር ባሕርይ ተገይሩ ስለ ዝሕሰብን ክብሩ የትሕቶ ኢዩ ተብሂሉ ስለ ዝእመንን እዚ ቃል፣ ፈጺሙ ኪሰማዕ ኣይድለን። ይኹን እምበር ቅዱስ ቄርሎስ ናብቶም ሕያዎት ነገሥታት ብዝጸሓፎ መልእኽቱ ብዛዕባ ክህንነትን ምትዕራቕን ክርስቶስ ከምዚ ይብል፣-

“ከማና ሰብ ኣብ ዝኾነሉ ጊዜ ድማ ሟሞት ክህነት ናቱ ገበረ ኢልና ንዛረብ፣ [**ሃይ፣ኣበው ምዕ 79:67**] ከምኡውን ወውእቱ መዋዔ ኩሉ ኃጢኣት በመለኮቱ ኮነነ ሊቀ ካህናት በትስብእቱ፣ ወከመ ላእክ ሦዐ ሥጋሁ፣ ንጹሐ ለእግዚኣብሔር ኣብ፣ ትርጕም፣-ንሱ ብመለኮቱ ንኹሉ ኃጢኣት ሰዓሪ ኾነ። ብሰብነቱ ኸኣ ኣተዓራቒ ሊቀ ካህናት ኮነና። ከም ልኡኽ ከኣ ንእግዚኣብሔር ኣቦ ምእንታና ንጹሕ ሥጋኡ ሠውዐ። **[ሃይ፣አበው 79 ቊጽሪ 68]**

ካብዚ ንባብ እንርድኦ ጐይታ የሱስ ሰብ ብምኺኑ ሊቀ ካህን ከም ዝኾነ፣ መለኮት ዝተዋሓዶ ሥጋ ድማ ምእንታና መሥዋዕቲ ገይሩ ንጹሓን ከም ዝገበረናን ምስ ኣቦኡ ከም ዝዓረቐናን የረጋግጸልና [ትርጉምን ሥራሕን ሊቀ ካህንነት ኣብ ምዕራፍ 15 ርኢ]። ምናልባት ኣየስተውዓልናዮን ኮይኑ እምበር፣ ሰማያትን ምድርን ብሥልጣን

ቃሉ ካብ ዘይምንባር ናብ ምንባር ዘምጸአ ኃያል ኣምላኽ፣ ንኹሉ ፍጥረት ሕይወት ዝህብ ሕያው እግዚኣብሔር፣ ንወዲ ሰብ ኣፍቂሩ ሰብ ካብ ምኳንን ከም ኃጢኣተኛ ተቈጺሩ ብኢድ ፍጡሩ ካብ ምማት ዝበለጸ ክበጽሖ ዝኽእል ዝኸፈአ ውርደት ካልእ የሎን። ኣምላኽ እኮ ሰብ ኮይኑ ኣብ መስቀል ክመውት፣ ዝሞተ ድማ ብፍጡሩ እናኣቓለሉን እናተላገጸሉን ኢዩ። ኣምላኽይ፣ ኣምላኽይ ንምንታይ ጎደግካኒ ዝበሎ፣ ጸማእኩ ዝበሎ፣ ኦ ኣቦይ ይቕረ በለሎም ዝበሎ፣ ኣምላኽ ሰብ ብምኳኑ ኢዩ። ከም ሓሳብ ሰብ እንተ ኾይኑ ሥጋ ፍጡራን ተዋሒዱ ሰብ ካብ ምኳንን ካብ ምማት ዝበለጸ ትሕት ምባል እኮ የሎን። ቅዱስ ዮሓንስ ኣፈወርቂ ንመልእኽቲ ሮሜ ኣብ ዝተርጐመሉ ድርሳኑ ክርስቶስ ኣብ የማን ኣቦ ምቕማጡን ስለ ምልማኑን ጉዳይ ትሕት ምባል ዘይኮነ ንሰብ ናይ ምፍቃርን ምኽባርን ጉዳይ ከም ዝኾነ ከምዚ ክብል መሥኪሩ ኣሎ፣-

ኬርእዮ ዝደለዮ ነጥቢ ከምዚ ማለት ከም ዝኾነ ተመልከቱ "ኣብ የማን እግዚኣብሔር ዘሎ" ድኅሪ ምባሉ ከምዚ ኢሉ ቀጸለ **"ምእንታና ዚልምን"** ኣቐዲሙ ማዕርነት ክብርን ደረጃ ምስ ኣርኣየ ብምቕጻል ምልማን ምልክት ምንኣስ [ምትሓት] ዘይኮነ ናይ ፍቕሩ ጥራኅ ከም ዝኾነ ንምርኣይ **"ዚልምን"** ብምባል ተዛረበ። **[ቅዱስ ዮሓንስ ኣፈወርቂ ሮሜ 8:34 ትርጓሜ ገጽ 455]**[84]

ክርስቶስ ኣብ የማን ኣቦ ኮይኑ ስለ ምእመናን ምልማኑ ጉዳይ ትሕት ምባልን ምውራድን ዘይኮነስ ናትና ባሕርይ ገንዘብ ናይ ምግባሩ ጉዳይን ዜተዓረቕናን ናብ ኣቦኡ ዜቕረበናን ከም ዝኾነ ቅዱስ ቄርሎስ ከምዚ ክብል ተዛሪቡ፡-

"ሎሚ'ኸ በየናይ ኣምሳል ኣብ ቅድሚ እግዚኣብሔር ተራእየ፣ ኣምላኽ ቃል ከማና ሥጋ ተዋሒዱ ሰብ ቅድሚ ምኳኑ ቅድሚ ዓለም ምስ ኣብ ብመለኮቱ ህልዊ ኽነሱ ብሓዲስ ግብሪ ተገልጸ። እወ ኸኣ ምእንታና ብህላዌና ኣብ ቅድሚ እግዚኣብሔር ተራእየ። እቲ ምእንታና ኣብ ቅድሚ እግዚኣብሔር ተራእየ ዝበልናዮ ኣምሳል ከኣ እዚ ኢዩ። ነቲ ብኽሕደት ኣዳም ዝተዋረደ ህላዌ ሰብ፣ ንሱ ኣብ ቅድሚ እግዚኣብሔር ኣቦኡ ገለጸ። ኣብ ቅድሚ እግዚኣብሔር ኣብ ከኣ ኣብቲ ናቱ ኣቓሞ። ከምቲ ቀደም

[84]Philip Schaff, Nicene, and Post Nicene Fathers: Chrysostom, Homilies on the Epistle to Rome P.455

ዝነበሮ ግና ኣይኮነን፣ እንታይ ደኣ ንኣና ድማ ዳግም ናብ ቅድሚ እግዚኣብሔር ኣቦኡ ምእንቲ ኬእትወና ሰብ ኮይኑ ተራእየ" **[ሃይ፣አበው 79:72-73]**

ኣይሁድን ኣስላምን ኣምላኽነት ክርስቶስ ንምቕባል ከም ዝሸግሮም ኩሉ፣ ብዙኃት ሊቃውንቲ ቤተ ክርስቲያን ድማ ኣማላድነት ክርስቶስ ንምቕባል ብጣዕሚ ይሸግሮም። ነዚ ንምቕባል ንምንታይ ሸገሮም? ኢልና ምስ ንሓትት እንረኽቦም ምኽንያታት ሠለስተ ይመስሉኒ።

ቀዳማይ፣- ክርስቶስ ሕጂውን ፍጹም ሰብን ፍጹም ኣምላኽን ምኺኑ ናይ ዘይምስትውዓል ሽግር ኢዩ።

ጐይታ የሱስ ክርስቶስ ኣብ ማኅፀን ድንግል ማርያም ካብ ዝተጠንሰሉ ጊዜ ጀሚሩ ንዘለዓለም ፍጹም ኣምላኽ ፍጹም ሰብ ኮይኑ ይነብር።[85] ውሕደት ኣምላኽነትን ሰብነትን ብዘይ ምልዋጥ፣ ብዘይ ምጥፍፋእ፣ ብዘይ ምትሕውዋስ፣ ብዘይ ምድብላቕ፣ ብዘይ ምፍልላይ፣ ብተዓቅቦ ንዘለዓለም ምንባሩ፣ ሀላዌ ክርስቶስ ዘይልወጥ ምኺኑ፣ ቀንዲ ትምህርቲ ቤተ ክርስቲያና ኢዩ። ተዋሕዶ ማለት፣ ብዝተፈልየ ኣካሉ ቃል ሥጋ ኮነ፣ ናይ ቃል ገንዘብ ንሥጋ፣ ናይ ሥጋ ገንዘብ ንቓል ኮነ ማለት ኢዩ። ካብ ክልተ ባሕርይ ሓደ ባሕርይ፣ ካብ ክልተ ኣካል ሓደ ኣካል፣ ከም ዝኾነን ብተዋሕዶ እቲ ሓደ ነቲ ሓደ ከየጥፈኦ፣ ከየተፋላለዩን ከይተለዋወጡን ብተዋሕዶ ከም ዝነብሩ ዶግማ ቤተ ክርስቲያና ኢዩ።[86] ኣብ ምድሪ ኣብ ዝነበረሉ ጊዜ ኾነ ድኅሪ ትንሣኤኡ የሱስ ክርስቶስ ንሱ ኢዩ። ቤተ ክርስቲያን ስለ ባሕርይ ተዋሕዶ ተወዳዳሪ ብዘይብሉ ኩነት የሱስ ክርስቶስ ኣብ ምድሪ ከሎ ኣምላኽን ሰብን ኢዩ፣ ድኅሪ ትንሣኤ ድማ ኣምላኽን ሰብን ኢዩ፣ ኢላ ተመሣጥሮ፣ እወ ርግጽ ኢዩ ድኅሪ ትንሣኤ ብሥጋኡ ኣይጠምን፣ ኣይጸምእን፣ ኣይደክምን፣ ኣይመውትን፣ እዚ ኾይኑ ግና ብተዋሕዶ ፍጹም ኣምላኽ ፍጹም ሰብ ኢዩ። ነዚ ሓቂ ቅዱስ ኣትናቴዎስ ከምዚ ብምባል ይገልጾ፣-

[85] ሃይማኖተ ኣበው ዘቄርሎስ ገጽ 331

[86] ሃይማኖተ ኣበው ዘጎርጎርዮስ 213-214

"አላ ፆረ በትስብእቱ ሕማመ፣ ወተፈክፎ በሥጋሁ ወይሄሉ ለዝላፉ ለቢሶ ሥጋነ ለዓለም። ሥጋ ሰብ ስለ ዝተዋሓደ ሕማምና ፆረ፣ ብሥጋኡ ድማ መከራ ተቐበለ፣ **ንዘለዓለም** ከኣ ሥጋ ተዋሒዱ ኢዩ ዚነብር። **[ሃይ፣አበው ዘኣትናቴዎስ 26፡ቊ 7]**።

ከምኡውን ሊቅ ቅዱስ ቄርሎስ ብዛዕባ ጐይታና ንዘለዓለም ጸኒዑ ምንባሩ ክዛረብ ከሎ ከምዚ በለ፣-

"መጻሕፍቲ ግና ብዛዕባ መለኮቱ ዝተዛረባ ኣለዋ። ብዛዕባ ሰብ ምኺኑ ዝተዛረባውን ኣለዋ። ንሱ ኣምላኽን ሰብን ኢዩ። ብዛዕባ መለኮቱን ሰብነቱንውን ብሓድነት ዝተዛረባ ኣለዋ። ኣነ ድማ ኻብዘን ቃላት እዚኣን ንመለኮት ዚግባእ እዛረብ ኣሎኹ። ንሰብነት ዚግባእውን ካልእ ኣሎ። ንሳተን ድማ ንወልድ ካብ ክልተ ህላዌ ብፍጹም ተዋሕዶ ሰብ ዝኾነ ኣምላኽ ኢዩ ብምባል ኢየን ዝገልጻኦ" **[ሃይ፣ኣበው 74፡37]**።

ይኹን እምበር መብዛኅቲኦም ናይ ዘመና ሊቃውንቲ ምሥጢር ተዋሕዶ ኣብ ትምህርቶም ኣራቒቐም ይዛረቡ እምበር፣ ኣብ ተግባር ምስ ዝረአ የሱስ ክርስቶስ ድኅሪ ትንሣኤ ሥራሕ ሰብነት ምሥራሕ ደው ከም ዘበለን ኣምላኽ ጥራኅ ከም ዝኾነ ገይሮም ይሓስቡ። እዚ ድማ ናይ መናፍቕ ኣውጣኪ ትምህርትን ኣተሓሳስባን ኢዩ። ኣውጣኪ ትምህርቲ ኣርዮስን ንስጥሮስን ይቃወም ኣሎኹ ኢሉ ንየሱስ ድኅሪ ትንሣኤኡ ናይ ኣምላኽነት እምበር ብተዋሕዶ ዝኸበረ ናይ ሰብን ኣምላኽን ባሕርይ የብሉን ኢሉ ብምሕሳብ መለኮት ንባሕርይ ሥጋ ውሒጥዎ ኢዩ፣ ኣጥፊእዎ ኢዩ ኢሉ ናይ ክርስቶስ ካብ ክልተ ባሕርይ ሓደ ባሕርይ ዝብል ትምህርቲ ተዋሕዶ ከም ዝኸሓደ ይፍለጥ። ሎሚውን ናትና ሊቃውንቲ ድማ የሱስ ሕጂ እናወደቐ እናተንሥአ ስለ ምእመናን ናብ ኣቦኡ ይልምን፣ ዝብል ናይ ሓደ ሓደ ቤተ እምነታት ትምህርቲ ንምቅዋም ሓሲቦም ይመስል፣ የሱስ ሕጂ ተማላዲ ኣምላኽ እምበር ኣማላዲ ኣይኮነን ብምባል ደፊሮም የሱስ ኣብ ዝፋኑ ዝተቐመጠ ኣምላኽ እምበር ሥራሕ ሊቀ ክህንነት ኣይሠርሕን ኢሎም ይምጕቱ።በዚ ድማ ከይፈለጥዎ ንጐይታ የሱስ ዜኽበሩ መሲልዎም ምሥጢር ተዋሕዶ ብትምህርቲ ኣውጣኪ ይቕይሩ።

ቅዱስ ኣትናቴዎስ ኣብ ድርሳኡ ኣምላኽ ብሥጋ መከራ ምቕባሉ፣ ካብ ጥንሰቱ ጀሚሩ ድኅሪ ትንሣኤኡ ዘለዓለማዊነት ተዋሕዶ ቃልን ሥጋን ኬረድእ፣-"ሥጋ ሰብ ስለ ዝተዋሓደ ሕማምና ፅረ፣ ብሥጋኡ ድማ መከራ ተቐበለ፣ **ንዘለዓለም ከኣ ሥጋ ተዋሒዱ ኢዩ ዚነብር። [ሃይ፣አበው 26፡7]**

ብምኺኑ ብኣቦታትን ብትምህርቲ ቤተ ክርስቲያናን ጐይታ የሱስ ምስ ተወልደ ክቡር ኢዩ፣ ሰባት ክጸርፍዎ ከለዉን ክቡር ኢዩ፣ ክዓርግ ከሎ ክቡር ኢዩ፣ ሕጂ ኣብ የማን ኣቦኡ ክቡር ኢዩ፣ ተመሊሱ ኪመጽእ ከሎውን ክቡር ኢዩ፣ ብሓፈሻ ጐይታ የሱስ ኣብ ማኅፀን ድንግል ቅድሚ ምጥናሱ ብቓልነቱ፣ ድኅሪ ምጥናሱ ብተዋሕዶ ንዘለዓለም ክቡር ኢዩ [ዕብ 13፡7]

ካልኣይ፣- ኣብ ሓደ ሓደ ሊቃውንቲ ዘሎ ሽግር ምልጃ ንቅዱሳን ሰባትን መላእኽትን ኣኅሊፎም ብምሃቦም ኢዩ።

እዚ ትምህርቲ ኣብ ምእመናን ብጣዕሚ መጽሓፍ ቅዱሳዊ ሚዛን ብዝጐደሎ ኩነት ፍሉይ ኣምልኾ ኣስዒቡ።ኣማላድነት ንቅዱሳን ኣኅሊፍካ ምሃብ ንቅዱሳን ናብ መለኮትነት ዜምጸአ ግጉይ ትምህርቲ ኢዩ። ምእመናን ምስ ዝሞተሎም ምስ ጐይታ የሱስ ክርስቶስ ብቐጥታ ብጸሎት ኣብ ክንዲ ምዝርራብ ብቅዱሳን ናብ እግዚኣብሔር ንምቕራብ ዝገብርዎ ጻዕሪ ማእከልነት ክርስቶስ ዝሰዓረ ይመስል። ክርስቶስ ናይ ሓዲስ ኪዳን ማእከልነቱን ኣብ መንጐ ሰብን እግዚኣብሔርን ዘሎ ምትዕራቕን ኣገልግሎት ሊቀ ክህንነቱን ሰባት ብዛዕባ ዝወሰድዎ ሓፈሻዊ ናይ ሰማይ ኣገልግሎቱ ብቅዱሳንን መላእኽትን ተተኪኡ።

ብኻልእ ወገን እዚ ትምህርቲ ንቅዱሳን ናብ ኣምላኽነት ዜምጸአ ጥራጎ ዘይኮነ ንሰብ ካብ እግዚኣብሔር ዝፈለየ ትምህርቲ ኮይኑ። በዚ ምኽንያት ቅዱሳን ሰብ ምኺኖም ብሰብኣዊ ቋንቋ እንተ ተነግረ ብተግባር ግና ንፈጣሪ ዝግበር ኩሉ ኽብሪ እናተገብረሎም ክንዲ ፈጣሪ ዝኣክል ይምለኹ።[87] ምእመናን ብቐጥታ ቅዱሳንን

[87] ምንም እኳ ብጀካ ንፈጣሪ ኣምልኾ ከም ዘይግባእ ሕልናና እንተ መሥከረልና፣ ምእመናን ንኹን ካህናት ንፍጡራን ኣይነምልኽን ኢልና እንተ ለመንናን እንተ ገዘትናን ኣብ ዓለም ክርስትና ዘየለ

መላእክትን ምሕረት ኪገብርሎም ይልምኑ። ቅዱሳን ሰማዕታትን መላእክትን በጃኹም ኣተዓሩቂኒ በጃኹም ኣማሉዱለይ! ተብሂሎም ይልመኑ፣ ይምስገኑ፣ ስግደትን መብጽዓን ይቕበሉ። መዓልቲ ተፈልይሎም ይኽብሩ። ምእመናን ምናልባት ኣምላኽይ ኢሎም ብቃል ኣይተዛረቡን ይኾኑ እምበር ንእግዚኣብሔር ጥራኅ ዝግባእ ኣምልኾ የቕርቡሎም። ገለ ገሌና ንእግዚኣብሔር ካብ ነፍቅሮ ንላዕሊ ፍቕሪ ቅዱሳንን ማርያምን ኣብ ልብና ፈሊሑ ኢዩ። ቅዱሳንን መላእኽትን ካብ እግዚኣብሔር ንላዕሊ ሕያዎትን ርህሩሃትን ገይርና ስለ ዝቐጸርናዮም ኣብ ክንዲ ናብ

ትምህርቲ ፈጢርና "ናይ ጸጋን ኣምልኾን ስግደት" እናበልና ጌጋና ክንሸፍኖ እንተ ፈተና ብተግባር ይኹን ብጽሑፍ ከም ዝረአ ምእመናን ንፍጡራን ይሰግዱ፣ መምህራን ስገዱ ኢሎም ይምህሩ፣ ኣብ ቤተ ክርስቲያን ቀንዲ መጽሓፍ ዝኾነ ኣብ መጽሓፍ ቅዳሴ ንኽልተ ፍጡራን ነደ ጐይታ "ንማርያምን" ክርስቶስ ንዝተሰቕለሉ "መስቀል" ንፈጣሪ ጥራኅ ዝግባእ ስግደትን ኣምላኾን ነዞም ፍጡራን ይግብኦም ብምባል ስግደትን ኣምልኾን ከም ዝግብኦም መጻሕፍቲ ይጠቕሱ። ከምዚ ብምባል፣- ንማርያም እንሰግደላ ፈጣሪኣ እግዚኣብሔር ካብ ሥጋኣ ሥጋ ስለ ዝወሰደ ኢዩ፣ ንሕናውን ካብኣ መድኃኒት ስለ ዝረኸብና ኢዩ። ንዕፀ መስቀል እንሰግደሉ ድማ ብባሕርይ ሥጋ ዝሓመመ ብመለኮት ዘይሓምም ደም ቃል ኣብ ልዕሊኡ ስለ ዝፈሰሰ ኢዩ።ነዞም ክልተ ፍጡራን ናይ **ፈጣሪ ምስጋና** ይግብኦም።ብኽብሪ ተመዓራርዮም ኢዮም ሎሚን ኩሉ ሳዕን ንዘለዓለም ኣሜን" ተብሂሉ ተጽሒፉ።ኣብዚ ነስተውዕል ብጉልሒ ዝተጻሕፈ ምስ እንምልከት፣- ንፈጣሪ ጥራኅ ዝግባእ ምስጋና ንማርያምን ንዕንጨይቲ መስቀል ይግብኦም ይብል።ምኽንያቱ ኪገልጽ ከሎ ምስ እግዚኣብሔር ማዕረ ኢዮም፣ "**ተመዓራርዮም**" ይብል [መጽሓፈ ቅዳሴ ብግዕዝን ኣማርኛን ምስ ምልክቱ] 1993 ዓ.ም ሕታም ገጽ 499-501]።እዚ ዝኣክል "ኣብ ብሉይን ሓዲስን ዝተኸልከለ ትምህርቲ ኣሕዛብ" ብደም ክርስቶስ ተዓዲግና ኢና፣ ውልድነት ረኺብና ኢና፣ ብመንፈስ ኢና እነገልግል እትብል ዓባይ ቤተ ክርስቲያን ንፈጣሪ ዝግባእ ስግደትን ኣምልኾን ፍጡራን ንዝኾኑ ንሰብን ንዕንጨይቲን ስግደትን ኣምልኾን ይግብኦም ዝብል ትምህርቲ ኑፋቄ "ተፋልሶ" ወይ ድማ ስሕተት ተሸኪምና ጌጋ ምኺኑ እናተፈልጠ ብግልጺ ንምእራም ዝተገብረ ጻዕሪ ዘይምህላዉ ብጣዕሚ የሕዝን።ኣብ ኣኃት ኦርቶዶክስ ኣብያተ ክርስቲያን ኣሣዕል ንትምህርቲ ይጠቕሙ እንተ ተባህለ ንኣምላኽ ዝግባእ ስግደት ንማርያምን ንዕንጨይቲ [ንሓጺን] መስቀል ይግባእ ኢለን ኣይኣምናን።መስቀል'ውን እንተ ኾነ ክርስቶስ ዝተሰቕለሉ ብምኺኑ ንመስቀሉ ምስ እንርኢን እንሓስብን ፍቕሪ ክርስቶስ፣ ናትና ታጢኣት፣ ዕቤት ምድኃንና፣ ስዕረት ሰይጣን፣ ወዘተ...ስለ ዜረድኣና ናይ ክርስትና ምልክትና ኢዩ፣ ኢሎም ብምልክትነት ካብ ምጥቃም ኪስገደሉን ኪምለኽን ኣይእዝዛን። ብሊቃውትና'ውን "ኣኮ ከመ ይትርኢ ኣላ ከመ ይትሐለይ ውእቱ ዝንቱ መስቀል፣" ትርጕም፣-"እዚ መስቀል ኣብ ውሽጢ ሕልና ምእመናን [ልቦና] ዝሕሰብ እምበር ብዓይኒ ዝረኣ ኣይኮነን" [ትምህርተ ኅቡኣት] ብምባል ብዓይኒ ልቡና እንርእዮ፣ብመንፈስ እንርድኦ እምበር ብሥጋዊ ዓይንና ርኢና እንሰግደሉ፣ወይ ድማ እንርድኦ ኣይኮነን፣ብምባል የብርህዎ።

እግዚኣብሔር ምቕራብ ናብ ቅዱሳን ምቕራብ ይቐለና። ናይ ወትሩ ጸሎትና ናብ ቅዱሳንን መላእኽትን ኮይኑ። እዚ ድማ መንገድነት ክርስቶስ፣ ኣተዓራቕነቱን ሊቀ ክህንነቱን ምኽሓድ የምስል።

ከምዚ ዝበለ ፍጻመ ምእመናን ናብ እግዚኣብሔር ብክርስቶስ ገይሮም ብቐጥታ ኣብ ክንዲ ምቕራብ፣ ኣብ መንጐ ሰብን ኣምላኽን ማእከላይ ዝኾነ ኣገልግሎት ሊቀ ካህንነት ክርስቶስ ናብ ዝተክኡ ፍጡራን ልቦም ብምዝንባሎም፣ ክርስቶስ ብደሙ ዝዓደጐም ምእመናን ዜድንኖም ጐይታ ኀዲጐም፣ ጸሎቶምን ተማሕጽኖኦምን ናብ ፍጡራን ብምግባሮም ንእግዚኣብሔር ኣሕዚኖሞ። ቅዱስ ጳውሎስ ልቦም ካብ እግዚኣብሔር ኣዘንቢሎም ናብ ፍጡራንን ጣዖታትን ንዝግበሩ ምእመናን ቆሮንቶስ ብቕጥዓ፣ "ወይስ ንጐይታ ምእንቲ ኽነቕንኦ ዲና፣ ካብኡ ንሕና ንብርትዕ፣" [1 ቆሮ 10:22] ከም ዝበሎ ከምኡ ንሕና ድማ ንእግዚኣብሔር ኣሕዚናዮ።

ፍጡራን ብዝተዋህቦም ምሕረትን ጸጋን ምእንቲ ሰባት ኪምሕጸኑ፣ ኪልምኑ፣ ይቕረ በለሎም ኢሎም ናብ እግዚኣብሔር ኪጽልዩ ምኽኣሎም መጽሓፍ ቅዱሳዊ ሓቂ ኢዩ። ከማን ምእንቲ ኩሎም ሰባት ኪጽልዩ ተኣዚዞም [1 ጢሞ 2:1-2]። ይኹን እምበር ኣዝዮም ክቡራን እንተ ኾኑ ንኃጢኣተኛ ሰብ በጃነት ከፊሎም ንሰብ ምስ እግዚኣብሔር ኬተዓርቑ ኣይክእሉን። ካብዚ ኃሊፍካ ንፍጡራን ኣብ ቦታ ፈጣሪ ምቕማጥን ንፍጡራን ምስጋድን ንኣኣቶም ምምሕጻንን መጽሓፍ ቅዱሳዊ ኮነ ክርስቲያናዊ ትምህርቲ ኣይኮነን። ኣብ ብሉይ ኮነ ኣብ ሓዲስ ኪዳን ንፍጡራን ምምላኽ ኮነ ንኣኣቶም ምስጋድ ወይ ድማ ናብኣቶም ምጽላይ ፈጺሙ ኩልኩል ኢዩ። ምናልባት ክንዲ መናፍስቲ ሙታን ምጽዋዕን ምጥንቋልን ዝኣክል ብጣዕሚ ከቢድ ኃጢኣት ኢዩ [ዘሌ 19:31፡20:6፡ 17፡ ዘዳ 18:11 1 ሳሙ 28:8]።

ሣልሳይ፣-መብዛኀቲኦም ሊቃውንቲ፣ ክርስቶስ ዝሞቶን ንሰብ ዜድንኖን ኣቐዲሙ ዝተሠርሐ ንኃጢኣት ኣዳም ጥራጎ ከም ዝኾነ ገይሮም ብምቕጻሮም ኢዩ።

መብዛኅትና ክርስቶስ ምእንቲ ታጢኣትና ምማቱ ብምሉእ ልብና እንተ ኣመንና'ኪ ክርስቶስ ዝሞቶ ነየናይ ታጢኣትና ኢዩ? ኢልና ምስ እንሓትት እንረኽቦ መልሲ ካብ ቃል መጽሓፍ ቅዱስ ዝተፈልየ ኢዩ።ብዙኅ ንፈልጥ ዝብሉ ሰባት ክርስቶስ ሞይቱ ኢሎም ዝሓስቡ ስለ ዝቐደመ ታጢኣትና ጥራኅ ኢዩ። ሕጂ ንእንሠርሑን ንመጻኢ እንሠርሑም ታጣውእ ክርስቶስ ከም ዝሞተ ንምርዳእ ኪሸገሩ ይረኣዩ።ሓደ ሰብ ብክርስቶስ ኣሚኑ ውልድነት ምስ ረኸበ ዝተረፈ ዘሞኑ ኣብ ቤት እግዚኣብሔር ምስ ዝነብር ንዝተሠርሐ ታጢኣት ክርስቶስ ዋጋ ዝኸፈለሉ ኣይመስሎምን።ብሠናይ ግብሮም ከም ዝድኅኑን ብፍላጥ ይኹን ብዘይ ፍላጥ ታጢኣት እንተ ሠርሑ ክርስቶስ ዘይኮነ ኣማለድቲ ዝተባህሉ ኣዕሩኽ ክርስቶስ ከም ዝኾኑ ካብ ቃሉ ወጻኢ ይሓስቡ።ኣብ መብዛኅትና ምእመናን ክርስቶስ ዝሞተ [ንኹሉ ዘርኢ ሰብ] ንውርሻ ታጢኣት ኣዳም ንዝንለፎ፣ንናይ ሕጂን መጻኢን ታጢኣትና ከም ዝኾነ ናይ ዘይምእማን ሽግር ይረአ። ይኹን እምበር ጐይታ የሱስ ክርስቶስ ሰብ ኮይኑ ስለ ኣዳምን ዘርኡን፣ ስለ ኹሉ ፍጥረት ታጢኣት ኢዩ።ክርስቶስ ብሞቱ ብኣዳም ዝኣተወ ታጢኣት፣ ሕጂ እንሠርሖ ታጢኣት፣ ንመጻኢን ክሳዕ ዳግማይ ምጽኣቱ ኩሎም ሰባት ዝሠርሕዎ ታጢኣት በጃነት ከፊልዎ ኢዩ።እዚ ማለት ካብ ኣዳም ጀሚሩ ክሳዕ ዳግማይ ምጽኣቱ ንዘለዉ ዘርኢ ኣዳም ኩሎም ዝተኸፍለ በጃነት ኢዩ።ክርስቶስ ዝሞተ ካብዚ ዘመን ክሳዕ እዚ ዘመን ዘሎ ታጢኣትን ታጢኣተኛታትን ኢዩ ዝብል ገደብ ጊዜን ትውልዲ የሎን።

ክርስቶስ ዘቐረቦ መሥዋዕቲ ዘለዓለማዊ መሥዋዕቲ ኢዩ። ክርስቶስ ኣብ ምድሪ ኮይኑ ናብ ኣቦኡ ዜቐረቦ ጸሎት ዘለዓለማዊ ጸሎት፣ ብእኡ ዝኣመኑ ደቀ መዛሙርቱን ንመጻኢ ብእኡ ዚኣምኑ ናብ ኣቦኡ ዜቐረቦ ምልጃ ዘለዓለማዊ ምልጃ ኢዩ [ዮሓ 17፡ 6-20 ንበብ] ጐይታና ዜቐረቦ መሥዋዕቲ፣ ጸሎትን ምልጃን ብጊዜን ዘመንን፣ ነዚ ወለዶን ነቲ ወለዶን ተብሂሉ ዘይተወሰነ ንኹሎም ሰባት ኣብ ኩሉ ዘመን ንዝነብሩ ዝተገብረ ናይ ምትዕራቕ ሥራሕ ኢዩ።

ኣብዚ ምንም እኳ፣ መሥዋዕትነት ክርስቶስ ንኹሉ ፍጥረት፣ ዘመንን ወለዶን ከይገደቦ ዝተኸፍለ በጃነት እንተ ኾነ ኪድኅኑ ዝኽእሉ እቶም ዝኣመኑ ጥራኅ ከም ዝኾነ ኪንፈልጥ ይግብኣና። በዚ መሠረት ኣብ ክንዲ ታጢኣት ኩሉ ሰብ ኮይኑ ዝሞተ

ንክርስቶስ ዘይኣመነ ሰብ ኣይድኅንን። ሰባት ነዚ ብክርስቶስ ዝተፈጸመ ምሕረት እግዚኣብሔር ኪቕበሉን ካብ ኃጢኣቶም ኪድኅኑ ዝኽእሉ ኣሚኖም ንስሓ ብምእታውን፣ ዝተረፈ ዘመን ሕይወቶም ዝሠርሕዎ ኃጢኣት ብንስሓ ብምሕዳስን ኢዩ።እዚ ማለት ክርስቶስ ኣብ መስቀል ቅድሚ ምማቱ ዝነበሩን ዝሞቱን ሰባት ዝደኃኑ ብክርስቶስ ኢዩ።ድኅሪ መስቀል ሞት ክርስቶስ ክሳዕ ዳግማይ ምጽኣቱ ዘለዉ ዝድኅኑ ንክርስቶስ ብምእማን ኢዩ።[88] ኣሚኖም ውልድነት ዝረኸቡ ኣብ ቤቱ ዝነብሩ ንክርስቶስ ብምእማን ኢዩ።ቅዱስ ጳውሎስ ከም ዝመሃሮ "ጻድቅ ግና ብእምነት ኢዩ ዝነብር" [ሮሜ 1፡17፡ ዕን 2፡4፣ ዕብ 10፡38]

ኣቐዲምና ዝተመልከትናዮምን ዝተዛረብናሎምን ሠለስተ ምስ ኣስተምህሮ መጽሓፍ ቅዱሳዊ ተቓራኒ ዝኾኑ ሓሳባት፣-"ክርስቶስ ምስ ዓረገ ኣምላኽ ጥራኅ ኢዩ"፣ "ኣገልግሎት ሊቀ ክህንነትን ምትዕራቕን ክርስቶስ ብሰባት ምትካእ" ክርስቶስ ንኹሉ ኃጢኣት ሰባት ምማቱ እኹል ከም ዝኾነ ገይሩ ካብ ዘይምርኣይ" ብዝተተሓሓዘ ዘሎ ሽግር ንምቕናዕ ብቓል እግዚኣብሔር ንምትዕራቕን ግቡእ ዝኾነ ትምህርቲ ምሃብ ካብ ቤተ ክርስቲያን ይጽበ።ቃል እግዚኣብሔር ከም ዜረጋግጸ፣ ሥራሕ ምድኃን ክርስቶስ፣ በጃነቱን ምትዕራቑን ተኪኡ፣ ኣነ ኣተዓራቒ ኢየ ኢሉ ብመንጌኝነት ኪቕርብ ዝኽእል ዝኾነ ሰብ [ፍጡር] ኪህሉ ከም ዘይክእል ቤተ ክርስቲያን ብግልጺ ኪትምህር ይግብኣ። መማህራን ድማ ሓቂ ኪዓጥቡ የብሎምን። ንሰብ ምስ እግዚኣብሔር ኬተዓርቕን ውልድነት ኪህብ ዝኽእል ፍጡር እንተ ዝህሉ ነይሩ ኣምላኽ ሰብ ኮይኑ ስለ ሰብ ኣይምሞተን ነይሩ። ውልድነት ምስ ረኸብና ደቂ እግዚኣብሔር ምስ ኣቦኦም ምስ እግዚኣብሔር ኬተዓርቐም ዝኽእል ፍጡር እንተ ዝህሉ ነይሩ ክርስቶስ ሊቀ ካህናት ኮይኑ ኣብ የማን ኣቦ ኪቕመጥ ኣይመድለዮን ነይሩ።ምእመናን ውልድነት ዝረኸብናዮ ንክርስቶስ ብምእማን ከም ዝኾነ፣ምስ ኣመንናዉን ኣብ ቤቱ እንነብር ኣብኡ ብዘለና እምነትን ብእንረኽቦ ምሕረትን ኢዩ። ካብዚ ብምቕጻል ብዛዕባ ምትዕራቕን ምልጃን ዜልዓልናዮ ቀንዲ ኃይለ ቃል ዝርከበሉ ምንባብ ብሰፊሑ ንምርኣይ ንፈትን።

[88] ጌታቸው ተረፈ [መምህር] የክርስቶስ ቤተ ክርስቲያን [አቅሌስያ] ገጽ 94-102.።

ምድኃን ሥራሕ ክርስቶስ ብዘመን ኣይውሰንን

ዝኾነ ፍጡር ንፍጡራን ምንጪ መርከቢ ኪኸውን ወይ ድማ ሕይወት ዘለዓለም ኪህብ ኣይኽእልን።ንፍጡር መርከቢ ንሰባት ዘለዓለማዊ ሕይወት ንምሃብ ውሃቢ ኣካል ሕያው፣ ዘለዓለማዊን ኩሉ ኸኣሊን ኪኸውን የድልዮ። ሓዋርያ "ኩሉ ብእኡ ኾነ ካብቲ ዝኾነ ዋላ ሓደ እኳ ብዘይ ብእኡ ዝኾነ የሎን" **"ሕይወት ኣብኡ ነበረት"** [ዮሓ 1:3] ክብል ኣካላዊ ቃል ፈጣሪ ከም ዝኾነን ንሰባት ሕይወት ኪህብ ዝኽእል እግዚኣብሔር ከም ዝኾነን የመልክት።

ሰይጣን ብዝሠሓ ኃጢኣት ንባዕሉ ረኺሱ ንሰብን ንምድሪ'ውን ብኃጢኣቱ ኣርኪሱ [ዘፍ 3:1-8፡ ሕዝ 28:11-18፡ ኢሳ 14:12-17፡ራእ 12:7-9፡]። ኣዳም ብዝሠርሐ ኃጢኣት ንኹሉ ዘርኡ ኣበላሽዩ [ዘፍ 3:16-24]። ፍጡር [ሰብ] ካብ እግዚኣብሔር ዝተዋህቦ ሠናይ ነገር ካብ ምርሳሕ፣ ንጽሓ ባሕርይ ዝነበራ ነፍሱ ካብ ምርካስ ካልእ ዝሠርሐ ሠናይ ነገር የሎን [ዘፍ 6:5-6፡ 11:12፡]። ዝተፋላለዩ ውጺኢት ቴክኖሎጂ እንተ ተመሃዙ፣ ምርምር እንተ ተገብሩ፣ ሥጋዊ ናብራ ንምምሕያሽ ይጠቕሙ ይኾኑ እምበር ንነፍሲ ኬድጎኑ ኣይከኣሉን። ነፍሲ ኬድጎን ዝኽእል ካብ ምድራዊ ሰብ ኮነ ካብ ሰማያውያን መላእኽቲ ኣይተረኽበን።ነፍሲ ሰብ ካብ ዝወደቐቶ ኬልዕል ዝኸኣለ ንነፍሲ ዝፈጠረ ልዑለ ባሕርይ እግዚኣብሔር ጥራጎ ኢዩ [ማቴ 1:21፡18፡ 11፡ ሉቃስ 19:10]።ነዚ ዝገበሮ ድማ ብሞትን ትንሣኤን ወዱ ኢዩ [ማቴ 26:26]።

ሓዋርያ ቅዱስ ዮሓንስ ኣብ 1 ዮሓ 1:1-3 ኣብ መእተዊ መልእኽቱ፣-

"እቲ ኻብ መጀመርታ ዝነበረ፡ ንሕና ዝሰማዕናዮ፡ እቲ በዒንትና ዝርኤናዮ፡ እቲ ዝጠመትናዮ፡ ኣእዳውናውን ዘረምሰሳኡ፡ ብዛዕባ እቲ ቓል ሕይወት ፡ሕይወት ድማ ተገልጸት፡ ነታ ምስ ኣቦ ዝነበረት ንኣና ኸኣ እተገልጸት ናይ ዘለዓለም ሕይወት ርኢናያ ኢና እሞ፡ ንምሥክር ንነግረኩምውን ኣሎና፡ ንስኻትኩም ድማ ምሳና ኅብረት ምእንቲ ኪህልወኩም ኢልና፡ እቲ ዝርኤናዮን ዝሰማዕናዮን ንኣኻትኩም ንነግሮ ኣሎና። ኅብረትናውን ምስ ኣቦን ምስ ወዱ የሱስ ክርስቶስን ኢዩ።" [1 ዮሓ 1:1-3]።

ብምባል ወንጌል እግዚኣብሔር ጐይታና የሱስ ክርስቶስ ቅድም ኣብ ኣቦ ብቓልነት ዝነበረ፣ ኣብ ዘመናት ንሰባት ዝተገልጸ፣ ብሰባት ዝተሰምዐ፣ ዝተራእየ፣ ዝተዳህሰሰ፣ ብሥጋ ዝተገልጸ ሕይወት ከም ዝኾነ ይዛረብ [ዮሓ 1፡14]።

ኣብዚ እንምልከቶ ወንጌል ቅድም ነቦታት ዝተሰብከ ኣብ ዘመናት ድማ እግዚኣብሔር ብየሱስ ክርስቶስ ገይሩ ዝገለጾን ዝሠረሑን ናይ ምድኃን ሥራሕ ምኹኑ ኢዩ።ወንጌል ቅድም ኣብ ኣቦ ዝነበረ ኣካላዊ ቃል የሱስ ክርስቶስ ብሥጋ ተገሊጹ፣ ኣብ ክንዲ ኃጢኣተኛታት ኣብ መስቀል ብምማት፣ ኣብ ሣልሳይ መዓልቲ ካብ ሞት ብምትንሣእ ዝፈጸሞ ሥራሕ ምድኃን እግዚኣብሔር ኢዩ።በዚ ድማ ወንጌል ማለት የሱስ ክርስቶስ ማለት ኢዩ።

መጽሓፍ ቅድም ወንጌል ንኣብርሃም ተሰቢኹሉ ይብለና [ገላ 3፡8]።ኣብርሃም ቅድሚ ልደተ ክርስቶስ 2000 ዓመት ዝነበረ ሰብ ኢዩ።ወንጌል ክርስቶስ እንተ ኾይኑ፣ ኣብርሃም ንክርስቶስ መዓስ ረኣዮ? ክንብል ንኽእል። ይኹን እምበር ኣብርሃም ንመጻኢ ኣካላዊ ቃል ሰብ ኮይኑ ንኹሉ ዘርኡ ከም ዜድኅን ዝተመልከተ ብእምነት ኢዩ።ወንጌል ንኣብርሃም ጥራኅ ዘይኮነ ንኣዳም [ዘፍ 3፡15]፣ ንእስራኤል፣ ንዳዊት፣ [2 ሳሙ 7፡16, መዝ 21./22/፡16-18፡110፡1] ንነቢያት [ኢሳ 53] ወዘተ...ተሰቢኽሎም ኢዩ፣ ብተስፋ ኣቐዲሞም ብኣዒንቲ እምነት ርእዮሞ [ዕብ 11]።ስለዚ ተስፋ ኩሉም ሰባት ክርስቶስ የሱስ ነበረ።ኣብ መወዳእታ ፍጻመ ዘመን ምስ በጽሐ ሓደ ወዱ ናብ ምድሪ ለኣኸ፣ ሰብ ኮይኑ ኣብ ማእከልና ተመላለሰ [ገላ 4፡4] ኣቐዲሙ ንሰብ ዝሃቦ ተስፋ ምድኃን ኣብ ክንዲ ኃጢኣተኛታት በጃ ኾይኑ ብምማትን ብምትንሣእን ፈጸሞ።ነቲ ዝፈጸሞ ሥርሑ ዝዛረብሉ [ደቀ መዛሙርቲ] ሞትን ትንሣኤን [ወንጌል] ኪዛረብሉ ለኣኸ።ደቀ መዛሙርቱ ድማ ዝረኣይዎን ዝዳህሰስዎን ካብኡ ዝሰምዕዎን ንኹሉ ዓለም ሰበኹ።

ኣካላዊ ቃል ሰብ ኮይኑ ንኹሉ ዓለም ከም ዜድኅን ኣቐዲሙ ኣብርሃም ብመንፈሱ ተረዲኡ ብእምነት ዝረኣዮ ክርስቶስ፣ ንሕና ድማ ንድኅሪት 2000 ዓመት ተመሊስና ኣካላዊ ቃል ሰብ ኮይኑ ዝሠርሖ ናይ ምድኃን ሥራሕ ብናይ እምነት ዓይንና ርኢና ንኣምን።ስለዚ ቅድሚ ልደት ክርስቶስ ኮነ ድኅሪኡን ዘለዉ ምእመናን ብምልኦም

ናብ መንግሥቲ እግዚኣብሔር ዚኣትዉ ንክርስቶስ [ንወንጌል] ብምእማን ኢዮም ማለት ኢዩ።

ኣባናን ኣብ መንጌ ክርስቶስን ብሥጋ ቅድሚ ምግላጹ ዝነበሩ ሰባትን ዘሎ ፍልልይ ንሕና ክርስቶስ ተወሊዱ፣ ሞይቱ፣ ተንሢኡ ኢልና ብምእማንና ኪኸውን ከሎ፣ ንሳቶም ድማ ብትንቢት ክርስቶስ ኪውለድ ኢዩ ኢሎም ምጽባዮም ኢዩ።ንክርስቶስ ብዓይኖም ዝረኣዩ ዝዳህሰስዎን ካብኡ ዝሰምዑን ኣብቲ ዘመን ምስኡ ዝነበሩ መሠኻኽር ሞቱን ትንሣኤኡን ሓዋርያቱ ኢዮም [ግብ፣ሓዋ 10፡41፡ 1 ዮሓ 1፡1-2]።

ወንጌል ሓደ ጊዜ ብእግዚኣብሔር ዝተሠርሐ ዘለዓለማዊ ናይ ምድኃን ሥራሕ ንኹሎም ሰባት ዝተኣወጀ ኣዋጅ ኢዩ።ኃጢኣተኛታት ብክርስቶስ ዝተፈጸመ ናይ ምድኃን ሥራሕ ሰሚዖም ዝኣምኑ፣ ሥራሕ እግዚኣብሔር እምበር ሥራሕ ሰባት ኣይኮነን።ሰባት ይኹኑ መላእኽቲ ካብ ዝተኣወጀ ወንጌል እግዚኣብሔር ወጻኢ፣ ዋላ ሓደ ነገር ኪውስኹ፣ ኪንክዩ ወይ ኬመሓይሹ ኣይክእሉን።ነዚ እንተ ገይሮም ርጉማት ኢዮም [ገላ 1፡8፡ ሮሜ 10፡9-13]።

ሓዋርያ ቅዱስ ዮሓንስ ኣብ መእተዊ መጀመርታ መልእኽቱ ኬርእዮ ዝደለየ ኣብ መንጌ ዘመናት ንሰባት ዝተገልጸ ንክርስቶስ የሱስ ኢዩ። ሓዋርያ "ብዛዕባ ቃል ሕይወት ካብ መጀመርታ ዝነበረን ዝሰማዕናዮን ብኣዒንትና ዝረኣናዮን ዝተመልከትናዮን፣ ኣእዳውና ዝዳህሰሳኦን ንዛረብ" ብምባል ወንጌል ምብሣር ማለት ብሥጋ ብዛዕባ ዝተገልጸ ኣካላዊ ቃል፣ ብዛዕባ መንነት የሱስ፣ ዝረኣዮን ዝሰምዖን ምዝራብ ከም ዝኾነ የረድእ።ሓዋርያት ድማ ኣብ መንጌ ዘመናት ዝተገልጸ ወዲ እግዚኣብሔር ዝረኣዩ፣ ዝዳህሰሱ፣ ካብኡ ዝሰምዑ፣ ናይ ዓይኒ መሠኻኽር [ግብ፣ ሓዋ 10፡41፡ 2 ጴጥ 1፡16-18] ማለት ኢዮም።ስለዚ ወንጌል ምዝራብ ማለት ብዛዕባ መንነት ጐይታና፣ ብዛዕባ ዝገበሮ፣ ብዛዕባ ዝመሃሮ፣ ብዛዕባ ዝኾኖ ነገር ምዝራብ ማለት ኢዩ [ግብ፣ሓዋ 2፡14-42፡ 10፡34-48፡ 13፡26-43]።

ንወንጌል ካብ ኩለን ካልኦት ሃይማኖታት ፍሉይ ዝገብሮ ጐይታና ክርስቶስ የሱስ ዝፈጸሞ ናይ ምድኃን ሥራሕ ብምኺኑ ኢዩ። ሰብ ምኺኑ፣ ምምሃሩ፣ ምጽላዩ፣ ምፍዋሱ፣ ድንቂን ተኣምራትን ምግባሩ፣ ምማቱ፣ ምትንሣኡ፣ ምዕራጉ፣

ወዘተ...ኢዮም። ታጢኣተኛ ሰብ ብወንጌል ካብ ምእማን ወጻኢ ንርእሱ ንምድኃን ብርእሱ ዝገብሮ ዝኾነ ነገር የሎን። እቲ ታጢኣተኛ ሰብ ዝገብሮ ሓደ ነገር ጥራጎ ኢዩ፣ ንሱ ድማ ክርስቶስ ብዝሠርሖ ናይ ምድኃን ሥራሕ [ብወንጌል ክርስቶስ] ምእማንን ንስሓ ምእታውን ኢዩ።

ኣብ ዓለም ዝርከቡ ሃይማኖታት ብምልኣም ብዛዕባ ሥነ ሥርዓት፣ ብዛዕባ መርሓ ግብርታት፣ ብዛዕባ ምንጻሕ፣ ብዛዕባ መግቢ ወዘተ...ሕግታት ብዛዕባ ምፍጻምን ዘይምፍጻምን፣ ብዛዕባ ምግባርን ዘይምግባርን ወዘተ...ይምህሩ፣ ሰባት ድማ በቲ ዝተዳለወ ሥርዓትን መንገዲን ኪኸዱ ይእዝዙ የበራትዑ።

ወንጌል ግና ሃይማኖታዊ ሥርዓት ብዛዕባ ምፍጻም ዘይኮነ ምስ ክርስቶስ ኅብረት ምግባር ዝዛረብ ኣዋጅ ኢዩ።እቲ ዓቢዪ ዕላማ ወንጌል ብምኽንያት ታጢኣት ካብ ክብሪ ዝጐደለን ካብ እግዚኣብሔር ዝተፈልየን ብምልኡ ዘርኢ ኣዳም ኅብረት ምስ እግዚኣብሔር ኪህልዎ ምግባር ኢዩ። ነዚ ኢዩ ሓዋርያ፣ "ንስኻትኩም ድማ ምሳና ኅብረት ምእንቲ ኺህልወኩም ኢልና፡ እቲ ዝረኤናዮን ዝሰማዕናዮን ንኣኻትኩም ንነግሮ ኣሎና። ኅብረትናውን ምስ ኣቦን ምስ ወዱ የሱስ ክርስቶስን ኢዩ።" ብምባል ዕላማን ሽቶን ወንጌል ምስ ኣቦን ወድን መንፈስ ቅዱስን ኅብረት ምግባር ምኺኑ ዝዛረቦ።ክርስትና ማለት ምስ ክርስቶስ ምኅባር፣ ኅብረት ምግባር ማለት ኢዩ። ምድኃን ማለት ሰብ ካብ እግዚኣብሔር ብምፍላዩ ስኢንዎ ዝነበረ ኅብረት እንደገና ምምላስ ማለት ኢዩ።ስለዚ ወልድ ዘሎዎ ኣቦ ኣሎዎ ማለት ምስ እግዚኣብሔር ኅብረት ኣሎዎ ማለት ኢዩ።

ስለዚ ኢዩ ቀንዲ ጉዳይ ዕላማ ወንጌል ጐይታና የሱስ ክርስቶስ መን ከም ዝኾነን ዝሠርሖ ሥራሕ ምዝራብ፣ ምእዋጅ ዝኸውን። ሓዋርያትን ወንጌላውያንን ኣበየ ሃገራት እናዞሩ የሱስ መን ከም ዝኾነን እንታይ ከም ዝገበረን ብዛዕባ ክርስቶስ ብሥራት እናበሉ ዝተዛረብዎ፣ ሎሚውን ንሕና እንዛረቦ ኢዩ።

ክርስትና ማለት ንዝሰምዕካዮ ሥራሕ ምድኃን ክርስቶስ [ወንጌል] ኣሚንካ ምስ ክርስቶስ ምሕባር ኅብረት ምግባር እንተ ኾይኑ፣ ክርስትያን ማለት ምስ ክርስቶስ

ኅብረት ዘሎዎ ክርስቶሳዊ ማለት ኢዩ። ክርስቶስ ዘይብሉ ሰብ ክርስትያን ኪኸውን ኣይክእልን ኢዩ።

ሰባት ኣሚኖም ምስ ክርስቶስ ኅብረት ኪገብሩ ወንጌል ኪእወጅን ኪስማዕን ኣሎዎ [ሮሜ 10:9-17]።ሰባት ንወንጌል ዝህብዎ መልሲ ምስ እግዚኣብሔር ኅብረት ናይ ምግባርን ዘይምግባርን ጉዳይ ኢዩ። ስለዚ ክርስትና ነዚ ሓሳብ ተቐበል ወይ ድማ ኣይትቀበል፣ ነዚ ግበር ወይ ኣይትግበር ምባል ዘይኮነ፣ ክርስቶስ ወዲ እግዚኣብሔር ከም ዝኾነ፣ ሰብ ኮይኑ ሰባት ንምድኃን ኣብ መስቀል ከም ዝሞተን ከም ዝተንሠኣን ዝገበሮም ግብርታት ምእማን ኢዩ። እዚ ብክርስቶስ ዝተፈጸመ ናይ ምድኃን ሥራሕ [ወንጌል] ኣብ መንጌ ዘመናት እግዚኣብሔር ብወልድ ዝሠረሖ ዘለዓለማዊ ሥራሕ ኢዩ። ኣስተውዕል! ወንጌል ማለት፣ ፍርዲ ዝግብኣኩም ኃጢኣተኛታት ካብ ፍርዲ ናጻ ኪትኮኑ ምስ እግዚኣብሔር ዝተበኣስኩም ኪትዕረቹ፣ ካብ እግዚኣብሔር ዝተፈለኹም ኅብረት ኪህልወኩም፣ ብሥራሕ ምድኃን ክርስቶስ እመኑ ተብሂሉ ካብ እግዚኣብሔር ዝተነግረ ኣዋጅ ኢዩ። ዝኣመነ ይድኅን፣ ዘይኣመነ ግና ይፍረዶ። ምርጫ ኣሚንካ ናይ ምድኃንን ከይኣመንካ ምጥፋእን ብጽሒት ሰብ ኢዩ።

1, ወንጌል ዘለዓለማዊ ኢዩ

ጐይታ የሱስ ኣብ ምድሪ ዝገበሮ ሥራሕ ዘለዓለማዊ ኢዩ።እግዚኣብሔር ሰማይን ምድርን ብቓሉ ፈጠረ [ዘፍ 1]።እግዚኣብሔር ብቓሉ ዝገበሮ ሥራሕ ዘለዓለማዊ ኢዩ።ጽበጽባሕ እግዚኣብሔር ሰማይን ምድርን ኣይፈጥርን፣ ሓደ ጊዜ ዝተዛረቦ ቃሉ ንዘለዓለም ዝሠርሕ ኢዩ። ብዝኑ ተባዝኑ ኢሉ ንሰባት ምስ ባረኽ በረከት እግዚኣብሔር ዘለዓለማዊ ኢዩ [ዘፍ 1:27-28]። ሰብ ሕያው ነፍሲ ትሃልዎ ምስ በለ ፍቓዱ ንዘለዓለም ኢዩ [ዘፍ 2:7]። እግዚኣብሔር ጽበጽባሕ ኪዛረብ ኣየድልዮን ሎሚ ዝተዛረቦ ንዘለዓለም ይሠርሕ። ሰማያት ብቓል እግዚኣብሔር ጸንዑ ክብል ከሎ እግዚኣብሔር ሓደ ጊዜ ምስ ተዛረበ ቃሉ ኩሉ ጊዜ የጽንዕ ይሠርሕ ማለት ኢዩ። ብጐይታና የሱስ ክርስቶስ ዝተፈጸመ ናይ ምድኃን ሥራሕ [ወንጌል] ዘለዓለማዊ፣ ኩሉ ጊዜ ኬድኅነሉ ዝነብር ኢዩ።

2, መሥዋዕቲ ጐይታና ዘለዓለማዊ መሥዋዕቲ ኢዩ

ኣብ ቅድሚ ኣቦኡ ዜቕረቦ ሕያውን ቅዱስን ዝኾነ መሥዋዕቱ ዘለዓለማዊ መሥዋዕቲ ኢዩ። መሥዋዕቲ ኣባጊዕን ኣጣልን ኣቡውርን ቅዱስን ፍጹም ዘለዓለማዊን መሥዋዕቲ ኣይኮነን። ጊዝያዊ ነበረ። እግዚኣብሔር ኣይተሓጐሰሉን፣ ብሊቃነ ካህናት ብሉይ ኪዳን ድበድባሕ ዝቕርብ መሥዋዕቲ እንሥሳታት ብተደጋጋሚ ዝቕርብ መሥዋዕቲ'ኳ እንተ ኾነ ንሰብ ኣብ ቅድሚ እግዚኣብሔር ንጹሕ ኪገብሮ ኣይከኣለን። ጐይታ የሱስ ዜቕረቦ መሥዋዕቲ ግና ብመንፈስ ቅዱስ ዝቐረበ ሥጋን ደምን ክርስቶስ፣ ሕያው መሥዋዕቲ፣ ዘለዓላማዊን ፍጹም መሥዋዕቲን ኢዩ [ዕብ 9፡13-14]። ደም ጐይታ የሱስ ምእንቲ ኃጢኣት ኩሎም ሰባት ዝቐረበ ሕያውን ዝዛረብ መሥዋዕቲን ኢዩ።

መሥዋዕቲ ጐይታ የሱስ ብሰብ ወይ ብፍጡር ዝተዳለወ መሥዋዕቲ ዘይኮነ ብባዕሉ ብእግዚኣብሔር ዝተዳለወ መሥዋዕቲ ኢዩ። ነቲ መሥዋዕቲ ዜዳለዎ እግዚኣብሔር ከም ዝኾነ፣ ዳዊት ብትንቢት ዝተዛረቦ፣ ጸሓፊ መልእኽቲ ዕብራውያን ብክርስቶስ ምፍጻሙ ከምዚ ብምባል ይገልጾ፣-

“ስለዚ ናብ ዓለም ኪኣቱ ኸሎ፡ ይብል፡ ሥጋ ኣዳሎኻለይ እምበር፡ መሥዋዕቲ ሕሩድን መሥዋዕቲ ብልዕን ኣይደሌኻን፡ ብዚሓርር መሥዋዕትን በቲ ስለ ኃጢኣት ዚሥዋዕን ባህ ኣይበለካን።” [ዕብ 10፡5-6]።

እግዚኣብሔር ዜዳለዎ መሥዋዕቲ ንወዱ ንክርስቶስ የሱስ ኢዩ። ጐይታና ክርስቶስ የሱስ ንገዛእ ርእሱ ስለ ሥርየት ኃጢኣትና መሥዋዕቲ ገይሩ ዜቕረበ፣ ኣብ ምድሪ ዝሠርሖ ሥራሕ ኅላፈን ጠፋኢን ዘይኮነ ዘለዓለማዊ ኢዩ።

ጐይታና ሕያውን ዘለዓለማዊን ብምኻኑ ሓደ ጊዜ ብዝሠርሖም ናይ ምድኃን ግብርታቱ ንዘለዓለም ኬድኅነሉ ይነብር። ንሓደ ሰብ ወይ ንሓደ ወለዶ ንምድኃን ኣብ ገገዚኡ መሥዋዕቲ ኬቕርብ ወይ ኪመውት ኣየድልዮን፣ ሓደ ጊዜ ዝሠርሖ ናይ ምድኃን ሥርሑ ዘመን ዘይስዕሮ ናይ ዘለዓለም መድኃኒት ኢዩ፣- ነዞም ዝስዕቡ ኃይለ ቃላት ብጽሙና ተመልከት፡-

“ንሱ ከምቶም ካልኦት ሊቃውንቲ ኻህናት ቅድም ምእንቲ ኃጢኣት ርእሱ፡ ደኃር ድማ ምእንቲ ኃጢኣት ሕዝቢ ኣብ ጸድባሕ መሥዋዕቲ ኬቕርብ ዘየድለዮ ኢዩ እሞ፡ ርእሱ ንመሥዋዕቲ ምስ ወፈየ፡ ሓንሳእ ንሓዋሩ ገበሮ።” [ዕብ 7፡27]።

“ብዘይ እዝስ ካብ ምሥራት ዓለም ጀሚሩ ብዙኅ ሳዕ መከራ ኺጸግብ ምተገብኦ ነይሩ፡ ሕጂ ግና ብመሥዋዕቲ ርእሱ ንኃጢኣት ኪሥዕር ኢሉ ኢዩ ኣብ መወዳእታ ዘመናት ሓደ ጊዜ እተገልጸ። ከምቲ ንሰብ ሓንሳእ ሙማት ብድኅሪኡውን ፍርዲ እተሠርዖ፡ ከምኡ ኸኣ እቲ ንኃጢኣት ብዙኃት ኬርሕቕ ኢሉ ሓንሳእ እተሠውዔ ክርስቶስ ንምድኃን እቶም ዚጽበይዎ ኻልኣይ ጊዜ ብዘይ ኃጢኣት ኪግለጽ ኢዩ።” [ዕብ 9፡26-28]።

ከምኡ’ውን ካልኣይ ከም ዘይመውት ኪገልጽ ከሎ፣-

“ማለት፡ ሞቱ ሓንሳእ ንኹሉ ጊዜ ኻብ ኃጢኣት ኢዩ ዝሞተ፡ ሕይወቱ ግና ንኣምላኽ ኢዩ ዚነብር።” [ሮሜ 6፡10]።

ቅዱስ ጴጥሮስ ድማ ኣብ መልእኽቱ፣-

“ክርስቶስ ድማ፡ ናብ ኣምላኽ ምእንቲ ኬቕርበና ኢሉ፡ ንሱ እቲ ጻድቕ ስለቶም ዓመጽቲ ሓንሳእ ስለ ኃጢኣት ሞተ፡ ብሥጋ ሞተ፡ ብመንፈስ ግና ሕያው ኰነ።” [1 ጴጥ 3፡18]።

ብምባል ክርስቶስ ኣብ ምድሪ ዝፈጸሞም ናይ በጃነት ግብርታቱ ዘለዓለማውያን ከም ዝኾኑን ንዘለዓለም ነቶም ናብኡ ዝመጽኡ ፈጺሙ ኬድኅኖም ከም ዝኽእልን የረጋግጸልና።

3, ጸሎት ጐይታና ዘለዓለማዊ ኢዩ።

ጐይታና ክርስቶስ የሱስ ኣብ ምድሪ ካብ ዝፈጸሞ ናይ ምድኃን ግብርታቱ ሓደ ናብ ኣቦኡ ምጽላዩ ኢዩ። ጐይታና ኣብ ምድሪ ዝጸለዮ ጸሎቱ ንዘለዓለም ኣብ ቅድሚ እግዚኣብሔር ዝስማዕ ኢዩ። ጐይታና ኣብ ቅድሚ ኣቦኡ ዝጸለዮ ጸሎቱ እምቢ ዘይበሃል ፍጹም ተቐባልነት ዘለዎ ጸሎት ኢዩ። ከም ጸሎት ሰባት ቅድመ ኹነት ዘለዎ፣ ኣይከኣልን! ኣይኽውንን! ዝበሃል

ጸሎት ኣይኮነን።ጸሎት ጐይታና ከም መሥዋዕቱ ኣቦ ዝሠመሮ፣ ከም ፍቓድ ሥላሴ ዝኾነ ጸሎት ኢዩ። [ዮሓ 17 ንበብ]። ዎ ኣቦይ ዝገብርዎ ኣይፈልጡን ኢዮም እሞ ይቕረ በለሎም ኢሉ ዝጸለዮ ጸሎቱ ዘለዓለማዊ ኢዩ [ሉቃስ 23:34]። እቶም ናብኡ ዝቐርቡ ታጥኣን ብምልኦም ብዘይ ዝኾነ ቅድመ ኹነት ምሕረት ዚረኽብሉ ጸሎት ኢዩ። ብእኡ ዝሠመርኩ ዝፈትዎ ወደይ ንሱ ኢዩ ኢሉ ኣቦ ዝሠመረሉ ኢዩ። ምእመናን ድማ ብስም ጐይታ የሱስ ኪንጽሊ ተኣዚዝና። ኣቦታት'ውን ብስሙ ጸልዮም ኢዮም።ሎሚውን ቤተ ክርስቲያን ብስሙ ኢያ ትጽሊ።

4, ኣማላድነት ጐይታና ዘለዓለማዊ ኢዩ።

ቅዱስ ዮሓንስ ኣፈወርቂ መልእክቲ ሓዋርያ ጳውሎስ ናብ ሰብ ሮሜ ምዕራፍ 8:34 ኣብ ዝተርጐመሉ ድርሳኑ ሎሚ'ውን ክርስቶስ የሱስ ኣብ የማን ኣቦ ዝተቐመጠ ንምምላድ ከም ዝኾነ ከምዚ ብምባል ጽሒፉ:-

*"For though seen now in His own dignity, He hath not left caring for us, but even "maketh **intercession** for us," and still keepeth up the same love. ትርጉም:- ዋላ እኳ ሕጂ ብኽብሩ [ኣብ የማን ኣቦኡ] እንተ ተራእየ ብዛዕባና ምሕሳብ ኣይሓደጐን፣ እኳ ደኣ ምእንታና ይማልድ፣ በዚ ድማ እታ ንዓና ዝነበረቶ ፍቕሪ ይቕጽላ ኣሎ።* **[ቅዱስ ዮሓንስ ኣፈወርቂ 44]**።[89]

ሓደ ሓደ ሰባት ከም ዝመስሎም እግዚኣብሔር በጃኻ ተብሂሉ ዝልመን፣ ክርስቶስ እናወደቐ እናተንሠአ ዝልምን ይመስሎም፣ እዚ ፈጺሙ ጌጋ ኢዩ። እግዚኣብሔር እምቢ ዝብል፣ ጐይታና ድማ በጃኻ እናበለ ዝሰግድን ኣብ መንጐ ክልቲኦም ናይ ምልዓልን ምትሓትን ዜርኢ ዝኾነ ዓይነት ምኽንያት የሎን። ክርስቶስ ሥጋኡ ኂሡ'ኳ እንተ ተንሠአ ኣብ ሰማይ ይሰግድ ኣሎ ዝብል ትምህርቲ ፍጹም ክርስቲያናዊ ኣይኮነን።

[89] Philip Schaff, Nicene, and Post Nicene Fathers: Chrisostum, Homilies on the Epistle to Rome, P.455

ክርስቶስ ሕጂ ኣብ የማን ኣቦኡ ተቐሚጡ ዜማልድ እንተ ኾነ፣ እናወደቐን እናተንሠኣን ከም ዘይኮነ ቅዱስ ቄርሎስን ቅዱስ ጎርጎርዮስ ዘእንዚናዙን ኣብ 4ይ ናይ ነገረ መሎኮት ትምህርታቶም ከምዚ ብምባል ገሊጾሞ ኢዮም፣-

ኢየሱስ ሕጂ ኣብ ኣቦ ጠበቓና ኢዩ። ይኹን እምበር ኣብ ቅድሚ ኣቦ ምእንታና ኣይሰግድን፣ ኣይወድቐን፣ ኣይትንሥእን፣ ኣብ ቅድሚኡ ከም ባርያ ኣይንብርከኽን። ንመንፈስ ዘይግባእ ነገር ካብ ምሕሳብ ረሓቔ። ኣቦ ነዚ ይደሊ፣ ወልድ ድማ ነዚ ይገብር፣ ኢልካ ምሕሳብ ቅኑዕ ኣይኮነን።[90]

ጐይታና የሱስ ምንም እኳ ብኣምላኽነቱን ብሰብኣውነቱን ብተዋሕዶ ዝኾበረ እንተ ኾነ ከምቲ ኣብ ምድሪ ዝሠርሖ ሥራሕ ኣይሠርሕን።ኣብ ምድሪ ኣብ ዝነበረሉ ጊዜ፣ ተንበርኪኹ፣ በጃኻ እናበለ ለሚኑ፣ በኽዩ፣ ኣልቂሱ፣ ሓሚሙ፣ ቆሲሉ፣ ወዘተ...እኳ ደኣ ኣቐዲሙ ብዝሠረሖ ሥራሕ ሎሚውን ምእንታና ቀዳሚ ኮይኑ ኣብ ዝኣተዋ ሰማያዊት መቕደስ ምእንታና ሕያው ኮይኑ ይረኣየልና። ንሱ ኣብኣ ምርካብን ምርኣይን ብሓፈሻ ንኣና ዝተሠርሐ ሥራሕ ካብ እግዚኣብሔር እንቕበለሉ ጸግዕና ኢዩ። ስለዚ ሕጂ ብሊቀ ክህንነቱ ኣቐዲሙ ካብ ዘቕረቦ ዘለዓለማዊ መሥዋዕቲ ካልእ ኣየቕርብን፣ መከራ ኣይቕበልን፣ ኣይመውትን፣ ኣይትንሥእን፣ ብዓቢኡ ጸሎትና ይሰምዕ፣ ኣብ መከራና ይድግፈና፣ ኣብ ምድሪ ዜድለየና ኩሉ ጸጋ ይህበና ማለት ኢዩ [ዕብ 2፡17-18፡ 4፡14-16]።ጐይታ የሱስ ናይ ምድኃን ሥርሑ ወዲኡ ሕጂ ኣብ ቅድሚ ኣቦ ምእንታና ምርኣዩን ብሊቀ ክህንነት ምቕማጡን ኣማላድነት ይበሃል። ክርስቶስ ኣማላዲ ኢዩ ዝተባህለ ዝሠረሖ ናይ ምድኃን ሥራሕ ዘለዓለማዊ ስለ ዝኾነ ኢዩ። የሱስን ዝሠረሖ ናይ ምድኃን ሥራሕን ፈሊና ክንርእዮ ኣይንኽእልን። ንየሱስ እንተ ኣልዒልና ንዝገበሮም ግብርታት ነልዕል።

[90] Philip Schaff, and Henry Wace, Nicene, and Post Nicene Fathers Vol.7. Cyril of Jerusalem, Gregory Nazianze p 315

5, ሊቀ ክህንነት ጐይታና የሱስ ዘለዓለማዊ ኢዩ።

ቅዱስ ዮሓንስ ኣፈወርቂ ንመልእኽቲ ሓዋርያ ጳውሎስ ናብ ሰብ ገላትያን ኤፌሶንን ኣብ ዝተርጐመሉ ድርሳኑ ብዛዕባ ጐይታና ክርስቶስ የሱስ ካብ ሞት ተንሢኡ ኣብ የማን ኣቦኡ ምቕማጡን ብዛዕባ ምእመናን ኣማላድነቱ ከምዚ ኢሉ፣-

The same thing he doeth in another way in the epistle to the Romans, saying, "Who also maketh intercession for us" [Romans 8;34], showing that He was not satisfied with His death alone,but even afterwards He doeth countless things. ትርጉም፣-"ብካልእ ወገን ነዚ ዝመስል ነገር ንሰባት ሮሜ ኣብ ዝለኣኽ መልእኽቱ ከምዚ ኢሉ ይዛረብ፣ ***"ምእንታና ዚልምን"*** *[ሮሜ 8:34]፣ ነዚ ዝበሎ ብሞቱ ጥራጎ ከይዓገበ፣ ድጎሪኡ'ውን [ድጎሪ ሞቱ] ስፍሪ ቑጽሪ ዘይብሉም ኃያሎ ነገራት ከም ዝገብር ኢዩ።* **[ቅዱስ ዮሓንስ ኣፈወርቂ ትርጓሜ ገላትያን ኤፌሶንን ገጽ 444-455]**[91]

ሊቀ ክህንነት ጐይታና ክርስቶስ የሱስ ዘለዓለማዊ ሊቀ ክህንነት ኢዩ። ከም መልከ ጼዴቕ ዝኾነ ዘለዓለማዊ ካህን ኢዩ [ዕብ 7:1-3]።ጐይታ የሱስ ሊቀ ካህናት ዝኾነ ድጎሪ ናብ ሰማይ ምዕራጉ ኣይኮነን። ከምዚ እንተ ዝኸውን ነይሩ'ሞ ኣብ ሰማይ ካልእ መሥዋዕቲ ኬቕርብ ምተገብኦ ነይሩ። ሊቀ ክህንነት ክርስቶስ ዝተጀመረን መሥዋዕቱ ድማ ዜቕረቦን ኣብ የሩሳሌም ቀራንዮ ኣብ መስቀል ኢዩ። ኣብ ምድሪ ዝገበሮ ሥራሕ መንፈሳዊን ዘለዓለማዊን እምበር ከም ናይ ብሉይ ኪዳን ጊዝያዊን ሥጋዊን ጸጽባሕ ዝደጋገም መሥዋዕቲ ኣይኮነን። ጸሓፊ መልእኽቲ ዕብራውያን ብዛዕባ ዘለዓለማዊ ሊቀ ክህንነት ክርስቶስ ከምዚ ይብል፣-

ሕጂ ድማ ነዚ እንብሎ ዘሎና ኣውራ ነገሩ እዚ ኢዩ፣ ንሕናስ ኣብ ሰማያት ኣብ የማን ዝፋን ግርማ ዝተቐመጠ፣ ናይቲ ጐይታ ደኣምበር ሰብ ዘይተኸሎ መቕደስን ድንኳን ሓቅን ኣገልጋሊ ከምዚ ዘመሰለ ሊቀ ካህናት ኣሎና። [ዕብ 8:1]።

[91] Philip Schaff, and Henry Wace, Homilies on the Epistle to Rome P.455

ብምባል ቅድሚ ዓለም ብኣካላዊ ቃልነት ዝነበረ ፈጣሪ ሰማይን ምድርን ክርስቶስ የሱስ ቀዳማይን ንበይኑ ሊቀ ካህናትን ኣማላድን ከም ዝኾነ ተዛሪቡ። ከምኡውን ክርስቶስ ናይ ባዕሉ ሰብነት ንኃጥኣን በጃ ገይሩ ብመንፈስ ቅዱስ ኬቕርብ ከሎ ዜቕረበ መሥዋዕቲ ክቡርነት፣ ዘለዓለማውነት፣ ዕቤትን ብዛዕባ መንነት ኣገልግሎቱን ከምዚ ብምባል የብርሆ፣-

"ክርስቶስ ግና ናይቲ ዚመጽእ ሠናይ ነገር ሊቀ ካህናት ኰይኑ ምስ መጸ፡ በቲ ብሉጽን ፍጹምን ብኢድ ዘይተገብረ፡ ማለት ካብዚ ፍጥረት እዚ ዘይኰነ ድንኳን፡ ብደም ድቤላታትን ምራኹትን ዘይኰነስ፡ ብደም ርእሱ ናይ ዘለዓለም ምድኃን ረኺቡ ሓደ ጊዜ ናብቲ መቕደስ ኣተወ። ስለዚ ደም ድቤላታትን ኣራውሕን ሓመሾስቲ ኣርሕን ኣብቶም ዝረኸሱ ተነጺጉ ንምጽራይ ሥጋ ዚቕደስ ካብ ኰነስ፡ **ደም ክርስቶስ ብናይ ዘለዓለም መንፈስ** *ገይሩ ርእሱ ብዘይ ጽያፍ ንኣምላኽ ዘቕረበ ግዳ፡ ንስካትኩም ንሕያው ኣምላኽ ከተገልግሉ ኽንደይ ኣዝዩ ንሕሊናኹም ካብ ምዉት ግብሪ ዘየንጽሆ?።"* [ዕብ 9፡11-14]።

ካብ ውሽጢ እዚ ንባብ እንርድኦም ዓበይቲ ትምህርትታት ብውሑዱ ንምርኣይ ኪንፍትን።**ቀዳማይ፡-** ሊቀ ክህንነት ክርስቶስ ከም ኣገልግሎት ሊቀ ካህናት ኦሪት ኣብ ምድራዊ ቤተ መቕደስ [ሙሴ ዝሠርሖ] ዝፍጸም ኣይኮነን። ሊቀ ካህናት ብሉይ ኪዳን ናይ ምትዕራቕ ኣገልግሎቱ ዜካናውኖ ኣብ ደብተራ ኦሪት ኢዩ። ኣገልግሎት ሊቀ ክህንነት ጐይታና የሱስ ክርስቶስ ዝከናወን ሰብ ኣብ ዘይሠርሖ እግዚኣብሔር ኣብ ዘዳለዎ ኣብ ሰማያዊት መቕደስ ኢዩ። **ካልኣይ**፣- ሊቀ ካህናት ብሉይ ኪዳን ዜቕርቦ መሥዋዕቲ መሥዋዕቲ እንሥሳታት ኣጣልን ኣባጊዕን ኢዩ። ጐይታ የሱስ ግና ዜቕረቦ መሥዋዕቲ ናይ ባዕሉ ሰብነት ኢዩ። ሥጋኡ ቆሪሱ፣ ደሙ ኣፍሲሱ በጃነት ከፈለ።ኣብ ቀራንዮ ዝፈሰሰ ደሙ ኂሡ ዝኣተወ ናብ ሰማያዊት መቕደስ ኢዩ። **ሣልሳይ**፣- መሥዋዕቲ እንሥሳ ንሥጋዊ ንጽሕና እምበር ንነፍሲ ኬንጽሕን ኪቕድስን፣ ንሰብ ኣብ ቅድሚ እግዚኣብሔር ብቑዕ ገይሩ ኬቕርብ ኣይክእልን። **ራብዓይ**፣- መሥዋዕቲ ክርስቶስ ሥጋዊ ዘይኮነ ነውሪ ዘይብሉ ብናይ ዘለዓለም መንፈስ ንእግዚኣብሔር ዝቐረበ ናይ ክርስቶስ ሰብነት ኢዩ። **ሓምሳይ**፣- መሥዋዕቲ የሱስ ሕያው ንእግዚኣብሔር ንምምላኽ ኣብ ቅድሚ እግዚኣብሔር ብዘይ ነውሪ፣

ብዘይ ነቐፋ፣ ብቑዕ ገይሩ ዜቕውም መሥዋዕቲ ኢዩ። ብዘይ ክርስቶስ ካልእ እነቕርቦ ዝኾነ መሥዋዕቲ ንሰብ ኣብ ቅድሚ እግዚኣብሔር ብቑዕ ገይሩ ኬቕውም ኣይኽእልን። ዝኾነ ፍጥረት ካብ መሥዋዕቲ ክርስቶስ ወጻኢ ዜቕርብዎ መሥዋዕቲ ንእግዚኣብሔር ደስ ኣየብሎን [ዕብ 10:5-7]። **ሻዱሻይ**፦ ክርስቶስ ንርእሱ መሥዋዕቲ ገይሩ ንእግዚኣብሔር ብምቕራቡ ኣብ ቅድሚ ነቲ ንልቢ ዝምርምርን ዝፈልጥን እግዚኣብሔር ክንቀርብ ዘይንኽእል ሰባት ብክርስቶስ ገይርና [ቆላ 1:21-22] ኣብ ቅድሚኡ ንጹሕ ሕልና ኪህልወናን ብዘይ ፍርሓት ኣብ ቅድሚኡ እንቕርበሉን ደጋፊና ኾይኑ። በዚ ድማ እግዚኣብሔር ከምዚ ዝበለ ሊቀ ካህናትን ከምዚ ዝበለ መሥዋዕቲን ከም ዜድሊ ፈሊጡ ነዚ ገበረ።

ስለዚ ካብዚ ብዝተፈልየ መንገዲ ናብ እግዚኣብሔር ንምቕራብ እንኽዶም መንገድታት ኹሎም መንገድታት እግዚኣብሔር ኣይኮኑን። መንገድታት ሰብ መንገድታት ሰይጣን ኢዮም፣ መወዳእታኦም ድኻም፣ ጥፍኣትን ሞትን ኢዩ። ሓዋርያ ከም ዝበሎ እግዚኣብሔር ብዘዳለወልናን ብዝመረቕልናን መንገዲ ብክርስቶስ ገቢርና ናብ እግዚኣብሔር ንቕረብ [ዕብ 10:19-21]።

ምስ እንጠቓልሎ፣ ናብታ ሓቀኛን ናይዚ ዓለም ካብ ዘይኮነትን፣ ብእግዚኣብሔር ዝተሠርሐት መቕደስን ክርስቶስ ናይ ባዕሉ ሥጋን ደምን ኂሡ ኣትዩ፣ ኣብኡ ድማ ክርስቶስ ብዝፈጸሞ ናይ ምድኃን ሥርሑ ሎሚውን ምእንታና ይረአ [ዕብ 6:19-20፡ 9:24]።ንሕና ብእኡ እንኣምን ምእመናን ብሥጋ እኳ እንተ ኀደርና እንጽልዮ ካብ ምድሪ እንተ ኾነ ብመንፈስ ግና ኣብ ሰማያዊ ስፍራ ቀዲሙ ብዝኣተዋ ሰማያዊት መቕደስ ከም ዝኣተና፣ ምስ ክርስቶስ ኣብ ሰማያዊ ስፍራ ከም ዝተቐመጥናን ናብ ቅድስቲ ከም ዝኣተናን ኪፍለጥ ይግብኦ [ኤፌ 2:6-7 ዕብ 9:24 ምስ 10:19-20፡ ዕብ 12:22-24 ይነበብ]። ነስተውዕል ሎሚ ጐይታና የሱስ ክርስቶስ ዜቕርቦ ጸሎት ወይ ዜቕርቦ መሥዋዕቲ የሎን። መሥዋዕቱ ኾነ ጸሎቱ ተፈጺሙ ኢዩ።

6, ምትዕራቕ [ምድኃን] ክርስቶስ ብዝኾነ ይኹን ኪትካእ ኣይክእልን።

ጐይታና የሱስ ተፈጸመ ኣብ ዝበለሉ ጊዜ ናይ ምድኃኑን ምትዕራቑን ሥራሕ ተፈጺሙ ኢዩ።ኣብ ወንጌል ዮሓንስ ምዕራፍ 19 ቊጽሪ 30 ብግሪኽ **“Τετέλεσται” “ቴቴሌስታይ”** ዝብል ቃል **“ተፈጸመ”** ማለት ኢዩ። ዝተነግረሉ ሰዋስዋዊ ኣገባብ ድማ ብናይ ቐረባ ጎላፊ 3ይ መደብ ነጸላ ቊጽሪ ተገብሮ ግሥነት ኢዩ። ኣቐዲምና ናይ ቀረባ ጎላፊ [Perfect Indicative] ሰዋስዋዊ ኣገባብ ኣብ ዝረኣናሉ ክፍሊ ከም ዝበረሀ ፍጻሜኡ ዝተፈጸመን ዝተወደአ ኮይኑ ውጺኢቱ ግና ቀጻልነት ከም ዘለዎ የመልክት። ስለዚ ምስ ዝተነግረሉ ኣገባብ ኣንጻር ጐይታና ኣብ መስቀል ብምማት ዝፈጸሞ ናይ ምድኃንን ምትዕራቕን ሥርሑ ዘለዓለማዊ ምኺኑ የመልክት።

ናይ ክርስቶስ ናይ ምድኃን ሥርሑ ምሉእ እምበር ጉድለት ዘለዎ ኣይኮነን። መሥዋዕቱ ፍጹም መሥዋዕቲ ምድኃኑ ድማ ፍጹም ምድኃን ኢዩ። ንዝኣምንዎ ድማ ፈጺሙ ኬድኅኖም ይኽእል። ብምኺኑ እግዚኣብሔር ብዝፈጸሞ ፍጹም ብዝኾነ ናይ ምድኃን ሥራሕ [በጃነት] ይጐድል ተብሂሉ ናይ መላእኽቲ ይኹን ናይ ሰባት ተወሳኺ ምልጃን ተወሳኺ ምትዕራቕን የድሊ ኢዩ ኢልካ ምምሃርን ምልምማድን፣ ክርስቶስ በጃነት ከፊሉ ዝፈጸሞ ናይ ምድኃን ሥርሑ ምስ ርእሱን ኣቦኡን ዝዓረቐና ዕርቂ ጉድለት ከም ዘለዎ ዜቕጽር ዓቢይ ኑፋቄ ኢዩ።

ርግጽ ኢዩ ነዚ ብክርስቶስ ዝተፈጸመ ዘለዓለማዊ ናይ ምድኃን ሥራሕ ሰባት ኪፈልጥዎ ምንጋር፣ ሰባት ናብዚ ምድኃን ኪበጽሑ እግዚኣብሔር ኪረድኦም ምጽላይ፣ ካብ ሰባትን ፍጡራንን ትጽቦ ኢዩ። ነገር ግና ኣገልግሎት በጃነትን ምትዕራቕን ክርስቶስ ተኪኦም ፍጡራን ኣብ መንጐ እግዚኣብሔርን ሰባት ኣማላዲ ክኾኑ ኣይክእሉን። ከምዚ ኪንገብር ኢና እንተ በሉ ንሥራሕ ምድኃን ክርስቶስ ከም ምኽሓድ ይቕጸር። ኃጥኣን ሰባት ካብ ክርስቶስ ወጻኢ ካልኦት ፍጡራን ኬተዓርቕዎም ኬማልድሎም እንተ ደለዩን ናብ ፍጡራን ገጾም እንተ መለሱን፣ ናይ ክርስቶስ ናይ ምድኃኑ ሥራሕ መከራኡ፣ ሞቱ፣ ትንሣኤኡን ሊቀ ክህንነቱን ከም ዜቃለሉን ከም ዝኽሓዱን ይቕጸረሎም።

ምልጃን ናይ ኢትዮጵያ ኦርቶዶክስ ተዋሕዶ ቤተ ክርስቲያን ኣስተምህሮን።

ብዛዕባ ምልጃ ዝምልከት ኣስተምህሮ ኦርቶዶክስ ተዋሕዶ ቤተ ክርስቲያን ኢትዮጵያ

1, ክርስቶስ ብዕለተ ዓርቢ ኣብ መስቀል መሥዋዕቲ ብምኺን ሓደ ጊዜ ኣተዓሪቹ

ጐይታና የሱስ ክርስቶስ ብዘመን ሥጋዌኡ ኣማሊዱ [ተፈጸመ ምስ በለ ምልጃኡ ተፈጺሙ ዮሓ 19:30] ዝብል ትምህርቲ ቅድስት ኦርቶዶክስ ቤተ ክርስቲያን ትቕበሎ። ኣብ ኣንድምታ መልእኽቲ ቅዱስ ጳውሎስ **"ወይተነብል ሎሙ"** ዝብል ክትርጐም ከሎ፣-

*"ተንበለ ክብል ኢዩ፣ ኣንድም፡ ብቑሙ፣ ብዕለተ ዓርቢ ብዝገበሮ ተልእኾ ክሳዕ ምጽኣት ኬድጎን ዝነብር ስለ ዝኾነ ኢዩ።ኢላ ትትርጕሞ [ትርጓሜ ቅዱስ ጳውሎስ ዕብ 7:25]። **"ይትዋቀስ በእንቲኣነ"** ንዝብል ድማ "ምእንታና ይከራኸር፣ ምክርኻርሲ የሎን፣ ምእንታና ብዕለተ ዓርቢ ብዝገበሮ ተልእኾ ፍጹም ዋጋና ንረክብ ስለ ዝኾነ ኢዩ" ተብሂሉ ተተርጕሙ* **[ትርጓመ ቅዱስ ጳውሎስ ሮሜ 8:34]።**[92]

በዚ ድማ፣ ጐይታና የሱስ ክርስቶስ ብዕለተ ዓርቢ ሓደ ጊዜ ኣብ መስቀል ብዘፍሰሶ ደሙን ናብ ኣቦኡ ብዘቕረቦ ጸሎቱን፣ ማለት ብዝፈጸሞ ናይ ምድኃን ሥርሑ ሎሚውን ንመጻኢን ክሳዕ ዘለዓለምን ኣብ ቅድሚኡ ብንስሓ ንዝቕርቡ ኃጥኣን ይቕረ ይብለሎም ትብል።

[92] የኢትዮጵያ ኦርቶዶክስ ቤተ ክርስቲያን፣የቅዱስ ጳውሎስ መልእክት ትርጓሜ [አዲስ አበባ፣ ትንሣኤ ዘጉባኤ ማተሚያ ቤት።1988]፣ ገጽ 70

ቤተ ክርስቲያን ጐይታና የሱስ ክርስቶስ ናብ ሰማይ ንምንታይ ከም ዝዓረገን ናብ ኣቦኡ ከም ዝኸደን፣ ኣብኡ ድማ ስለ ምእመናን ከም ዝማልድ ኣብ ዜማኣ ከምዚ ብምባል ተዝይሞ፣-

ይቤሎሙ ኢየሱስ ለአርዳኢሁ አዐርግ ሰማየ ኀበ አቡየ ወአቡክሙ ሀበ አምላኪየ ወአምላክክሙ ሀበ እስእል ምሕረተ በእንተ እሊአየ። ትርጉም፣ *-ኢየሱስ ንደቀ መዛሙርቱ ናብ ኣቦይን ኣቦኹምን ናብ ኣምላኸይን ኣምላኽኩምን ምእንቲ እቶም ናተይ ምሕረት ናብ ዝልምነሉ ናብ ሰማይ ኪዓርግ ኢየ በሎም"* **[ድጓ ናይ ዕርገት]።**[93]

ኣብዚ ጐይታና ምስ ዓረገ ኣብ ቅድሚ ኣቦ ምሕረት ከም ዝልምንን ከም ዝጽልን ብግልጺ ተቐሚጡ። ቅድስቲ ቤተ ክርስቲያን ኦርቶዶክስ፣ ኣቦ ምእንቲ ምልጃ ጐይታና የሱስ ክርስቶስ ክብል ከም ዝሰምዓና፣ ወልድ ድማ ናብ ኣቦኡ ከም ዝማልድ ኣሚና፣ ኣቦ ስለ የሱስ ኢሉ ከም ዜድኅነና፣ ወልድ ድማ ናብ ኣቦኻ ኣቕርበና [ማልደልና] ኢላ ብጸሎታ ትምሕጸኖ።ከምዚ ብምባል፣-

ኦ አብ በእንተ ክርስቶስ ርድአነ ኀበ አቡከ ሔር አመሕፅነነ መንፈስ ቅዱስ ናዛዚ ናዝዘነ። ትርጉም፣- **ዎ ኣቦ ስለ የሱስ ኢልካ ኣድኅነና፣ክርስቶስ ናብ ሕያዋይ ኣቦኻ ሓደራ ሃበና [ማልደልና] ናዛዚ መንፈስ ቅዱስ ናዝዘና።**[94] ኢላ ጐይታና የሱስ ክርስቶስ ንኃጢኣተኛ ዘርኢ ኣዳም ዜድኃኖ ባዕሉ መሥዋዕትን ሊቀ ካህናትን ብምኺን ኢዩ። ኤጲስ ቆጶስ ዘኡሲስ ጎርጎርዮስ ብዛዕባ ንስሓ ኣብ ዝመሃረሉ ድርሳኑ፣ ጐይታና የሱስ ክርስቶስ ባዕሉ መሥዋዕቲ ሠዋዊ [**ካህን**] ባዕሉ ተሠዋዊ [**መሥዋዕቲ**]ን ተቐባሊ መሥዋዕቲ **ኣምላክ** ምኺኑ፣ "ንሱ በጊዕ መሥዋዕቲ ኢዩ፣ ንሱ ሠዋዊ ካህን ኢዩ፣ ንሱ ምስ ኣቦኡን ምስ መንፈስ ቅዱስን ድማ ተቐባል መሥዋዕቲ ኢዩ" ኢሉ [ዮሓ 1:29፡ ዕብ 9:11-28] **[ዘጎርጎርዮስ ምዕራፍ 36 ቁ 25-26]**። ከምኡውን መሥዋዕትነት ጐይታና የሱስ ክርስቶስ ዘይልወጥ መሥዋዕቲ፣ ሊቀ ክህንነቱ ድማ ዘይልወጥ ክህነት ብዛዕባ ምኺኑ፣-

---

[93] ፣ዱጓ ዘቅዱስ ያሬድ ፣[አዲስ ኪዳን፣ትንሣኤ ዘጉባኤ ማተሚያ ቤት 1987]

[94] ሰዓታት ዘሌሊት ወዘነግህ [አዲስ አበባ፣ተስፋ ገብረ ሥላሴ] ገጽ 222

ንሱ ሕማምና ዝተዓገሰን ደቂና ዝፆረን በደልና ዝተቐበለን ምእንታና ንጹሕ መሥዋዕቲ ገይሩ ዘዕረገን ንሱ **ካህን ዘለዓለም** ኢዩ ብምባል ኣረጋጊጹ [ኢሳ 53፡1-11 ፈል 2፡5-9 ዕብ 7፡19-28]፣ **[ዘጎርጎርዮስ ምዕራፍ 36 ቍ 25-26]።**

ቤተ ክርስቲያን ኣብ ቅዳሴኣ ኣብ ቀራንዮ ዝተሠውዐ መሥዋዕቲ ሕያው ብዛዕባ ምኽኑ፣-

ወናሁ ደመ መሢሕከ ንጹሕ ዘተክዕወ በእንቲኣየ በቀራንዮ ይኬልሕ ሕየንቴየ ዝንቱ ደም ነባቢ ይኩን ሠራዬ ኃጢአትየ ለገብርከ።ትርጕም፣- **“እንሆ ኣብ ቀራንዮ ዝፈሰሰ ንጹሕ ደም መሢሕካ ምእንታይ ይጠርዕ ኣሎ፣ እዚ ዝዛረብ ደም ናይ ባርያኻ ኃጢኣት ዜሥተስሪ ይኹን”።**[95] ብምባል ኣብ ቀራንዮ ዝፈሰሰ ደም ሕያው ኮይኑ ዝዛረብ፣ ሎሚን ንዘለዓለምን **ዝማልድ** ከም ዝኾነን መጽሓፍ ቅዱስ ካብ ዝዛረቦ ብዝስተኻኸለ ብግልጺ ብዛዕባ ኣማላድነት ክርስቶስ ትእውጅ [ዕብ 12፡24]። ሊቀ ጳጳሳት ቍስጥንጥንያ ዮሓንስ ኣፈወርቂ ሓዋርያ ቅዱስ ጳውሎስ ናብ ዕብራውያን ንዝጸሓፎ መልእኽቲ ኣብ ዝተርጐመሉ ድርሳኑ። ጐይታና የሱስ ክርስቶስ ናይ ሓዋርያዊነትን ናይ ምትዕራቕ ኣገልግሎትና ኣብነት ብዛዕባ ምኽኑ ኪጽሕፍ ከሎ፣-

ብድኅርዚ “ነዚ ሓዋርያን ሊቀ ካህናትን እምነትና ጠምትዎ፣ ኣብ ስለ ዝለኣኾ ‘ሓዋርያ ሠመዮ” ብእኡ ስለ ዝኣመንና ከኣ “እንኣምኖ ሊቀ ካህናት” በሎ።ከመይ ነቶም ንእኡ ንምግባረ ሠናይ ቀናእቲ፣ ቅኑዓት ሕዝቢ ኽንኮኖ ዘጥረየና፣ ምእንታና ይማልድ ኢዩ።[96] ኢሉ።

ከም ኣስተምህሮ ጥንታውያን ኣበው፣ ናይ ኢትዮጵያ ኦርቶዶክስ ተዋሕዶ ቤተ ክርስቲያን፣ ከም ናይ ካልኦት ኣኃት ኣብያተ ክርስቲያናት ኣስተምህሮን እምነትን፣ ክርስቶስ ብዕለተ ዓርቢ ሓደ ጊዜ ብዝፍሰሶ ደሙ ኣብ ብሉይን ሓዲስን ኪዳን ንዘለዉን ንመጻኢ ክሳዕ ዳግማይ ምጽኣቱ ንዝነብሩ ሰባት ብምልኣም ሓደ ጊዜ ማሊዱሎም። ሕጂ ኣብ የማን ኣቦኡ ተቐሚጡ ምእንቲ ምእመናን/ት ዜማልዶ ነገር

[95] መጽሓፈ ቅዳሴ፣ቅዳሴ ሓዋርያት ቍጽሪ 1061 ‘አዲስ አበባ ገብረ ሥላሴ ብርሃኑ፣1993] ገጽ 122
[96] ሃይማኖተ አበው ዘዮሓንስ ኣፈወርቂ ምዕ 63 ቍጽሪ 26

የሎን፣ ምልጃኡ ብዕለተ ዓርቢ ተፈጺሙ ትብል። ዝተፈጸመ ናይ ምምላድ ሥርሑ ድማ፣ ሕጂ ኣብ የማን ኣቦኡ ምድራዊት ዘይኮነት ሰማያዊት ብዝኾነት፣ ብሰብ ዘይኮነ ብባዕሉ ብእግዚኣብሔር ዝተሠርሐት መቅደስ ስለ ምእመናን [ስለ ቅዱሳን] ዝቐመሎም ሊቀ ካህናት ከም ዝኾነ ከምዚ ብምባል ኣብ ሰዓታታ ተዝይሞ፣-

ሊቀ ካህናት ዘይቀውም ሎሙ ለቅዱሳን በደብተራ ስምዕ እንተ እግዚኣብሔር ተከላ ውእቱ ኢየሱስ ክርስቶስ። ትርጉም፣-**ኣብታ እግዚኣብሔር ዝተኸላ ምሥክር ድንኳን ንቅዱሳን ዝቐመሎም ሊቀ ካህናት የሱስ ክርስቶስ ኢዩ። [ሰዓታት ገጽ 122]**[97]

ብምባል ሕጂ ክርስቶስ ስለ ቅዱሳን [ምእመናን] ዝፍጽሞ ናይ ምምላድን ናይ ምትዕራቕን ኣገልግሎት ኣሚና፣ ካብ ክርስቶስ ዝተዋህባ ሥልጣን መሠረት ገይራ ምሥጢራት ትፍጽም፣ ሥልጣነ ክህነት ትዕድል፣ ንኹሉ ዓለም ምስ እግዚኣብሔር ተዓረቐ እናበለት ኣገልግሎታ ክሳዕ ዳግማይ ምጽኣቱ ትቕጽል።[98] ይኹን እምበር ኣብዚ ዘመን ዘለዉ መማህራን ይኹኑ ምእመናን ምልጃን ሊቀ ክህንነትን የሱስ ክርስቶስ ኪለዓል ከሎ ንዘይ ምስማዕ ኣእዛኖም ይዓጽዉ። መማህራንን ካህናትን ኣብ ቅዳሴ፣ ኣብ ማኅሌትን ሰዓታትን ብዛዕባ ምልጃ ክርስቶስ ዜዝምዎ ኣየስተውዓልዎን እምበር እንተ ዘስተውዕልዎ ነይሮም ግሉጽ ብዝኾነ መንገዲ ዝተጻሕፈ ትምህርቲ ኣበዉ ምምሃር፣ ምእመናን ድማ ንምስማዕ ልቦም ኬዳልዉ ምተገብኦም ነይሩ።

---

[97] ክልተ ዓይነት መቅደስ ኣሎ።ቀዳማይ ቤተ መቕደስ ወይ ድንኳን ምሥክር [ደብተራ ኦሪት] እትበሃል፣ ብምሳሌ ሰማያዊት ሙሴ ዘሥረሓ ታቦት እግዚኣብሔር ኣብ ውሽጣ ዘለዋ መቕደስ ኢያ።ኣብዛ መቕደስ እዚኣ ዝቐርብ መሥዋዕቲ ናይ ኣጣል፣ ናይ ኣባጊዕን ኣራሒን ደም ኢዩ። እታ ካልኣይቲ መቅደስ ድማ ብሰብ ዘይኮነ ብእግዚኣብሔር ዝተሠርሐት ሰማያዊት መቅደስ ኢያ። እቲ ዝቐርብ መሥዋዕቲ ድማ ደም ክርስቶስ ኢዩ።[ዕብ 9፡11-13]። ጐይታና የሱስ ክርስቶስ ሙሴ ናብ ዝሠርሓ ምድራዊት መቅደስ [ደብተራ ኦሪት] መሥዋዕቱ ኂሡ ኣይኣተወን።ጐይታና ሊቀ ካህናት ኮይኑ ዝኣተወ ብኢድ ሰብ ናብ ዘይተሠርሐት ብእግዚኣብሔር ናብ ዝተሠርሐት ሰማያዊት መቕደስ [ድንኳን ምሥክር] ኢዩ።ኣብኡ ድማ ምእንታና ይረአ [ይማልድ]።[ዕብ 9፡1-14 ንበብ]።

[98] ጌታቸው ተረፈ [መምህር] መልሕቅ ክፍል ሁለት "ኣሊቴያ" ገጽ 185-189.

2,ምልጃን ምትዕራቅን ክርስቶስ ብዝተፋላለያ ቤተ እምነታት

መጽሓፍ ቅዱስ መሠረት ገይረን፣ ብሓድነትን ሠለስትነትን ሥላሴ፣ ብወልድ ፍጹም ኣምላኽነትን ፍጹም ሰብነትን፣ ብክርስቶስ ናይ ምብጃው ሥራሕ ዝኣምና ቤተ እምነታት ብምሉአን [ምዕራባውያን ኮና ምብራቓውያን] ምትዕራቕ የሱስ ክርስቶስ ይኣምና ኢየን። ማለት ምእንቲ ኃጢኣትን በደልን ኣዳምን ዘርኡን ክርስቶስ ከም ዝጸለየ፣ ኣብ መስቀል ኣብ ክንዲ ኃጢኣተኛታት ከም ዝሞተን ከም ዝተንሠአን ብሓፈሻ ዝፈጸሞ ናይ ሊቀ ክህንነት ኣገልግሎቱ ይቕበላ ኢየን። ይኹን እምበር ክርስቶስ **“ይማልድ ኣሎ”** ዝብል ቃልን ትርጓሜኡን ኣመልኪተን ቤተ እምነታት [Denominations] ብሠለስተ መልክዕ ተርጕመን ይርድኣኣ።

እዚ ድማ፣**ቀዳማይ ወገን**፣- ክርስቶስ ሰብ ኮይኑ ብሥጋ ቅድሚ ምግላጹ ኣብ ብሉይ ኪዳን ብኣምሳል መልኣኽን፣ ከም መልከ ጼዴቕ ኮይኑ ማሊዱ፣ ብሥጋ ምስ ተገልጸ ድማ ማሊዱ፣ ድኅሪ ዕርገቱ ድማ ኣብ ሰማይ እናማለደ ይነብር ዝብላ ኢየን።

ካልኣይ ወገን፣-ክርስቶስ ብኽብሪ ናብ ሰማይ ዓሪጉ ኣብ የማን ኣቦኡ ምስ ተቐመጠ ማለት ሎሚውን ስለ ምእመናን ተንበርኪኹ ናብ ኣቦኡ ይጽሊ፣ በጃኻ መሓሮም እናበለ ይማልድ ዝብላ ኢየን።

ሣልሳይ ወገን፣- ክርስቶስ ስለ ምእመናን ዝማለዶን ናብ ኣቦኡ ዝጸለዮን፣ ስለ ኹሉ ኃጢኣት ሰባት መሥተስረዪ ኪኾውን ሥጋኡ ዝቐረሰ ክቡር ደሙ ዘፍሰሰ ኣብ ምድሪ ኣብ ዝነበረሉ ወርኃት ኢዩ። እዚ ብዕለተ ዓርቢ ኣብ መስቀል ዘፍሰሰ ደሙን ናይ ሊቀ ክህንነት ጸሎቱን ኣብ ብሉይ ኮነ ኣብ ሓዲስ ኪዳን ንዘለዉን ንመጻኢን ክሳዕ ዳግማይ ምጽኣቱን ናብኡ ንዝመጽኡ ሰባት ብምልኣም ሓደ ጊዜ ማሊዱሎም። ሕጂ ኣብ የማን ኣቦኡ ተቐሚጡ ስለ ምእመናን ይረአ፣ ምርኣዩ ድማ ምልጃ ተብሂሉ ኪትርጐም ይከኣል። ሕጂ ብጸሎት ዜማልዶ ነገር የሎን፣ ምልጃኡ ብዕለተ ዓርቢ ተፈጺሙ ዝብላ ኢየን።

ቀዳማይን ካልኣይን ኣቋም [ርዲኢት] ኂዘን ዝዝርግሓ ማለት “ብሥጋ ቅድሚ ምግላጹ ኮነ ድኅሪ ምግላጹ ንዘለዓለም ይማልድ” ዝብላን “ብዘመነ ሥጋዌ ድኅሪ ዕርገቱ ኣብ የማን ኣቦኡ ተቐሚጡ ስለ ምእመናን ናብ ኣቦኡ ይጽሊ፣ በጃኻ

መሓሮም እናበለ ይማልድ" ዝብላ ዝተፋላለያ ሰዓብቲ እምነት ፕሮቴስታንት [Denominations] ክኾና ከለዋ፣ ሣልሳይ ትርጓመ ኂዘን ዝስዕባ ድማ ቀዳሞት ኣብያተ ክርስቲያናት ዝበሃላ ቤተ እምነታት ኦርቶዶክስን ካቶሊክን ከምኡውን ሓደ ሓደ ቤተ እምነታት ፕሮቴስታንት [Denominations] ኢየን።

3, ቅዱሳንን ምልጃኦምን ብኦርቶዶክስ ተዋሕዶ ቤተ ክርስቲያን ኢትዮጵያ

ኦርቶዶክስ ተዋሕዶ ቤተ ክርስቲያን ኢትዮጵያ፣ ከም እተን ካልኦት ኣኃት ኣብያተ ክርስቲያናት እምነትን ኣስተምህሮን፣ ንመጽሓፍ ቅዱስ መርትዖ ገይራ ቅዱሳን ኣብ ምድራዊ ሕይወቶም ንእግዚኣብሔር ብዝገበርዎ ሠናይ ግብሮምን ተጋድሎኦም ካብ እግዚኣብሔር ሞጐስ ስለ ዝረኸቡ፣ ብሕይወተ ሥጋን ብዓጸድ ነፍስን ንሰባት ምስ እግዚኣብሔር የተዓርቁ የማልዱ ኢላ ትኣምን። በዚ ድማ መጽሓፍ ቅዱሳዊ ታሪኽን ትውፊትን ብመርትዖ ብምቕራብ ንቅዱሳን ክብሪ ትህብ።[99]

ኣቐዲምና ከም ዜብራህናዮ ቤተ ክርስቲያን ኦርቶዶክስ ቅዱሳን ብዓጸደ ነፍሲ ዜከናውንዎ ምልጃ፣ ካብ ናይ ክርስቶስ ምትዕራቕ ፍሉይ ከም ዝኾነ ገይራ ከም ትኣምን ጥርጣረ የብሉን። ይኹን እምበር በጃነትን ሊቀ ክህንነትን ክርስቶስ ኣብ ሃይማኖተ ኣበው መጽሓፋ ተማሣጥሮ፣ ኣብ ኣንድምታ ቅዱስ ጳውሎስ ትተርጕሞ፣ ኣብ ቅዳሴኣ፣ ኣብ ሰዓታታን ኣብ ድጓኣ ተዝይሞ እምበር፣ ብተግባር ኪረአ ከሎ ግና ኣገልግሎት ምትዕራቕን ምልጃን ክርስቶስ ብግልጺ ኣይትምህሮን፣ ኣይትዛረቦን፣ ሊቃውንቲ'ውን ኣየስተውዕልዎን፣ ምእመናን ከኣ ኣይፈልጥዎን።

ይኹን እምበር፣ ጐይታና የሱስ ክርስቶስ ንሰባት ምስ ርእሱን ምስ ኣቦኡን ንምትዕራቕ ብርእሱ፣ ብፍቓድ ኣቦኡን መንፈስ ቅዱስን ሰብ ብምኺን ብዕለተ ዓርቢ ሓደ ጊዜ በጃነት ከፈሉ። ዝኾነ ፍጡር፣ መላእኽቲ'ውን እንተ ኾኑ ጐይታና

[99] የኢትዮጵያ ኦርቶዶክስ ተዋሕዶ ቤተ ክርስቲያን እምነት፣ ሥርዓተ አምልኮትና የውጭ ግንኙነት [አዲስ አበባ፣ ብርሃንና ሰላም ማተሚያ ድርጅት፣ 1988 ዓ.ም]፣ ገጽ 53-59.

የሱስ ክርስቶስ ንሥርየት ታጢኣት ኣብ ቀራንዮ ከም ዝኸፈሎ ዓይነት በጃነት ኪኸፍሉን ንሰባት ምስ እግዚኣብሔር ፈጺሞም ኬተዓርቁ ኣይክእሉን። ቅዱሳን ንሰብ ምስ እግዚኣብሔር ኬተዓርቁ እንተ ዝኽእሉ ነይሮም ምልጃኦም ብቑዕ ምኾነሞ፣ ክርስቶስ ድማ ኪመውት፣ካብ ሞት'ውን ተንሢኡ ሊቀ ካህናት ኪኸውን ኣይመድለዮን ነይሩ። ቤተ ክርስቲያን ቅዱሳን የማልዱ ኢዮም ክትብል ከላ ምምላድን ምትዕራቕን ናይ ባሕርይኦም [ዝተገበኦም] ኮይኑ ዘይኮነ፣ ኣብዚ ዓለም ከለዉ ብዝሠርሕዎ ሠናይ ግብሮምን ተጋድሎኦምን ብጸጋ ካብ ክርስቶስ ብዝረኸብዎን ብዝተቐበልዎን ሞጐስ ኢዩ ኢላ ተስተምህር።

ናይ ሎሚ ኣይግበሮ'ሞ ቤተ ክርስቲያን ምልጃ ክርስቶስን ጸሎት ፍጡራንን ፈልያ ተስተምህር ዝነበረትን ሎሚ'ውን ሓደ ሓደ ሊቃውንቲ ዝምህርዎ ትምህርታ ኢዩ። ብዓጸደ ሥጋ ዘለዉ ምእመናን ነኳዋቶምን ንኹሎም ቤተ ሰብ እግዚኣብሔር ንዝኾኑን፣ ኣብ ፈተና ንዝርከቡ ወገናት እግዚኣብሔር ኪረድኦም ናብ እግዚኣብሔር ይጽልዩ፣ ብጸሎት ይደጋገፉ።

ሰብ ናብ ፈጣሪኡ ናብ እግዚኣብሔር እምበር ናብ ፍጡርን ናብ ሰብን ኣይጽልይን። ኣብ ውሽጢ መጽሓፍ ቅዱስ ሰባት ናብ ሰባት ጸልዮም ተብሂሉ ተራእዩ፣ ተነጊሩ፣ ተሰሚዑን ኣይፈልጥን። ሥጋ ዝለበሰ ኩሉ ጸሎት ናብ ዝሰምዕ ናብ እግዚኣብሔር ይጽሊ እምበር ናብ ፍጡር ኣይጽልን። ቅዱሳን ሰባት ስለ ኢ-ኣማንያን፣ ስለ ኣማንያን፣ ናብ እግዚኣብሔር ብጸሎቶም ይማልዱ፣ ይልምኑ። ምልጃ ክርስቶስ፣ ቅዱሳን ብጸሎቶም ናብ እግዚኣብሔር ምስ ዜዘኻኽርዎ ልመና ምንጽጻር ምድኃን ሥራሕ ክርስቶስን ዝኸፈሎ በጃነትን ናይ ዘይምርዳእ ሽግር ኢዩ።

ናይ ቅዱሳን ሰባት ሕይወቶምን ናብራኦምን ንክርስቶስ ስለ ዝመስል ኣብ ምድራዊ ጕያኦም ዝገበርዎ ተጋድሎ ርኢና ንሕናውን ኣብ ዘመና ኪንጋደል፣ ንሳቶም ከም ዝነበርዎ ኪንነብር፣ ንሳቶም ከም ዝመሃርዎ ኪንምህር ከም ዘለና ተኣዚዝና [ዕብ 13:7፡ 1 ቆሮ 4:15 11:1 2 ጢሞ 3:10]። ንሳቶም ናይ ሕይወት ክርስትና ኣብነትና ኢዮም እምበር፣ ኣማልኽትና ኣይኮኑን። ወይ ድማ ንክርስቶስ ተኪኦም ናይ ምድኃን ሥራሕ ዝፍጽሙ ኣድኃንትና ወይ ሊቃነ ካህናትና ኣይኮኑን።

መጠቓለሊ

ናይ ኢትዮጵያ ኦርቶዶክስ ተዋሕዶ ቤተ ክርስቲያን ቅኑዕ [ኦርቶዶክሳዊ] ዝኾነ ናይ ክርስቶስ በጃነትን ምትዕራቕን ትምህርታ ኣብ ኣደባባይ ምምሃር ገዲፋ፣ ድኅሪ ጊዜ ዝተፈጥሩ ትምህርትታት ብምኽንያት ምምሃራ ኣበየ ዘመናት ተቓውሞታት ገጢምዋ ኢዩ።ነዚ ካብ ውሽጢን ደገን ዝገጠማ ልዑል ተቓውሞን ፈተናን፣ ቃል እግዚኣብሔር መሠረት ገይራ ክትእርምን ብትምህርቲ ኣበው ግቡእ መልሲ ክትህብ ዝግብኣ ክነሳ፣ ኣበው ብመንፈስ ቅዱስ ተመሪሖም ዝጸሓፍዎን ናብ ግዕዝን ኣምሓርኛን ዝተረጐምዎ ቃላት መጽሓፍ ቅዱስ፣- ኣይጠዓመንን፣ ካብ ስልቲ ኣተራጓጕማ ዝረሓቐ ኢዩ፣ ብምባል[100] **“ይማልዳል፣ [ይማልድ]”** ዝብል ቑልፊ ሥነ መለኮታዊ ቃል **“ይፈርዳል፣ [ይፈርድ]”፣ “አጽናኝ፥ መጸናንዒ” ንዝብል ቃል ፥ “ፈራጅ፣ ፈራዲ” “ጠበቓ” ንዝብል ቃል “ፈራዲ”፣** ኢላ ክሳዕ ምቕያርን ኣብ ክፍሊ ክልተን ሠለስተን ከም ዝተመልከትናዮ፣ ብግልጺ ብዝተጻሕፉ ቃላትን ንባባትን መጽሓፍ ቅዱስ ተወሳኺ ቃላትን ንባባትን ክሳዕ ምእታው ምብጻሓ ብጣዕሚ ዜሕዝን ጉዳይ ኢዩ።

ሓደ ሓደ ሊቃውንቲ ድማ እዞም ቃላት ንምንታይ ተቐየሩ? ንምንታይ ተወሰኹ? ንምንታይከ ተቐኒሶም? ኢሎም እንተ ሓተቱ ከም መናፍቕ ተቈጺሮም ካብ ቤተ ክርስቲያን ተሰዲዶም። እዚ ፍጻመ፣ ቃላት ምቕያር፣ ምውሳኽን ምቕናስን፣ ኣብ ታሪኻ ተራእዩ ብዘይፍለጥ ኩነት ግቡእ ዘይኮነ ሥራሕን ዓቢዩ ስሕተት ከም ዝተፈጸመ የርኢ።

ኣብዚ ዘመን ዘላ ቅድስቲ ቤተ ክርስቲያን ቃላት መጽሓፍ ቅዱስ ባዕላ ከም ትደልዮ ገይራ ምትርጓማ፣ ንቓል እግዚኣብሔር ጥንቃቐ ብዘይ ምግባራን ንቓሉ እምንቲ

[100] መጽሓፍ ቅዱስ መጻሕፍቲ ብሉይን ሓዲስን ፳፻ [2000] ዓ.ም. “መእተዊ”። ናይ ፳፻ ዓ.ም ትርጉም ዝተተርጐመሉ ምኽንያት ክገልጽ ከሎ፣ “1ይ ናይ መጀመርታ ትርጉም ብመሠረት ግዕዝ ዘይተተርጐመ ብምኺኑ፣ 2ይ ናይ ኣተራጓማኡ ስልቲ ካብ ኣተራጓማ ቤተ ክርስቲያና ዝረሓቐ ስለ ዝኾነ መብዛኺኦም ሊቃውንቲ ቤተ ክርስቲያና ናይ ቤተ ክርስቲያና መጽሓፍ ቅዱስ ኢዩ ኢሎም ንምቕባል ክጽገሙ ጸኒሖም” ብምባል ቃላት ዝተቐየርሉ ምኽንያታት ኣቐሚጦም።

ከም ዘይኮነትን የርኢ። ብምኺኑ ብመንፈስ ቅዱስ እትምራሕ ቤተ ክርስቲያን ክርስቶስ ቃል እግዚኣብሔር መሠረት ሃይማኖታ ምኺኑ ፈሊጣ ብጥንቃቐ ክትጎዞ ይግብኣ [2 ጴጥ 1፡19-21]።[101] ኣበየ ዘመናት ቤተ ክርስቲያን ካብ ሓቂ ዝወጽኡን ዝሰሓቱን ኣብ ደገን ውሽጢን ዘለዉ ስሑታን ናብ ቅኑዕ መንገዲ ዝመለሰቶምን ደገታት ገሃንም ዘይጎየልዋ ናይ ቃሉ ሰይፊ ብዝግባእ ኒዛ ብምብራሃን [ብትርጓሜ] ብምምሃራን ነበረ። ሎሚውን እንተ ኾነ ትምህርታን ሃይማኖታን ንዝነቕፉን ንዝቃወሙን ተቓወምቲ መፍትሕ [መልሲ] እትህቦን ካብ ስሕተቶም እትመልሶም ቃላት መጽሓፍ ቅዱስ ብምብራህን [ብትርጓሜ] ብምምሃርን እምበር፣ ቃላት ብምቕያር፣ ወይ ድማ ብምውሳኽን ብምቕናስን ክኸውን ኣይምተገበአን ነበረ። ምኽንያቱ ናይቲ ቃል በዓል ቤት እግዚኣብሔር እምበር ሰባት ስለ ዘይኮንና ንቓሉ ምቕያር፣ ንኣገባቡ ምቕያር፣ ኣብ ቃሉ ምውሳኽን ምቕናስን ብእግዚኣብሔር ዓቢይ ፍርዲ ዜስዕብን ይቕረ ዘየብል በደል ስለ ዝኸውንን ኢዩ።

መጽሓፍ ቅዱስ ቤተ ክርስቲያን ከም ናይ ጥንቲ ከም ናይ መጀመርታኡን ቋንቋ ዕብራይጢን ድርኢን መሠረት ገይራ ኪትትርጉም [Translation] ነቲ ቃላት ኬተብርሆ፣ ብትርጓሜ [Interpretation] ኪትምህር ይግብኣ እምበር፣ መተርጉማን ተቓወምቲ ንዝፈጥርዎም ሽግር መፍትሒ ምድላይ ኮነ ንኣተረጓጉማ ኪጥዕም ወይ ድማ ኣበየ ዘመናት ንዝተፈጥሩ ሰብ ዝሠርሖም ሥርዓታት ቅኑዑነት መረጋገጺ ኪኸውን ብምሕሳብ ቃል እግዚኣብሔር ምቕያርን ብኻልእ ቃል ምትካእ፣ ኣብ ቃሉ ምውሳኽን ምቕናስን ግቡእ ኣይኮነን። ምኽንያቱ በዞም ናይ ቃላት ለውጢ ምኽንያት ብሓደ ሓደ ቤተ ክርስቲያና ናይ ክርስቶስ መድኅንነቱ፣ ምልጃኡ፣ ሊቀ ክህንነቱን ምትዕራቕን፣ ዘለዓለማዊ በጃነቱን፣ ከም ዘይትኣምንን ካብ ካልኦት ኣኃት ኦርቶዶክስ ተዋሕዶ ኣብያተ ክርስቲያናት ዝተፈልየ ሃይማኖት ከም ዘለዋ ገይሮም ኪቈጽርዋ ይኽእሉ።ኣብ ውሽጣ ዘለዉ ምእመናን ድማ ኪደናገሩን ኪሸገሩን፣ ካብ ሕይወት ዘለዓለም ኪጐድሉ ምኽንያት ኪኾኖም ይኽእል።[102] ነዚ ሓሳብ ኣልዒልና ኪንዛረራብ ንምንታይ ከምዚ ኮይኑ? ምሕታትና ምትካዝናን ኣይተርፍን።ዝኾነ'ኪ

[101] ጌታቸው ተረፈ [መምህር] መልሕቅ ክፍል ሁለት "አሊቴያ" ገጽ 111-114

[102] ጌታቸው ተረፈ [መምህር] መልሕቅ ክፍል ሁለት 'አሊቴያ" ገጽ 188-189

ብፍላጥ ይኹን ብዘይ ፍላጥ ሕጂ ድኂሮም ዝበቐሉ ኣኽረርትን ጉጀለታትን ንቓሉ እንተ ኣጣመምዎ፣ ብቕጽሪ ውሑዳት ዘይኮኑ ምስ ሓቂ ደው ዝበሉ፣ ፍቐራት ደቂ ቤተ ክርስቲያን ስለ ዘለውዋ ኹሉ ዓለም ዝድኅነሉ ወንጌል ሓቂ ንምድርና ኪመልእ ኢዩ።

ኣብ ዘመንና ዘለዉ ሊቃውንቲ ቤተ ክርስቲያን ነቲ ናይ ጥንቲን መጀመርታን፣ ኣቦታትና ዘጽንሑልና ርትዕቲ ሃይማኖትና ዜፋልስ ፍጻመ ኪፍጸም እናረኣዩ፣ ስደትን መከራን ፈሪሑም፣ ስቕታ ምምራጸምን ኣብ ቃል መጽሓፍ ቅዱስ ሰባት ከም ዝመስሎምን ንርእሶም ብዝጥዕሞም ኪውስኹን ኪቕንሱን ኣሚንቶም ካብ ምዕማት ደው ኬብሉ ይግብኦም።

ኣቐዲማና ከም ዝረኣናዮ ኣበው ኦርቶዶክስ ቤተ ክርስቲያን ናይ ትምህርትን ትርጓሜን [Interpretation] ሽግር ከም ዘይብሎምን መጻሕፍቲ ብእኹል ኩነት ናይ ምትርጓምን ምብራህን ብቕዓት ከም ዝነበሮም፣ ነገር ግና ኣበየጊዚኡ ዝተንሥኡ ዘይፈላጣት ነቲ ቅኑዕ ትምህርቲ ከም ዘባላሸዉ ተገንዚብና። ኣብዚ ዘመን ዘለና ደቂ ቤተ ክርስቲያን ምስ ሓቂ ደው ንምባል ንሓቂ ኪንፈልጥ፣ ንሓቂ ንምፍላጥ ድማ ኪንምርምርን ንሓቂ ዋጋ ኪንከፍልን ይግብኣና። ሃገርና ብሕጊ ልቦና፣ ብሕጊ ኦሪትን ብሕጊ ወንጌልን ንእግዚኣብሔር እተምልኽ ሃገር ከም ዝኾነት ታሪኽ ዝምሥክረላ፣ ቤተ ክርስቲያንውን መጻሕፍቲ ብሉይን ሓዲስን ተርጕማ [Translation] ብትርጓሜ [Interpretation] ኣደላዲላ፣ ብቐጥታ ካብ ሓዋርያት ዝተቐበለቶ ሃይማኖታ ሓልያን ኣክቢራን ዝነበረት፣ ኣብ ዓለም ካብ ዘለዋ ኣብያተ ክርስቲያናት ጐሊሓ እትርአ ቤተ ክርስቲያን ምኺና ይፍለጥ። ይኹን እምበር ሕጂ ካብ ዘላቶ ኩነት ንምውጻእን ከም ስማ ከም መጠን ዕቤታ ንደቃ ብሓቀኛ ትምህርቲን ሥነ ምግባርን ምህናጻ ብትግሃት ንምቕጻል ኪትክእል ብዙኅ ኪትሠርሕ ኣሎዋ።

ናይዚ መጽሓፍ ሓደ ዕላማ ቤተ ክርስቲያን ዘለዋ ሓቀኛ ትምህርቲ መጽሓፍ ቅዱስ፣ ኣብ ቅዳሴኣን መጻሕፍታን ዝበረሀ ናይ ክርስቶስ ምትዕራቕ [ናይ ሊቀ ክህንነቱ] ኣገልግሎት፣ ድኅሪ ጊዜ ብዝተፈጥሩ ጉጅለታት ትምህርቲ ቤተ ክርስቲያን ብዘይ ፈለጡ “ሊቃውንቲ” ስለ ተዘንገዐ፣ ናብ ናይ ቀደም ትምህርታ ኪትምለስ ንምትሕስሳብ፣ ከምኡውን ኣቦታትና ካብ ሓዋርያት ዝተቐበልዎ ቃል

እግዚኣብሔርን ትምህርቲ ቤተ ክርስቲያንን እሙናት ብምኺን ንኣና ከም ዘመኃላለፉልና፣ ንሕና ድማ ንቃል እግዚኣብሔር ፍጹማን እሙናትን ብምኺን ካብ ኣቦታትና ሓደራ ዝተቐበልናዮ ቃል እግዚኣብሔርን [መጽሓፍ ቅዱስ] ትምህርታን ሰባት ዝድኅኑላ ርትዕቲ [ኦርቶዶክስ] ሃይማኖት ንዝመጽእ ወለዶ እሙናት ብምኺን ናይ ምትኃልላፍ ዓቢዪ ሓደራ ብግቡእ ኪንዋጻእ ከም ዘለና ንምዝኽኻር ኢዩ።

ዎ ፍትዋት ነበብቲ!

ከምዚ ብዝበለ ዓቢዪ ርእሰ ጉዳይ፣ ካባይ ንላዕሊ ዝሓሸ ፍልጠት፣ ዓቢይ ሥልጣንን ልዑል ሓደራን ዘለዎም ኣቦታት እንተ ዝጽሕፉ ዝሓሸ ምኾነ ነይሩ። ይኹን እምበር፣ ከም ወዲ ቤተ ክርስቲያን እግዚኣብሔር ብሕያውነቱ ከም ዝገለጸለይን ንሱ ብዝሃበኒ ጸጋን ተደጊፈ ብቕንዕናን እሙን ብምኻንን ሓቂ ንዝኾነ ነገር ንምጽሓፍ ፈቲነ ኣሎኹ። ሓቂ ዝኾነ ነገር ኪጽሕፍ መጽሓፍ ቅዱስ መሠረት ገይረ፣ መጽሓፍ ቅዱስ ጽርኢ [ግሪኽ] ምስ መጽሓፍ ቅዱስ ኣምሓርኛ ኣመሣኺረ፣ ትምህርቲ ኣበው ብመርትዖ ጠቒሰ፣ ኪእረሙ ዝግብኦም ኪእረሙ፣ ቤተ ክርስቲያን ንርእሳ ኪትምልከትን ነዚ ወለዶ ካብ ጥፍኣት ኪትመልስን እትኽእለሉ መንገዲ ንምጥቋም ኢዩ።

ሓቂ ንምፍላጥ እትደልዩን ምስ ሓቂ ደው ኪትብሉ ልብኹም ንዝቐንዐ ፍትዋት ደቂ ቤተ ክርስቲያን፣ ዝዛረቦ፣- ቅዱስ ጳውሎስ **“ንኹሉ ተዓዘብዎ፡ ነቲ ሠናይ ታዝዎ። ”** [1 ተሰ 5፡21]፣ ኢሉ ከም ዜተሓሳሰበና ከምኡ ፈቲንኩም ንሓቂ ኪትኅዙ አተሓሳስብ። ከምኡውን ወንጌላዊ ሉቃስ ከም ዝዘገቦ፣-**እዚ ነገር ሓቂ’ዶ ይኸውን?** ኢሎም ብምሕታትን መጻሕፍቲ ብምምርማርን ናይ ሓዋርያ ቅዱስ ጳውሎስ ዘረባኡን ቃሉን ብምሉእ ፍቓዶም ዝተቐበልዎ፣ ሰብ ቤርያ ካብ ሰብ ተሰሎንቄ ንላዕሊ ለባማት ከም ዝተባህሉን ከም ዝተመስገኑን፣ ንስኻትኩም ድማ እዚ ነገር ሓቂ’ዶ ይኸውን? ኢልኩም ብምሕታትን መጻሕፍቲ ብምምርማርን ምስ ሓቂ ደው ክትብሉ ብፍቕሪ እግዚኣብሔር እልምነኩም ኣሎኹ [ግብ፣ሓዋ 17፡10-11]። ኣብ መወዳእታ፣- ንዓይ በዚ ርእሰ ጉዳይ ክጽሕፍ ኣለዓዒሉ ዘጀመረንን

ዘወድኣንን ልዑል እግዚኣብሔር፣ ንስኻትኩም ድማ ነቢብኩም ነቲ ሓሳብ ብምንዝ ንጥቕሚ ቤተ ክርስቲያናን ንኽብሪ እግዚኣብሔርን ታላፍነትኩምን ግቡእኩምን ኪትገብሩ ኪረድኣኩም ናይ ወትሩ ጸሎተይ ኢዩ። **ተፈጸመ!**

ስብሐት ለእግዚአብሔር!

ናይዚ መጽሓፍ ሓደ ዕላማ ቤተ ክርስቲያን ዘለዋ ሓቀኛ ትምህርቲ መጽሓፍ ቅዱስ፣ አብ ቅዳሴኣን መጻሕፍታን ዝበረሀ ናይ ክርስቶስ ምትዕራቕ [ናይ ሊቀ ክህንነቱ] አገልግሎት፣ ድኅሪ ጊዜ ብዝተፈጥሩ ጉጅለታት ትምህርቲ ቤተ ክርስቲያን ብዘይ ፈለጡ “ሊቃውንቲ” ስለ ተዘንገዐ፣ ናብ ናይ ቀደም ትምህርታ ኪትምለስ ንምትሕሰሳብ፣ ከምኡውን አቦታትና ካብ ሓዋርያት ዝተቐበልዎ ቃል እግዚኣብሔርን ትምህርቲ ቤተ ክርስቲያንን እሙናት ብምኻን ንኣና ከም ዘመሓላለፉልና፣ ንሕና ድማ ንቃል እግዚኣብሔር ፍጹማን እሙናትን ብምኻን ካብ አቦታትና ሓደራ ዝተቐበልናዮ ቃል እግዚኣብሔርን [መጽሓፍ ቅዱስ] ትምህርታን ሰባት ዝድኅኑላ ርትዕቲ [ኦርቶዶክስ] ሃይማኖት ንዝመጽእ ወለዶ እሙናት ብምኻን ናይ ምትሓልላፍ ዓቢዩ ሓደራ ብግቡእ ኪንዋጸእ ከም ዘለና ንምዝኽኻር ኢዩ።

